# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 27 ዓመት ቁ.186 ሓሙስ 5 ሚያዝያ 2018 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ንእንስሳታት ዝመስሉ ሮቦታት?



ገጽ 4
መግቢ ዓሳን ኣተዓቓቕባኡን



ገጽ 6
ሓሙስ ጽግቦ

ገጽ 7
ኣህጉራዊ መዓልቲ ኦቲዝም



ገጽ 9
ሮናልዶ . . .



# ጸገም ማይ ከተማ ኣስመራ መሰረታዊ ፍታሕ ክረክብ'ዩ

ጸገም ዝሰተ ማይ ከተማ ኣስመራ መሰረታዊ ፍታሕ ክረክቡ፡ ምምሕዳር ዞባ ማእከልን ካልኦት ዝምልከቶም ሃገራውያን ኣካላትን ዘካይድዎ ዘለዉ - ኣብ መድረኻት ዝተኸፋፈለ ዕማም፡ ብጽቡቕ ይግስግስ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

እቲ ብልዑል ሱታፌ ህዝቢ ዝሰላሰል ዘሎ መደብ፡ ምስራሕን ምውዳድን መዋህለሊ ማይ ኢጋንእ ኣብ በረኽቲ ቦታታት፡ ምኹዓት ካናሌታት፡ ምዝርጋሕ ሻምብቆታት፡ ምህናጽ መከፋፈሊ ቦታታት፡ ከምኡ'ውን ምውዳድ መዐደሊ ነቑጣታት ኣብ ገለ ቦታታት ከም ዘጠቓልል፡ ኣብ ክፍሊ ማይ ዞባ ማእከል ሓላፊ ጨንፈር ጽሩይ ማይ ኢንጂነር ኪዳነ ክፍለማርያም ገሊጹ።

ዛጊት ኣብ ጨርሒ፡ ኣርባዕተ-ኣስመራ፡ ሓዝሓዝ፡ እንዳቖርቖስ፡ ቀሓውታ፡ ፎርቶን ዓዲ-ቀን ነፍሲ-ወከፉ ክሳብ ኣስታት 6,800 በርሚል ዝሕዝ 21 ዓበይቲ ኢጋንእ ከምእተሃንጸ ዝሓበረ ኢንጂነር ኪዳነ፡ መስርሕ ምዝርጋሕ ዓበይቲ ሻምብቆታትን መከፋፈሊ ማእከላትን እውን ገለ ክዛዘም እንከሎ፡ ገለ ድማ ኣብ መስርሕ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ንምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት ኣባሻውልን ኣርባዕተ-ኣስመራን ዘገልግል መስመራት ከም እተፈተነ፡ ዕዉት ውጽኢት ከምዝሃበን ጠቒሱ ድማ፡ ኣብ ዝቐጽል ክልተ ኣዋርሕ ምሉእ ብምሉእ ንምዝዛም ብውህደት ይስራሕ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ፕሮጀክት ስርሓት ኢጋንእ ኣቶ ሰመረ ታረቀ፡ ኣብ'ቲ ስራሕ ዝኾተፉ ዘለዉ መንእሰያት ዘርእይዎ ዘለዉ ተወፋይነትን ብህዝቢ ንዝዋፅኦ ገንዘብ ምትብባዕን ብምምጓሱ፡ "ናይ ምግባር ዓቕሚ መንእሰያትና ዘረጋገጸ - ኣድማዒ ስራሕ" ክብል ገሊጽዎ።

ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት፡ እቲ ዛጊት ተሰላሲሉ ዘሎ ዕማም፡ ኣብ ቀረብ ማይ ዝጸንሐ ጸገማት መሰረታዊ ፍታሕ ዝረኽበሉ እዋን ርሑቕ ከምዘይኮነ ዘጽርር ምኳኑ ብምሕባር፡ ህዝቢ ነቲ ፕሮጀክትታት ብውሕሉል ኣገባብ ክጥቀመሉ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ'ቲ ስራሕ ዝኾተፉ ዘለዉ ሞያውያን መንእሰያት ብወገኖም፡ እቲ



ስ/ የውሃንስ መብራህቱ

ፕሮጀክትታት ኣብ'ቲ ዝተመደቦ ናይ ግዜ ገደብ ንክዛዘም'ሞ ህዝቢ ክርህዎ፡ ብትግሃት ይሰርሑ ከምዘለዉ ገሊጾም።

# ሆስፒታል ሓዝሓዝ ዝጸንሖ ሕጽረታት ተማሊኡሉ

ሆስፒታል ሓዝሓዝ ዝነበሮ ሕጽረታት ናውቲ ሕክምናን ከኢላታትን ተማሊኡሉ - ዝምስጉን ኣገልግሎት ይህብ ከምዘሎ፡ ሜዲካል ዳይሬክተር ናይቲ ሆስፒታል ዶክተር ንጉስ ጉብረመስቀል ሓቢሩ።

እቲ ሆስፒታል ሕጽረታት ስለዝነበሮ፡ ተገልገልቲ ናብ ሆስፒታላት ሓሊቦትን ኦሮታን ክኸዱ ይግደዱ ምንባሮም፡ እዚ ድማ ኣብ'ተን ሆስፒታላት ጻዕቂ ስራሕ ክፈጥር ምጽንሑ ዝጠቐሰ ዶክተር ንጉሱ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ዘበናዊ መሳርሒታት ላቦራቶሪ፡ ነጻርታ ሕማም ቲቢ፡ ኡልትራ-ሳውንድን ኤክስ-ረይን፡ ከምኡ'ውን ብቑዓት ሰብሞያ ስለ ዝተመደቡሉ እቲ ጸገም ከምእተፈትሐ ኣረዲኡ።

እቲ ሓደስቲ መሳርሒታት፡ ንሕማማት ልቢ፡ ኩሊት፡ ጸላም ከብድን ሳንቡእን፡ ከምኡ'ውን ብመርመራ ደም ክፍለጥ ዝኽእል ሕማማት ዘጽር ብምዃኑ፡ ተገልገልቲ ብቐረባ ጠለባቶም ክማልኣሎም ክኢሉ ከምዘሎ ድማ ገሊጹ።

ኣብ ምክትታል ሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን ዝጠጥፍ መንእሰይ ሳሚኤል የማነ፡ ኣብ'ቲ ሆስፒታል ዕለታዊ ንዝመላለሱ ሕሙማት ሽኮርን ጸቕጢ ደምን ሞያዊ ምኽርን መድሃኒትን ከምዝወሃቡ፡ ምስ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ ብምርድዳእ እውን ጥዕና ኣዒንቶም ብናጻ ክምርመሩ ከም እተፈቕደሎም ሓቢሩ።

ብ113 ሰብሞያን ናይ ምምሕዳር ሰራሕተኛታትን ዕለታዊ ንጥፈታቱ ዘሰላስል ሆስፒታል ሓዝሓዝ፡ 24 ሰዓታት ውሑስ ቀረብ ማይን ኤሌክትሪክን ከምዝረክብ ተፈሊጡ።



ስ/ የውሃንስ መብራህቱ

# ጊንዳዕ - ንድሕነት ሕሩም ሕዛእቲ ክሰራሕ ተሓቲቱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ዝስላሰል ዘሎ ልምዓታዊ መደባት ንምዕዋት ብሓፈሻ፡ ሕሩም ሕዛእቲ ንምህብታም ድማ ብፍላይ፡ ወህደት ህዝብን ኣካላት ሓለዋን ክሕይል፡ ኣማሓዳሪ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዑመር ያሕያ ሓጅ ጸዊዑ።

ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ምስ ዝሳተፉ ኣካላት መማኸርቲ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣቶ ዑመር፡ ማይን ሓመድን ንምዕቃብ ብኮም ደረጃ ዝካየድ ዘሎ ምስራሕን ምጽጋንን ዛላታትን ከትራታትን ኣብ ምርጋእ ኣኽባቢ ጽቡቕ ውጽኢት ይህብ ከምዘሎ ጠቒሱ፡ ወህደት ዓቕሚታት ንወጽኢታውነት ስራሕ መሰረታዊ ብምዃኑ ልዑል ኣቓልቦ ክወሃቦ ኣዘኻኺሩ።

ካብ ከብሳ ዝወርድ ውሓይዝ ብዮንእ ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕል፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ዓምምትን ጀረፋትን ብምሽሻሪ ንምጽጋን መደብ ከምዘሎ ጠቒሱ ድማ፡ ዚ ተግባራዊ ንምግባር ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ምርድዳእ ይካየድ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከበቢ ንመጋሾጫ ጥሪት ዝኸውን ቦታ ክፍቀድ ተላበዩም።

# ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ ምክልኻል ባልዓት ዘተኰረ ስልጠና ሂቡ



ስ/ ፈልሞን ትኳቦ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ካብ ዞባታት ደቡብ፡ ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ንዝመጹ 35 ክኢላታት ምክልኻል ብቑሊ፡ ኣብ ወሁድ ንጥፈታት ምክልኻል ባልዕ ብሉፈሻ፡ ኣብ ሳጋሚ ባርናስ ቀውዒ ድማ ብፍላይ ዘዘኩረ ስልጠና - ኣብ ከተማ መንደፈራ ሂቡ።

ኣብቲ ካብ 27 ክሳብ 31 መጋቢት ዝተዋህበ ስልጠና፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓላፊ ኣሃዱ ምክልኻል ሳንምቲ ባልዓት ኣቶ ቴድሮስ ሰዩም፡ ሳጋሚ ባርናስ ቀውዒ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት፡ ኣብ 40 ሃገራት ኣፍሪቃ - እንተላይ ኣብ ጐረባብትና፡ ኣብ ሕርሻታት ከቢድ ሃሲያ ከምዘውረደ ብምሕባር፡ እቲ ስልጠና፡ ባህርያትን ኣገባብ ምክልኻልን ናይ'ቲ ባልዕ ብምልላይ፡ ወሁድ ስጉምትታት ንኽወስዱ ዝዓለመ ምዃኑ ኣፓዝበ።

መበቆሉ ኣብ ሰሜንን ደቡብን ኣመሪካ ዝኾነ ሳጋሚ ባርናስ ቀውዒ፡ ኣብ እዋኑ ምቁጽጻር እንተዘይተገይሩሉ ኣብ ኣዝርእቲ ዓቢ ጉድኣት ከምዘውርድ ዝገለጸ ኣቶ ቴድሮስ፡ ዚ ብምግንዛብ ንክኢላታትን ሓረስቶትን ዝሕግዝ ኣስተምህሮታት ደወሉብ ከምዝሎ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ትምህርቲ ንኣቃውማን ምልክታትን ናይ'ቲ ባርናስ፡ ዝያዳ ዘጥቅዖም ዓይነታት ኣዝርእቲ፡ ከምኡ'ውን ኣማዕበልዎ ዘሎ ንጸረ-ባልዕ መድሃኒት ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ብዝምልከት ሰፊሕ መብርሂ ተዋሂቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ኤፍሬም ጉብረክርስቶስ፡ እቲ ስልጠና ኣገዳሲ ኣጋዳሽን እዋናውን ምዃኑ ብምሕባር፡ ድሮ እውን ምምሕዳራት ምስ ክኢላታት ሕርሻን ሓረስቶትን ብምውህሃድ፡ ጥቡቕ ምክትታልን ከለላታትን የካይዱ ከምዘለዉ ገሊጾም።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ሰሙናት፡ ካብ ዞባታት ዓንሰባ፡ ማእከልን ጋሽ-ባርካን ዝተዋጽኡ ክኢላታት ሕርሻ፡ ከምኡ'ውን ሓረስቶት ዞባ ዓንሰባ ዝተሳተፍዎ ተመሳሳሊ ስልጠና - ኣብ ከተማ ከረን ከምእተዋህበ ይዝከር።

# ልዕሊ 300 መንእሰያት ብዝተፈላለየ ሞያ ሰልጢኖም



ስ/ የዕበዮ ባህታ

ኣብ ንኡሳን ዞባታት መደፈራን ዓዲ ቐይሕን ብዝተፈላለዩ ሞያታት ከም ዝሰልጠኑ ወኪላት ኤሪና ሓቢሮም።

ብመሰረት'ቲ ሓበሬታ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ 263 ተመሃሮ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ቐይሕ ድማ 47 መንእሰያት፡ ብኮምፕዩተር፡ ኤዲቲንግ ስኣሊ፡ ጽገና ሞባይል፡ ብዘይካ'ዚ ኣብ ... ስልጠናን ወሲዶም ተመረቑ።

ኣብ መንደፈራ ኣብ ዝተገብረ ስነ-ስርዓት ምምራቕ፡ ሓላፊ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ዞባ ደቡብ መንእሰይ ግርማይ ንብሩ፡ እቲ ስልጠና ኣካል ናይቲ ዓቕሚታት መንእሰያት ንምህናጽን ንቕሓቶም ንምብራኽን ብሰፊሑ ዝስራሓሉ ዘሎ መደባት ምዃኑ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህስቅያስ ወልዱ ድማ፡ ሰልጠንቲ ዝወሰድዎ ትምህርቲ ከም መጠቀሚ ወሲዶም፡ ብስራሕ ከማዕብልዎን ህይወቶም ኣብ ምምሕያሽ ብግቡእ ክጥቀሙሉን ተላቢዮም።

ኣብ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ስነ-ስርዓት ድማ፡ ሓላፊ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ መንእሰይ ዑስማን ዓብዱልቃድር፡ ማሕበር ንዓቕሚታት መንእሰያት ብሞያን ፍልጠትን ምድራዕ ልዑል ቈላሕታ ሂቡ ዝሰርሓሉ ዘሎ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ኣብ ዝሰዓበ ኣዋርሕ እውን ንብርክት ዝበሉ መንእሰያት ሞያዊ ስልጠናታት ከዋሃብ ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ፡ ሰልጠንቲ ብዝተማህርዎ ሞያታት ንኽነጥፉ ዝሕግዞም ንብረትን ገንዘብን ብመልክዕ ልቓሕ ተዋሂብዎም።

***


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

## ዋና ኣሰናዳኢ

ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

## ቦርድ ምስንዳእ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ኤርምያስ ገብረልዑል

ሺሃብ ኣርኣያ

ቍ.ስ 201820 (2214)

ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

## ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ. 200454-07121322

ምልክታ

ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

## ለይ-ኣውት

ኤደን ሃብተኣብ

ሳራ ኣለም

ሰማያዊት ሓይለኣብ

ምስጋና ተዓገስ

ሰገን ሰረቐ

ኣስቴር ካሕሳይ

ሳምራዊት መለስ


## ኣገደስቲ ቴሌፎናት

ሆስፒታል ሓሊቡ

18 54 00

ሆስፒታል ኦሮታ

20 19 17

ፖሊስ ኤርትራ

12 77 99

ኮርፖረሽን ኤለትሪክ

ሰቲ

12 22 22

ፋርማችያ ቁ. 1

127565

መጥፋእቲ ሓዊ


202099

ማሕበር ቀይሕ መስቀል

154633

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ዶክመንታሪ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:40 | ሄራር |
| 14:20 | ዕላል ጥበባት |
| 14:55 | ሙ/ድራማ |
| 16:25 | doc/film |
| 17:25 | ናትራን |
| 19:30 | መደብ ህጻናት ፈዮሪና |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:10 | ተኸታታሊ ፊልም ንጥብ ዝኸሪ ዘመን መበል 16 ክፋል |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ምኽሪ ሞያውያን ብቐጥታ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ሙ/ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |



# ሳይንስን ቴክኖሎጂን

ሃይለ ዳኒኤል

## ንእንስሳታት ዝመስሉ ሮቦታት?

ኣብ ጀርመን ዝመደበሩ 'ፈስቶ' ዝስሙ ናይ ቴክኖሎጂ ትካል፡ ንኣራት ትመስል ሮቦት እትርከቦም ብዙሓት ንኻልኦት እንስሳታት ዝመስሉ ሮቦታት ከም ዝሰርሐ ሓቢሩ።

እታ 'ባዮኒክ ዊልብት' ዝበል ስም ተዋሂብዋ ዘሎ ሮቦት፡ ብባህርይ እቲ ኣብ ምድረብዳ ሞሮኮ ዝርከብ ብ 'ፍሊክፍላክ' ዝፍለጥ ዓሌት ሳሬት እያ ተዳልያ ዘሎ። እታ ሳሬት ዝያዳ እትፍለጠሉ፡ እቲ ካብ ጸላእታ ንምህዳም ወይ ንምጥቃዕ እትጥቀመሉ ፍሉይ ናይ ምንክባል ክእለታ እዩ። እታ ሮቦት ከኣ ልክዕ ከም ናይ ሳሬት ፍሊክፍላክ ተጨቢጣ ክተንክባልል ትኽእል።


ባዮኒክ ዊልብት እናኣንከባለለት ክትከይድ እንተኾይናን ሽዱሽተ ካብ ኣእጋራ ከም ዝጭባበጡ ትገብር። ብድሕሪዚ ክልተ ኣእጋር ብኸልቲኡ ጎድንታት ይወጽኡ እሞ ኣብ ግዜ ምንክባል ኣንፈታ ንምሕላው ኣብ ኩርኻሕ መንገዲ ድማ ንቕድሚት ብዘይ ጸገም ንኽተንክባልልን ይሕግዙ።

ትካል ፈስቶ ከም ዝሕብሮ፡ እታ ሮቦት ኣብ እትንክባለሉ እዋን ፍጥነታ ብዕጽፊ ከም ዝወሰኽ እዩ። ቡቶም ክልተ ዘይተዓጽፉ ኣእጋር ተሓጊዛ ድማ ክሳብ ናይ ሓምሽተ ሚእታዊት ትሪ ዘለዎ ዓቐብ ብዘይ ጸገም ክትድይብ ትኽእል። ዛ ሮቦት ንምንቅስቓስ ዘኽእሉ ኣብ መላግቦ ኣብራኽን ኣብ ውሽጢ ኑቦኑ፡ 15 ሞቶረታት ኣብ ውሽጢ ተገጢሞሙላ ኣለው።

ሳሬት ፍሊክፍላክ ብኮዮንሳዊ ኣጸዋውዓ ድማ 'ሰረቡስ ረቾንበርጊ' ኣብ 2015 ኣብ ሞሮኮ ዝርከብ 'ኤርግ ቸቢ' ተባሂሉ ዝፍለጥ ምድረብዳ እያ ተረኺባ።

እቲ ኩባንያ ኣብ መሸከል እተፈላለዩ እንስሳታት ዘማዕበሎም ዘሎ ጭፍራ ሮቦታት እዞም ዝሰዕቡ እየም፣ ጸምቡላሊዕ፡ መለግሎጋይ ዓሳ ወይ ጀሊ-ፊሽ፡ 'ፐንጉን-ካንጋሩ'፡ መራሕማይ ወይ ድራጎን-ፍላይን ካልኦትን ይርከብዎም።

እቲ ትካል ኣብዚ ሰሙንዚ ብዘይካ ባዮኒክ ዊልብት ካልእ ባዮኒክ ፍላዩንግ-ፎክስ ዝሰመያ ንመንኮዕ ፍሩታ (fruit bat) እትመስል ሮቦት ኢዩ። እታ ሮቦት ዘለዋ ውርዲ ክንፊ (ካብ ጫፍ ንጫፍ) 228 ሰንቲሜትር ይበጽሕ። ንውሓታ ከኣ 87 ሰንቲሜትር ምኻኑን ዘለዋ ክብደት ድማ ካብ 600 ግራም ከም ዘይሓልፍ እዩ እቲ ትካል ዝሕብር።






እቲ ዘለዋ ኣገዳሲ ፈኩሰን ዝተራቐቐን ንድፊ ተሓጊዛ ኣብ ኣየር ከም ድልየታ ልክዕ ከም ዝበሩ እንስሳታት ንኽተንሳፍፍ ይሕግዛ ማለት እዩ። እቲ ንምብራር ክጠቕማ ተባሂሉ እተገጥመላ ሽፋን ኣገዳሲ ረቒቕን ፈኩስን እዩ። ከም ድሌቱ ክምጠጥን ክዋዘርን ስለ ዝኽእል ድማ ዋላ እቲ ኣኽናፍ ይተዓጸፍ ናይ ምጭዳድ ይኹን ምዕጻፍ ምልክታት ኣየርኢይን።

ባዮኒክ ፍላዩንግ-ፎክስ፡ ኣብ ግዜ በረራ ብዘይካ እቲ ካብቲ ዝቈጻጸራ ዘሎ ሰብ ዝመጽኣ መልእኽቲ ቡቲ ዘለዋ ሓውሲ-ኦቶኖምያዊ ዝኾነ ኣሰራርሓ ክትዝወር ትኽእል እያ። እዚ ማለት ድማ ኣብ ቅድሚኣ ዝኾነ ንሓደጋ ዝዕድም ወይ ዝጋርዳ ነገር ምስ ዝህሉ ባዕላ ኣንፈታ ትቕይር። እቲ ትካል ከም ዝገልጾ ዝጠዘሐ ክፋል ናይቲ ኣብ ግዜ በረራ ዝህሉ ቁጽጽር ባዕላ እታ ሮቦት ከም እተካይዶ እዩ።

ኣብ መወዳእታ ትካል ፈስቶ፡ ኣብ መጻኢ ነዚ ጀሚርዎ ዘሎ ምምዕባል ዝተራቐቑ ሮቦታት ብዝተዓጻጸፈ ሓይሊ ክጽዕረሉ ምዃኑ ገሊጹ።

ምንጪ፡ dailymail.com

## ማይክሮሶፍት ንውድድር ምስራሕ ኳንተም ኮምፕዩተር ተጸንቢርዎ

ኣብ ከተማ ኮፐንሃገን ዝርከብ ቤት-ምኮራ ዝርከቡ ተመራመርቲ ንዓለምናን ንምዕባለ ወዲ ሰብን ናብ ካልእ ምዕራፍ ከሰጋግር ዝኽእል ኣብ ቅማረ ብርቂ ርኽበት ከመዝግቡ ከም ዝቐረቡ ሓቢሮም።

እቶም ካብ 'ኒልስ ቦህር ኢንስቲቱት' ኣካዳሚክስ'ን ማይክሮሶፍትን ዝተዋጸኡ ጉጅለ፡ እቲ ኑቲ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ንምምዕባሉ ዘይከኣል መሲሉ ዝጸንሐ ምስራሕ ኳንተም ኮምፕዩተር መፍትሒ ከም ዝረኸቡ እየም ዝገልጹ ዘለው። ርኽበታቶም ኣብ ፈተነ ውዓሉ ከም ዝሰርሕ ሮጀኛታት እንተኾይኖም ከኣ እቲ ርኽበት ንኩባንያ ማይክሮሶፍት ኣብ ቅድሚት ንኽሰርዕ ከኽእሎ እዩ።

እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ኣብዚ ሕጂ እዋን ከም ጉግል፡ ኣይቢኤምን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ኩባንያታት ኣብ ምምዕባል ኳንተም ኮምፕዩተራት ንቕድሚት ሰጉመን ብምህላወን እዩ። እዚ ማለት ድማ ኩባንያ ማይክሮሶፍት ባዕሉ ዘማዕበሎ ኳንተም ኮምፕዩተር ክሰርሕ ምስ ዝኽእል ኑቲ ብውሑዳት ኩባንያታት ጥራይ ተዓቢሉ ዝጸንሐ ውድድር ክጸምበሮ እዩ። በዚ ከይተኑ ኣይተርፍን፡ እቲ ኩባንያ ብዘይካ ምስቲ ኣብ ኮፐንሃገን ዘሎ ቤት-ምኮራ ምስ ካልኦት ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ኣውስትራልያን ሆላንድን ዝመደበሩ ጉጅለ ተመራመርቲ ተሓቢሩ ዝሰርሕ ዘሎ።

ኩባንያ ማይክሮሶፍት ካብቶም መቓናቕንቱ ዝኾኑ ኩባንያታት ፍሉይ ዝብሎ፡ እቲ ዝጥቀመሉ ዘሎ ሜላ ኣብ ምፍጣር 'ኩቢትስ' ብትሕተ-ኣቶማውያን ንጣራት እዩ። ትሕተ-ኣቶማውያን ንጣራት ብኢጣልያዊ ተመራማሪ ኤቶረ ማጆራና ኣብ 1930ታት ዝተረኽበ እዩ።

እዚ ነታ እትሰርሕ ኳንተም ኮምፕዩተር ካብ ናይቶም ብመቓናቕንቱ ማዕበለን ወይ ኣብ ምምዕባል ዝርከብ ኳንተም ኮምፕዩተራት ዘሎ ርጉእነት ናይ ኩቢትስ ንላዕሊ ርጉእ ኩቢትስ ንክህልዎ ከኽእሎ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ካልኦት ኩባንያታት ዝኽተልኡ ዘለዋ ሜላ ዘየተኣማምንን ብቐሊሉ ጌጋታት ዝፍጽመሉን ስለ ዝኾነ እዩ። እቲ ናይ ማይክሮሶፍት ሜላ ምሉእ ብምሉእ ዕውት ምስ ዝኸውን ኣዚያ ብልጽቲ ኳንተም ኮምፕዩተር ክትከውን ምኻና እዩም ኣማዕበልታ ዝገልጹ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ቴክኖሎጂ ዝሰጥፉ ብዙሓት ዓበይቲ ኩባንያታት ኑቲ ብሱፐር ኮምፕዩተራት ክቕመር ወይ ልዕሊ ዓቕመን ዝኾኑ ስራሓት ንምቅላል ናብ ምምዕባል ኳንተም ኮምፕዩተራት ተጸሚደን ምህላወን እዩ ዝግለጽ። እዚ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር ምሉእ ብምሉእ ውዱእ ገይሩ ዘቕረበት ኩባንያ ድማ ኣብ ዓለም ንዘለዋ ጽልዋ ብዝዓጸፈ ክሰፍሕ ምዃኑ ዘሞጉቶ እዩ። እታ እትሰርሕ ኳንተም ኮምፕዩተር፡ ንተመራመርቲ ከሊማ ኣብ ምፍታሕ ግድላት ዓለማዊ ዋዒ፡ ንሊቃውንቲ ሰነ-ፍልጠት ከኣ ኣብ ምምዕባል ሓደስቲ ልዕለ-ኣተሓላለፍቲ ወይ ሱፐርኮንዳክተርስ ነገራትን ንምስጠራት ህዋ ድማ ንምፍላጥ . . . ወዘተረፈ ክትሕግዝ ምዃና እዩ እቲ ተስፋ።

ምንጪ፡ scitechdaily.com

## ኣዝያ ደቃቕ ርእሲ ኸበሮ?

ኣብ ከይዝ ዌስተርን ሪዘርቭ ዩኒቨርሲቲ ዝመደበሮም ተመራመርቲ፡ ኣዝያ ረቓቕ ርእሲ ኸበሮ የማዕበሉ ከም ዘለዉ ሓቢሮም። ንሳቶም ከም ዝገለጽዎ፡ እታ ርእሲ ኸበሮ እትሰዶን እትቕበሎን ሓበሬታታት ብመንገዲ ራድዮ ፍሪኳንሲ ኮይኑ እቲ ዓቕሙ ድማ ካብ ንሕና ደቂ-ሰባት ክንሰምዖ እንኽእል ንላዕሊ ምኻኑ እዩ።

እታ ርእሲ ኸበሮ ዓቐና፡ ትሕቲ ዓሰርተ ናይ ትሪልዮን (1012) ግዜ ዝንእስ ኩይኑ ካብ ከበሮ እዝኒ ሰብ ድማ ብልዕሊ 100 ሽሕ ግዜ ከም እትረቅቕ ተፈሊጡ ኣሎ።


እዚ ምዕባለታት ዝያዳ ኑቲ ኣብ ምምዕባል ብኣዝዩ ትሑት ጸዓት ክሰርሑ ዝኽእሉ ናይ መራኸቢታትን ሃወስቲን መሳርሒታት ኣብ ዝቐጽል ግዜ ኣዝዮም ዝተራቐቑን ብዓቕን ድማ ዝኣሰሩን ገይርካ ንምስራሕ ዝዓለመ እዩ።


እዛ ኣብ ምምዕባል ዘላ ርእሲ ኸበሮ፡ ክሳብ ~110dB ኣብ ራድዮ ፍሪኳንሲ ድማ ክሳብ 120MHz ዝበጽሕ ምንብድባድ ዘለዎ ድምጺታት ክትሰምዕ ትኽእል።

ወዲ-ሰብ ክሰምዖ ዝኽእል ድምጺ ብደሲብል ምስ ዝዕቀን ካብ 60 ክሳብ 100 ደሲብል ወይ ካብ 10Hz ክሳብ 10kHz ዘሎ ድምጺታት ክሰምዕ ይኽእል። ካብዚ ንላዕሊ ምስ ዝኸውን ግን ናይ ምስማዕ ሓይሉ እናደኸመ ወይ ኑቶም ድምጺታት ከሎዮም ወይ ክሰምዖ ኣይክእልን ማለት እዩ። እንተኾነ ኣብ ከም በዓል ድሙን ከልባን እተባህሉ ዓሳትን እንስሳታትን ዝያዳ ሰብ ንኣዝዩ ልዑል ምንብድባድ ዘለዎም ድምጺታት ክሰምዑ ይኽእሉ። እዛ መሳርሒት ድማ ነቲ ሰብ ክሰምዕዎ ዘይክእሉ ድምጺታት ኣኪባ ናብ እዝንና ከተብጽሕ ክትክእል እያ ማለት እዩ።

እዛ ርእሲ ኸበሮ እትወስዶ መጠን ጸዓት ካብ ሓደ ፒኮዋት (pW, 10^-12 Watt) ክሳብ ሓደ ናኖ-ዋት (nW, 10^-9 Watt) ከም ዝበጽሕ እቶም ዘማዕበልዋ ዘለዉ ተመራመርቲ ይገልጹ።

ምንጪ፡ scitechdaily.com






## ሓጸርቲ ዜናታት ሳይ-ቴክ . . .

# ተመራመርቲ ስቅሪት ሓደሽ ዝበልዎ ስእሊ ናይ ርእሲ ፈርዖን ተወቒሩ ከም ዝረኸቡ ሓቢሮም። እቶም ተመራመርቲ እቲ ኣብ ጸፊሕ እምኒ እተወቕረ ርእሲ እታ ሓንቲ ካብ ውሑዳት ደቂ-ኣንስትዮ ፈርዖናት ናይ ዝኾነት ሃትሸፕሱት ምኻኑ እውን ገሊጾም ኣለው።

# ኣብ ከባቢታት ማእከላይ ባሕሪ ዝቕመጡ ሰባት ዝውቱር ኣመጋግባ ነዊሕ ዕድመ ኣብ ምንባር ተራ ከም ዘለዎ ተመራመርቲ ገሊጾም ኣለው። ንዝርዝራቱ ዝመጽእ ሰሙን ኣብዚ ዓምዲ ተጸበዩ።

# ኣዝዮን ልዑል ዝኾነ ምዕባለ ዘርኢያ ከተማታት ዓለምና 40 እየን ተባሂሉ። እቲ ብUN ዝተኣከበ ዳታ ከም ዝሕብሮ ኣፍሪቃውያን ከተማታት እቲ ዝለዓለ ዕብየት ዘመዝግባ ዘለዋ ኩይነን ከተማታት ቻይና እውን ዓመታዊ ናይ ሽዱሽተ ሚእታዊት መጠነ ዕብየት የመዝግባ ከም ዘለዋ እዩ ዝግለጽ።

# ጸጋታት ባሕሪ







ዓወት ጀማል

# መግቢ ዓሳን ኣተዓቓቕባኡን

ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ መግቢ ዓሳን መኣዛታቱን ዘሎ ኣፍልጦ ዓብዩ - ብዞዕባ ኣብርክቶኡ ኣብ ደቂ-ሰባት - ብዙሓት ርክባታትን ምዕባለታትን እኳ እንተተመዝገበ፣ ዝበዝሐ ህዝቢ ዓለም ብሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ይሳቐ ከምዘሎ'ን ከም ሳዕቤኑ ንዝኸሰቱ ሕማማት ተቓሊዑ ከምዝርከበን ተመራመርቲ ዝሰማምዕሉ ዘለዉ ሓቂ እዩ። ሕጽረት መኣዛ ንኹሉ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ዝጸሉ ደኣ ይኹን እምበር፡ ቀንዲ ተጠቃዕቲ ናይ'ዚ፡ ህጻናት፡ ነብሰ-ጾራት ኣዴታትን ኣረጋውያንን እዮም።

ሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ክበሃል እንከሎ፡ ዋሕዲ ናይ እኹልያ መግቢ ገይሮም ዝወሰድዎ ውሑዳት ኣይኮኑን። እቲ ቅኑዕ ኣገላልጻ ሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ግን፡ ዋሕዲ እኹልያ መግቢ ዘይኮነ፣ ዋሕዲ ዝተመጣጠነ መኣዛታት ኣብ'ቲ እኹልያ መግቢ ማለት ኢዩ። ዝተመጣጠነ መኣዛታት ኣብ መግቢ ክንብል እንከለና'ኸ፡ እንታይ ማለት ኢዩ? ሓደ ሰብ ንህይወት ኣገደስቲ ዝኾኑ ሽዱሽተ መሰረታውያን መኣዛታት ምስ ዝረኽብ፡ ጥዕናኡ ዝተሓለወ ይኸውን። እዞም ሽዱሽተ መኣዛታት ዝበሃሉ ድማ፡ ካርቦሃይድረይት፡ ስብሒ፡ ፕሮቲን፡ ማዕድን፡ ቪታሚንን ማይን ኮይኖም፡ ኣብ ኣካላትና ኣፍቶም ኣብርክቶ ኣለዎም። ስለ'ዚ መዓልታዊ እንወስዶ መግቢ ነዞም ሽዱሽተ መሰረታውያን መኣዛታት ዘጠቓልል ምስ ዝኸውን ዝተመጣጠነ መግቢ ወሲድና ክንብል ንኽእል እሞ፡ ውሑስን ምሉእ ጥዕናን ድማ ንውንን።

ዓሳ እምበኣር፡ ሓደ ዓይነት መግቢ ኮይኑ ምንጪ ዝተፈላለዩ መኣዛታት - ከም ፕሮቲን፡ ስብሒ፡ ማዕድንን ቫይታሚንን ስለዘጠቓልል፡ ዝተመጣጠነ መግቢ እዩ ክበሃል ይከኣል። ብሰንኪ ሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ኣብ ዝሳቐዩ ህጻናትን ነብሰ-ጾራትን ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ከምዝሕብሮ፡ መብዛሕትኦም ግዳያት ብዋሕዲ ናይ ሓደ ካብ ቀንዲ መኣዛዊ መግቢ ዝኾነ ፕሮቲን ይሳቐዩ ምህላዎም ኢዩ። ዋላ'ኳ ፕሮቲን ካብ ጸቢ፡ ስጋ፡ እንቋቝሖን ስጋ ደርሆን ብልዑል ዓቐን ክርከብ ዝከኣል እንተኾነ፣ ብዋጋ ክቡራት ብምዃኖም ኩሉ ሕብረተሰብ ብቐሊሉ ኣይጥቀመሉምን እዩ። ዝበዝሐ ክፋል ዓለምና (3/4) ብማይ ዝተሸፈነ ብምዃኑ፡ ከም ዓሳታት ዝኣመሰሉ ዝበዝሐ ህይወታውያን ዝነብርሉ እዩ፡ ከምኡ ስለዝኾነ ድማ፡ ዓሳ ብቐሊሉ ክንረኽቦ እንኽእል፣ ዝለዓለ መጠን ፕሮቲን (20-25%) ስለዘለዎን ብተዛማዲ ብዋጋ ዝሓሰረ ብምዃኑን፡ ተመራጺ መግቢ ከምዝኾነ ብዙሓት ተመራመርቲ መግቢ ዓለም ይሰማምዕሉ።

ዓሳ ምንጪ ፕሮቲን፡ ስብሒ፡ ቫይታሚንን ማዕድንን ኢዩ። መጠንን ዓይነትን ፕሮቲን ዓሳ ዝበለጸ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ብማዕድናት ሓጺን ኣዮዲንን ብመንጽር ካልኦት ዓይነታት መግቢ ዝሓብተመ ምዃኑ ይፍለጥ። ብሓፈሻ ንኣሽቱ ዓሳ ምስ ዓጽሞም ምስ እንምገቦም ድሓን ዝኾነ መጠን ትሕዝቶ ካልስዩምን ፎስፎሮስን ክንረክብ ንኽእል፡ ስለ'ዚ ዓሳ ምስ'ዚ ኩሉ መኣዛዊ ብልጫታቱ ዝበለጸ መግቢ ከምዝኾነ ክንርድኦ ንኽእል። ኣብዚ ቀረባ ግዜ ዝተፈላለዩ ተመራመርቲ መግብን ጥዕናን ብዘካየድዎ መጽናዕቲ፡ ስጋ ዓሳ ምስ እዝውትር ካብ ሕማም ልቢ (cardiovascular disease) ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ሕማማት ከም ሽኮር (diabetes)፡ ጸቕጢ-ደምን (hypertantion) ካልኦትን ከምዘከላኽል ኣረጋጊጾምዎ ኣለዉ። መግቢ ዓሳ ምንጪ ኩሎም መኣዛታት መግቢ ስለዝኾነ እምበኣር፡ ኣፍልጦ ማሕበረሰብ ዓለም ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ኣብቶም ብሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ዝሳቐዩ ዘለዉ ዘይማዕበላ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ብዙሕ ኣለዎ መጠን ክድፋኣሉ ዝግብኦ ዓይነት መግቢ ኢዩ።

እዚ ይኹን'ምበር፡ ዓሳ ዘይከም ካልኦት ዓይነት መግብታት ቀልጢፉ ናይ ምብልሻው ባህሪ ስለዘለዎ፡ ካብ መጀመሪያ ካብ ባሕሪ ዝወጽኣሉ ግዜ ኣትሒዙ ክሳብ ተዘርጊሑ ኣብ ኣህላኽቲ ወይ ኣብ ዕማዊል ዝበጽሓሉ ግዜ፡ ሓያል ጥንቃቐ ይሓትት። ምኽንያቱ ዓሳ ኣብ ውሽጣዊ ኣካላቱ ብርእሱ-ባዕላዊ (autolytic)፣ ማይክሮ-ባዮሎጂካልን (microbiological)፡ ኬሚካልን (chemical) ኣካላዊ ብርሰት (decomposition) ብቐሊሉ ስለዝጉዳእ ኢዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ውሕስነቱ ዘይተረጋገጸ ዓሳ ኣብ ደቂ-ሰባትን እንስሳታትን ንዝተፈላለዩ ጉድኣት ሕማማት ከቃልዕ ይኽእል። ስለ'ዚ ዓሳ ክተባዕን ክድፋኣሉን ዘለዎ ንኡድ ምንጪ መኣዛታት ኢዩ ክንብል እንከለና፡ ግቡእ ዝኾነ ኣፍልጦ ናይ ኣተዓቓቕባን ኣጠቓቕማን ምስ ዝህልወና ጥራይ ኢዩ።

ዕቃበ ዓሳ ክንብል እንከለና፡ መጀመርታ ዝመጽእ ሙቐት ወይ ረሲ (temperature) ኢዩ። ምኽንያቱ ሙቐት ምስ ምብልሻው (spoilage) ብቐጥታ ኢዶም ዝጸላለው። ንኣብነት ሓደ ዓሳ ኣብ ልዑል መጠን ሙቐት ዘለዎ ቦታ ምስ እንቐምጦ፡ ኑቶም ኣብ ውሽጢ ኣካላቱ ዘለዉ ናይ ምብልሻው ታህዋስያን ቀልጢፎም ንኽራብሑ ባይታ ስለዝህቦም፡ ከም ውጽኢቱ ድማ መጠን ምብልሻው ይዓቢ። እቲ ቀንዲ ጠንቂ ምብልሻው መግቢ ዓሳ፡ ምቅላዕ ንልዑል ረሲ ኢዩ። ስለ'ዚ መግቢ ባሕሪ ኣብ ዝሰማምዖ ረሲ ወይ ሙቐት ምስ ዝዕቀብ ብዓይነቱን መኣዛዊ ትሕዝቶኡን ንጹህን ብሉጽን ስለዝኸውን፡ ነዊሕ ግዜ ናይ ምጽናሕ ተኽእሎኡ ይዓቢ። መጠን ምብልሻው ኣብ ሙቐት ስለዝምርኮስ እምበኣር፡ ዓሳ ኣብ ዝሑል ቦታ ክዕቀብ ይግባእ።

ክልተ ዓይነት ሙቐታዊ ኣተዓቓቕባ ኣለው። ንሳቶም ድማ ልዑል መጠን ሙቐታዊ ኣተዓቓቕባን ትሑት መጠን ሙቐታዊ ኣተዓቓቕባን ድማ ይበሃሉ። ልዑል መጠን ሙቐታዊ ኣተዓቓቕባ ምንቃጽ ዓሳ ብጹሓይ፡ ጹሓያዊ ጸዓት፡ ብትኪ ወዘተ ከጠቓልል እንከሎ፡ ትሑት መጠን ሙቐት ኣተዓቓቕባ ድማ፡ ዝሑል መኽዘን፡ ናይ በረድ መኽዘን ወዘተ የጠቓልል። እቲ ዝቐለለን ዝሓሰረን መብዛሕትኦም ገፋፍቲ ዓሳ ዝጥቀምሉ ኣገባብ ኣተዓቓቕባ ብትሑት መጠን ሙቐት ወይ ብበረድ ዝተዓየደ ማስርሕ ምዕቃብ እዩ።

## ኣገባብ ኣተዓቓቕባ መግቢ ባሕሪ ኣብ በረድ መኽዘን

ዓሳ ብበረድ ዝሓሉ ናብ ከባቢ -25 ዲግሪ ሴ.ግ ምስ ወረደ፣ ምንቅስቓስ ታህዋስያንን ንጥፈታት ኢንዛይምን ደው ስለዝብል፣ ዕንወት ፕሮቲን ኣብ ኣካላት፣ ምቅጻል ስብሒ ብኦክስጅንን ምቅይያር ተፈጥሮኣዊ ሕብርን ይጎድል። ከም ውጽኢቱ ድማ ዓሳ ከይተባላሸወ ነዊሕ ክጸንሕን ክዕቀብን ይኽእል። መጠን ምዝሓል መግቢ ዓሳ ብኣርባዕተ ነገራት ይጽለው።

- ብቕዓትን ዓይነትን መዝሓሊ
- ቅርጽን ግዝፍን ዓሳ
- ናይ መጀመርታ መጠን ሙቐት ናይቲ ዓሳ ቅድሚ ኣብ መዝሓሊ ምእታው
- ዓይነት መዐሸጊ ናይቲ ዓሳ

መጀመርያ ዓሳ ኣብ ትሕቲ -7 ዲግሪ ሴግሬድ ንኣስታት ክልተ ሰዓታት ከም ዝዝሕል ይግበር። እዚ ድማ ኑቶም ደቀቕቲ ታህዋሲያንን ኢንዛይምን ንጥፈታቶም ደው ንኽብል ወይ ድማ ንኽነሰድል ዓቢ ተራ ይጻወት። ብድሕሪ'ዚ ፈሳሲ ናይቲ ዓሳ መታን ከይሃፍፍ ኣብ -20 ክሳብ -25 ዲግሪ ሴግ መጠን ዛሕሊ ዘለዎ መዐቀቢ ክፍሊ ንተሰዓ መዓልታት ዓሺግና ነቐምጦ። እዚ ድማ ነቲ እንደልዮ ዓይነት መግቢ ባሕሪ ን12 ኣዋርሕ ብዘይዝኾነ ጸገም ክጸንሕ የኽእሎ።

ኣብዚ ግን ምምዛብል ናይ ሙቐት ክህሉ የብሉን ጥራይ ዘይኮነ እቲ ማስርሕ ምዙሓል ንገዝእ ርእሱ ቀልጢፉ ክኸውን ኣለዎ። ምኽንያቱ እቲ ማስርሕ ምዙሓል ዝሕቱቱል ምስ ዝኸውን ገለ ክፋል ናይቲ ኣብ ውሽጢ ዓሳ ዝርከብ ማያዊ ክፋል ዓቢዩቲ ናይ በረድ ክሪስታል ይፍጠር'ሞ፡ ኑቲ ዘይብረደ ስጋ ናይቲ ዓሳ ጉድኣት የውርደሉ። ብተወሳኺ ኣብቲ ጌና ዛሕሊ ዘይበጽሖ ማያዊ ክፋል ናይቲ ዓሳ ዝርከቡ ታህዋሲያን ንጥፈታቶም ስለዝቕጽሉ፡ ኣብ ማስርሕ ምብልሻው ናይቲ ዓሳ ዓቢ ተራ ይጻወቱ። ቀልጢፍ ምዝሓልን ምምዛብል ናይ ሙቐትን ምስ ዘይህሉ



ግን፡ ብቑዓት ዝተሓለወ ዓሳ ብግቡእ ክዕቀብ ይከኣል።

## ጥቕሚ በረድ ኣብ ምዕቃብ መግቢ ዓሳ

ደቂ-ሰባት ንበረድ ንልዕሊ 3000 ዓመታት ኣብ ምዕቃብ መግቢ ክጥቀምሉ ከምዝጸንሑ ዝተፈላለዩ ተመራመርቲ ይሕብሩ። ዋዒ ናይ ማይ ካብ 25 ዲግሪ ሴ.ግ ናብ 0 ዲግሪ ሴ.ግ ምስ ዝወርድ፡ ማይ ካብ ፈሳሲ ናብ ደረቕ ወይ ክሪስታል ክቕየር ይጅምር። ኣብ ማስርሕ ክሪስታል፡ ማይ ንኣስታት 10 ሚኢታዊት ኣብሉ ዝኸውን ምስፍሕፋሕ ኣብ ቅርጺ'ኑ ለውጢ ወይ ምቅይያር ኣብ ሞለኪዩላዊ ቅርጺ የጋይድ'ሞ፣ እቲ ኣብ ውሽጢ ዝጸንሐ መጠን ዋዒ ምስ ሃፈፈ፣ በረድ ይቐውም። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣገዳስነት በረድ ኣብ ምዕቃብ መግቢ ተራእዩ ብኣዝዩ ዝተራቐቐ መሳርሒ ብናይ ኤሌክትሪክ ወይ ድማ ብናይ ጸሓያዊ ጸዓት ዝሰርሓ ማሽናት ናይ በረድን ንዕኡን ዝፈልጥ ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብን ኢዩ ዝሰርሕ ዘሎ።

በረድ መግቢ ንምዕቃብ ክንጥቀመሉ እንተደኣ ኮይኑ፣ ካብ ጽሩይ ማይ ክሰርሖን ኣብ ጽሬቱ ዝተሓለወ ቦታ ክንዕቅቦን ይግባእ። እዚ ድማ ኑቲ ክንዕቅቦ ንደሊ ዘለና መግቢ ካብ ዝተፈላለዩ መግቢ ዘባላሽዉ ታህዋሲያን ብቐሊሉ ካብ ምቅላዕ የድሕኖ። በረድ ኣብ ምዕቃብ መግቢ ብፍላይ ድማ መግቢ ዓሳ ዓቢ ተራ ኣለዎ። እዚ ማለት ዱርጋ ኩሉ ናይ ባክተሪያን ናይ ኢንዛይምን ንጥፈታት ደው ከምዝብል ስለዝገብሮ እዩ። ኣብ መጠን ዋዒ ናይቲ ዓሳን መጠን ዋዒ ዓሳ ዝዕቀበሉ ቦታን ምርኩስ ብምግባር፡ 1 ኪ.ግ በረድ ን3 ኪ.ግ ዓሳ ክዕቅብ ከም ዝኽእል ዝተፈላለዩ መጽናዕታዊ ጽሑፋት የመልክቱ።

ኣብ ኣገባብ ኣተዓቓቕባ ዓሳ ብበረድ ምስ ንርኢ ድማ፡ ብቐጻላዊ መልክዕ ክነስርዖ ይግባእ። እዚ ማለት መጀመርታ እንቕምጦ በረድ ክኸውን እንከሎ፣ ድሓር ኣብ ልዕሊ እቲ በረድ ዓሳ ንነብረሉ። ቀጺልና በረድ፣ ድሓር ዓሳ ብልዕሊኡ ድማ በረድ እናበልና ኣብ መውዳእታ በረድ ገይርና ንዝዝሞ። እዚ ድማ በረድ ምስ ዓሳ ናይ ምልጋብ ባይታ ይፍጠረሉ'ሞ፡ መጠን ዋዒ ናይ ዓሳ ስሒቡ ከም ዝወጽእ ይገብሮ። ከም ውጽኢቱ እቲ በረድ ይመኽኽ'ሞ ብዘዝዋዋሪ እቲ ዓሳ ብግቡእ ከም ዝዝሕል ይገብሮ።

ገለ ካብ ጥቕምታት በረድ ንምጥቃሱ–

- ብተዛማዲ ብዋጋ ሕሱር
- ካብን ናብን ንኽተጓዓዝ ቀሊልን ምቹእን
- ንምስርሑ እውን ብተዛማዲ ቀሊል ኢዩ

ኣብርክቶ በረድን ማይ-ጨውን ኣብ ምዕቃብ ዓሳ–

ማይ ጨው ሓደ ካብቶም ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ ወዲ-ሰብ ክጥቀመሎም ዝጸንሐን ዘሎን ኣገባባት ምዕቃብ መግቢ ዓሳ ኢዩ። ዋላ'ኳ ናይ ያታዊ ኣገባብ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ምዕቃብ መግቢ ዓሳ ኣዝዩ ውጽኢታዊ ምዃኑ ኢዩ ዝንገረሉ። ከምቲ ዝተፈላለዩ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዘረጋግጽዎ ድማ፡ ጨው ኣብ ምዝሕታል ንጥፈታት ታህዋሲያን ማይ ዓቢ ኣብርክቶ ከምዘለዎ ኢዩ ዝንገር። ከም ውጽኢቱ ድማ ተኽእሎ ናይ ባክተርያ ኣብ ምጥቃዕ እቲ ዓሳ ኣዝዩ ይጎድል። ማይ ጨው ክንብል እንከለና፡ ብ1 ኪ.ግ ጥረ ጨው ኣብ 4 ሊትሮ ማይ ምስ ሓቕቕ ኢዩ።

በረድ-ማይ ጨው ድማ ኣብ ምጉዳል ናይ ባክተሪያን ምብልሻው ናይ ዓሳ ብናይ ኢንዛዩም ንጥፈታትን ኣብርክቶኡ ዓቢ ምዃኑ ኢያም ዝተፈላለዩ ተመራመርቲ ስነ-መግቢ ዝሕብሩ። ኣብ ኣገባብ ኣጠቓቕማኡ ድማ መጀመሪያ ነቲ ዓሳ ኣብቲ ብ1 ኪ.ግ ጥረ ጨው ኣብ 4 ኪ.ግ ማይ ዝሓቐቕ ማይ ንኣስታት 30 ደቒቕ ንኣልኽ። ብድሕሪ'ዚ ነቲ ዓሳ ካብቲ ማይ ጨው ኣውጺእና ኣብ በረድ ንቕብሮ። ክሳብ ንጥቀመሉ ድማ ኣብኡ ይጸንሕ። ብኸም'ዚ ኣገባብ፡ መዝበና ካብ ዝፈላለዩ ባክተርያን ካልኦት ተጓዳእቲ ታህዋስያንን ናጻ ይኸውን'ሞ፡ መዝበና ዘተኣማምን ንጥዕናና ድማ ውሑስ ከምዝኸውን ይገብሮ።



# ሩፍታ

ጸጋብርሃን ጉይትኦም

## ካልኣይን ናይ መወዳእታን ክፋል

“እሞ ምስ እዚ ወዲ ፍቕሪ ኣይነብረክን ማለት እዩ።”

“እቱ ንዓይ ጥራይ እዩ ዝምልከት። ጓል ድማ ሓንቲ ዕድል እያ ዘላታ። እታ ዕድላ ድማ ክትጥቀመላ ኣለዋ። ሰሚዐካ ካልኣይ መዓልቲ ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ከይተልዕል።”

“ጸገም የለን ዊንታ ሓፍተይ። እዚ ዝበልክዮ ናይ ውልቅኺ እዩ። ንስኺ ብውልቅኺ እንተረቢሕኪ ንሕና ንረብሕ። ንስኺ እንተተጎዲእኪ ድማ ንሕና ንጉዳእ። ስለዝኾነ እየ እዚ ሕጂ ትገብርዮ ዘለኺ ከይጉድኣኪ ዝዘረብኩ ዘለኹ። እዚ ሰብ ብኹልንትናኡ ዘዕግብ መንእሰይ ምዃኑ ግን ክስቁረኪ ኣለዎ። ናይዚ ወዲ ማስጣ'ውን ክወርደኪ ይኽእል እዩ። ስለዚ ዊንታ ሓፍተይ፡ ኣነ ከም ሰብ ምስዚ ሰብ ክትውድኢ ደስ ምበለኒ። ካብቲ ኣብ ካልእ ሃገር ዘሎ ሰብ፡ እዚ ኣብ ሃገርክን እትፈልጥዮን ሰብ ዚያዳ ከተኣማምኖ ኣለዎ።”

“ዎ! በቃ ይኣኽለካ። ኣነ መሪጸ ስለዝኾንኩ ምርጫይ ጥራይ ኣኽብረለይ። ዳግማይ እንተሓቲትካ ድማ፡ ‘ይቕሪ በለለይ’ ኢላትካ በሎ። እምበር ኣነ ወሲነ እየ።” ኣብ ደረቕ ዘረባኣ ነቓጸት።

ንኣቤል ግድን ክረኽቦ ስለዝበረኒ ረኺበዮ። ካብይ እወታዊ መልሲ ይጽበ ምንባሩ ፍሉጥ እዩ። ግን እወታዊ መልሲ ኣየሰማዕክዎን።

“ይቕረታ ኣቤል፡ ዝለኣኽኩኻ ክሰልጥ ዘይምኽኣሉ ሕማቕ ይስምዓኒ። ኣቐቢጻ እያ። ዋላ ሓንቲ'ውን ከተዛራርበኒ ኣይከኣለትን። እቲ ልክዕ ሃገር ግን ከረረያ እዩ።”

“የቐንየለይ ኣሸጊረ። ኣነ እውን እቲ በደል ብኣይ ወገን ዘይምዃኑ ጽቡቕ ይስምዓኒ። ኣይከውንን እንተኢላ ግን ጸዕዳ ይጸንሓያ። ሓሳብ ልባ ሰሚሩ ድማ እቲ ትብሀን ክትረክብ በዓል ምሉእ ተስፋ እየ። ኣብ ሕማቕ ወዲቓ ክርእያ ዝደሊ ኣይኮንኩን። ኣሸንኩኢይዶ ንእተፍቅሮ ዋላ'ውን ንእትጸልኣ ኣብ ሕማቕ ወዲቑ ክትርእዮ ጽቡቕ ስለዘይኮነ ጽቡቓ እምነ።” ብምባል ብሀድኣት መለሰይ። ተመሳጊንና ድማ ተፈላለና።

ጉዳይ ሓብተይ ተወዲኡ። ናብቲ እትሓልሞ ሃገረ ሱዳን ድማ ከደት። ርክብና ምስ ሓብተይ፡ ከምቲ ምስ በዓል ቤታ ክኾና ዝተሳለየቶ ብኢንተርነት ኮነ። ነገር ሓብቲ ድማ ብዛዕባ ህይወታ ምሕታት ኣየቋረጽኩን። ሓብተይ ከኣ፡ ‘ንራኸብ ኢና’ ‘ቀሪቡ እዩ ክመጸኒ’ እናበለት ሓደ ዓመት ሓለፈ። ኩሉ ጽቡቕ ክኸውን ድማ ናይ ወትሩ ጸሎተይ ነበረ።

ድሕሪ ናይ ሓደ ዓመትን ሸዱሽተ ወርሕን መጸ፡ ሓብተይ ሃንደበት ክትመጽእ ምዃና ሓበረትና። ከምቲ ብሰላም ዘፋኹናያ ድማ ብሰላም ክትምለሰና ጸለና። ሓብተይ ናብ ዓዳ ብሰላም ተመሊሳ። ድሕሪ ናይ ክልተ መዓልቲ ዕረፍቲ፡ “ዊንታ ሓብተይ ብመጀመርታእንቋዕብደሓንመጻእኪ። ካልእ እቲ ጉዳይ ከ ኣይሰለጠን ድዩ? ማለት ዝጠዓመኪ ኣይትመስልን” እናፈረሀኩ ሓተትክዋ። ሓብተይ እቲ ዝበረ ወጅሃ ተደምሲሱ ኣብ ገጻ ማዓ ተሰኪማ'ያ መጺኣ።

“ኣውዓት ትእመት ዲኹም?” ሓተተትኒ ብዙሕ ከይተገደሰት።

ሕማቕ ኣጋጢፍዋ ከኸውን ስለዝገመትኩ፡ “ንእመን ኣለና ዘይንእመን ድማ ኣለና” እናፈራህኩ መለስኩላ። ቀጺሉ “ግን ደሓን ዲኺ?” ኣዒንተይ ኣብ መላእ ኣካላ ኣዘርኩ።

“እሞ ካብዩም ዘይእመት ኣውዓት ሓደ እየ ተላልየ። ከምቲ ዝተጸበኹዎ ኣይኮነን። ኩሉ መደባተይ ኣፍሪሱለይ እዩ። ግን ድማ መምሃሪ ኮይኑኒ ኣሎ. .” ኣብርቲዓ ኣስተንፈሰት።

“ከመይ ከመይ ደዩ እቲ ጉዳይ?”

“እንድዒ፡ ከምቲ ዝበልኩኻ ኣብዚ ከለኹ ‘ኩሉ ዝዋገር ክገብረልኪ እየ፡ ‘መጺአ ተመርዕየ ክወስደኪ እየ’ ይብል ከምዝይነበረ ኣብ ሱዳን ምስ ከድኩ፡ ሃገሩ ነደኺ ማይ ውረድላ ኮይኑ። በቃ ጠሊሙኒ። ክልተ መዓልቲ ንመንቀሳቐሲ ዝኸውና ገንዘብ ምስ ሰደደ ብድሕሪኡ ደሃይ ኣጥፊኡ።”

“እሞ እዚ ኹሉ ግዜ ደኣ ብኸመይ ሓሊፍክዮ?”

“ኣብ ናይ ገዛ ስራሕ እናሰራሕኩ። ከምኡ'ውን ኣብቲ ቦታ ዝተላለኽዎን መሓዙት፡ ኣብ ደገ ዝበራ ኣሕዋት እናሓገዛ እየ እዚ ግዜ ኣሕሊፈዮ።” ርእሳ ነቕነቐት።

“እዚ ጉዳይ ቅድሚ ምኻድኪ ተዘራሪብናሉ ኔርና ኢና፡ ዊንታ ሓብተይ። ሕጂ እንቋዕ ጥራይ ብደሓን መጻእኪ. እምበር ዝዋገር ነገር የለን። ናይ ኢድኪ ኢያ ረኺብኪ። ኣብዚ ዝበረ ኣፍቃሪኺ ረጊጽኪ ኢኺ ከይድኪ። ማስጣ ፈቃር ልቢ ድማ እዚ እዩ።”

“እርደኣኒ። ኣብ ሕጂ ኩይነ ክሓስቦ እንከለኹ ከመይ ዓይነት ሓሳብ ሓሰበ እገርሚ እዩ። ንቐኑዕ ኣፍቃሪየይ ከምዝበደልኩዎ ይርደኣኒ እዩ። ግን ተማሂረ መጺአ ኣለኹ። ድሕሪ ጸባሕ ሰንበት ብሓደ ክንከይድ ኢና ተቛጺርና ኣለና።”

“ምስ መን ተቛጺርኩም” ገጸይ ኣሰረ ሓተትኩ።

“ምስ ኣቤል። ደዊሉ ነይሩ ንሰንበት ሰዓት 10፡00 ቅድሚ ቐትሪ ኣብ ሃዋከል ክንራኸብ ተቛጺርና ኣለና። በዓልቲ ምልእቲ ተስፋ እየ ዝበረ ፍቕርና ናብ ዝበሮ ክምለስ። ምሳኻ ኸ ብድሕሪኡ ተራኺብኩም ትፈልጡዶ?” ሓተተትኒ ኣብ ገጻ ተስፋ እናተነበ።

“ጽቡቕ እምበር ክንደይ ድኣ ነፊዕኪ ደዊልክለ።” ተገረምኩ።

“ሓቂ ንምዝራብ ህርፋን ገዚዙ እንተዘይከይይት ንኣቤል ኣመና እየ ዘፍቅሮ። ተስፋ እገብር ድማ ፍቕርና ናብ ዝበሮ ተመሊሱ ብሓባር ክንነብር።”

“ናይ ብሓቂ ካብ ጌጋኺ ዝተመሃርኪ ኢኺ ትመስሊ። ጽቡቕ ውሳነ'ዩ። ብድሕሪኺ ሳሕቲ ንራኸብ ኢና። ግን ስለዝሰከፍ ብዙሕ ጠቢቕ ሰላም ይብሎ ኣይነበርኩን። ስለዚ፡ ሰንበት ብሓባር ምኻድና'ዩ። ኣዝዩ ደስ ዘብል ውሳነ ወሲንኪ ኣለኺ።”

“እወ ጌጋ ክፉጥር ባህርያዊ ኢዩ። ካብ ጌጋኻ ምምሃር ድማ ልቦና እዩ። ስለዚ ተጋግዮ እንተበልኩዎ ዘሸግር ኣይኮነን። ስለዚ ሰንበት ብሓባር ናብ ሃዋከል ክንከይድ ኢና” ኣብ ገጻ ተስፋ እናተነበ ተዛረበት።

ሓብተይ ካብ ዝሓለፈ ጌጋኣ ተማሂራ ምርኣየይ ኣሓጊሱኒ። ምስ'ቲ ናይ ብሓቂ ዘፍቅራ ተራኺባ ዳግማይ ፍቕርኦም ህይወት ክዘርእ ድማ ክዙር ድሌት ኣሕዲረ፡ ንሰንበት ብዓቢ ሀንጥዮት ተጸበኹዋ።

ሰንበት ከም ቆጸርናዮ ምስ ሓብተይ እናዕለልና ከበቢ ሰዓት 9፡40 ኣብ ማዙናዊ ሃዋከል በጺሕና። መርዓ ስለዝበረ ድማ ኑቲ ዝበረ ፍሱህ ሃዋህው እናተዓዘብና፡ ኣቤል ቀዲሙና መጺኡ ከይከውን ኑየም መርዓውቲ ጉዲፍና፡ ናብዩም ኮፍ ኢልም ዝበሩ ምቁማት ጀመርና።

ካብዩም ኮፍ ኢሎም ዝበሩ ኣይነበረን። ኣብ ሓደ ብሕት ዝበለ ቦታ ኮፍ ኢልና ክንጽበዮ ድማ ሓደ ጸግዒ ሓዝና። ገለ ሓደ ደቒቕ ኮፍ ምስ በልና፡ ሓብተይ ‘እውይ’ ኢላ ርእሳ ሓዘት። ብሰንባደ ድማ፡ “እሂ ዊንታ ሓብተይ እንታይ ኴንኪ።” ኢለ ርእሳ ኣቐኒዐ ሓተትኩዋ። ክትምልሰለይ ግን ኣይከኣለትን። ካብ ኣዒንታ ንብዓት ክዝሪ ጀመረ። ዝኾነቶ ሓርቢቱኒ። ደጋጊመ ሓተትኩዋ። መልሲ ግን ወይከ!!

“ንኺድ” በለትኒ ኣብ ኣዒንታ ዝበረ ንብዓት እናሓበሰት።

“ዊንታ ሓብተይ፡ ክንረኽቦ እባ ሓንሳብ ንጸበ” ኩነታታ ገሪሙኒ ኑቲ ናይቲ ከበቢ ኩነታት ገዲፈ ናብኣ ጥራይ ኣተኩርኩ።

“ኣነስ ረኺበዮ'የ ንዓኻይ ጥራይ!” ርእሳ ሒዛ ተዛረበት።

“ኣበይ ኣሎ” ከበቢየይ ክቆጻጸር ጀመርኩ።

“እንህለኻ፡ ምስታ መርዓት ደምርያ ኣሎ?” ናብዩም መርዓውቲ ኣመልከተትለይ።

ኣቤል ምስ መርዓቱ ተሓቛቑፉ ይስሕቕ ነበረ። ዝበሎ ኣይነበረን። ከም ሓብተይ ርእሰይ ሒዘ ደው ኢለ። እዚ መርዓ እዚ ናይ ሓብተይ ዘይምዃኑ ጽቡቕ ኣይተሰምዓንን። ንእኡ እትዘብቅያ ረኺቡ ምምርዓዉ ድማ ኣሐጊሱኒ። ንገለ ደቓይቕ ደረቕ ጠመትኩ። ኩሉ ሰብ ድማ ኣብ ሕጉስ መንፈስ ነበረ። ኣነን ሓብተይን ግን ብኣንጻሩ።

# ፈይስ ቡክ



“ዊንታይ ሓብተይ ሕጂ ንኺድ፡ ርሑስ ጋማ ንበሎ።” ብስክፍታ ሓተትኩ።

“ኣይብሎን'የ። ዝሰ ክብሎ!” ብሓይሊ ተዛረበት።

“ዊንታይ ንስኹ እንታይ ዘይገበረ። እቲ ጉድለት ናትኪ'ዩ። ንስኺ ኣብዚ ግዜ እዚ በዓልቲ ሓዳሩ ኴንኪ ምሃለኺ። ግን ምርጫኺ ኣይነበረን። ስለዚ ርሑስ ጋማ ምባልኪ ጽቡቕ ነገር እዩ። ንሱ ኸኣ ንዓኺ ምስ ቀበጸ ካብ ሰብ እዚኣ ከምዝተመርዓወ ዝጠፍኣኪ ኣይመስለንን። ሓቀይ? ስለዚ. . .”

“እወ ሓቅኻ ግን ህይወተይ ባዕለይ እየ ኣበላሽየ። ሕጂ ከኣ ከምቲ ዝበልካዮ ንሱ ስለዘይበደለ፡ ንኺድ ርሑስ ጋማ ንበሎ” ካብቲ ዝበረቶ ብድድ በለት። ተመራሪሕና ድማ ናብ መርዓውቲ ኣብልና።

ኣቤል ንዊንታ ሓብተይ ምስ ርእየ “ዌ ዊንቱ፡ እንቋዕ ብደሓን መጻእኪ። እዛ ትርእይያ ዘለኺ፡ መርዓተይ ብርኽቲ ትብሃል ተላለይያ” ብምባል ኣላለየን። ምሳይ እውን ጽቡቕ ሰላምታ ገበረ። ‘ርሑስ ጋማ’ ኢልናዮም ከኣ፡ ካብ ቀጽሪ መናፈሻ ሃዋከል ወጸእና።

ዊንታ፡ “ኣነ ሕማቕ ውሳነ እየ ወሲነ። ንዓይ ክጸብ ኢለ'ውን ተስፋ ኣይሃብኩዎን። ሕጂ ግን ኣዝዩ ደስ ዘብል ናቱ ውሳነ እዩ ወሲዱ ዘሎ። እዛ ሓፍትና ከኣ ንኣቡ ምርካብ ዓቢ ጸጋ እዩ። ካብ ድሕሪ ሕጂ ከምዚ ዓይነት ጌጋ ከይደግም ዓቢ ትምህርቲ ኮይኑኒ ኣሎ. . .” ብምባል ተናሰሐት። ኣነ'ውን ብናይ ኣቤል መርዓን ናይ ሓብተይ ለውጥን ተሓጊሰ። ካብዛ መዓልቲ እዚኣ ድማ፡ ሓብተይ ማስተውዓሊት፡ ንሂወት ብጥንቃቐ ትጎብራ፡ ንኻልኦት ከምዚ ናታ ጌጋ ከይጉብራ እትምዕድ ሓብቲ ኮይና ኣላ። ኣብ ሂወት ትወስኖ ውሳነ ብስምዒት ተደፋፊእካ ዘይኮነ፡ ሓሲብካን ኣስተውዒልካን ምስ ዝኸውን፡ ኑቲ ዝመጽእ ክትቕበሎ'ውን ዘሸግር ኣይኮነን። ስለዚ፡ ኣብ ሂወት ቅድሚ ሓደ ስጉምቲ ምውሳድና፡ ማስተውዓልቲ ንኸኑ ንዘውሃቦ ምኽሪ መቐኑን ፈተውትን'ውን ዕሽሽ ኣይንበሎ።

መም ያቆብ መርሃዊ



## ባህልን ስነ-ጥበብን

ኣብርሃም ዘርአ

# ካርቱን ስነ-ጥበብ ድዩ?

ካርቱን፡ ሓደ ካብ'ቶም ዓቢ ጸዕሪ ጥበብ ዝሓለፎም ስርሓት ስነ-ጥበብ'ዩ። ንዓኡ ከተዳሉ ድማ፡ ሓያል ናይ ምምሃዝን ምምንፍጋውን ጥርዚ ጸዓት የድልዮ። ንሓይሊ ዕዮ ጥበባዊ ስርሓትካ ከኣ፡ ዝያዳ ኣገልሑ ከም ዘርኢ ይገብር። ብሓፈሻ ግን፡ ካርቱን ኣካል ስነ-ጥበብ ኮይኑ፡ ከም ቃል'ውን ዝተፈላለየ ትርጉም ስለዘለዎ፡ ብብዙሕ መንገዲ ክግለጽ ዝኽእል ጥበብ ስእሊ'ዩ። ብሕጽር ዝበለ ግን፡ ብዙይ ዝኾነ ቃል፡ ነቲ ዘልዓሎ (ዝደለዮ) ዕላማ መልእኽቱ ዘመሓላልፍ ተዛሪቢ ወይ ተዛቢ ዓቢ ክፋል ስነ-ጥበብ'ዩ። ካርቱን፡ ኣኒመሽን፡ ኮሚክ፡ ሰርያስ እናተባህለ ዝግለጽ'ኳ እንተኾነ ብሓፈሻ ግን "ቪዥዋል ኣርት" ከምኡ'ውን "ኢላስትረሽን ኣርት" ተባሂሉ ክግለጽ ይኽእል። ቪዥዋል ኣርት ዝበሃሉ እቶም ብዓይንና ተዓዚብና ክንፈልዮም እንኽእል ህያው ስእልታት ክኾኑ ከለዉ ፡ ኢላስትረሽን ግን፡ ነቶም ዝተሳእሉ ካርቱናት ምስ ምሉእ መግለጺኦም ወይ መብርሂኦምን ክስኣሉ ከለዉ፡ኢላስትረሽን ተባሂሎም ክግለጹ ይኽእሉ ። ካርቱናት ብዕላማ ኣብ መጽሔት፡ ጋዜጣ፡ መጻሕፍትን ዝስኣሉ ዓቢ ትርጉም ዘመሓላልፉ ዓይነት ጥበባት እዮም። ብሓፈሻ ካርቱናት ንትምህርቲ፡ ንምዝንጋዕ፡ ንምስሓቕ . . . ተባሂሎም ስለዝስኣሉ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፡ ባህላዊ፡ ማሕበራዊ ትሕዝቶታት መልእኽቲ ዘመሓላልፉ ሓበርቲ ተኽበይቲ እዮም።

ካርቱናት እንተተርእዮም ገለኦም ፍሽኽ የብሉኻ፡ ገለ የሕዝኑኻ፡ ገለ ድማ ሂወት እናማዕዘኑ ተንካፊ ስምዒት ዘለዎም እዮም። ገለ ሰባት ካርቱናት ርእዩ ኣብልካ ዝኮሓፉ ወይ ዝደርበዩ ኮይኖም'ዮ ዝሰምዖም። ደጋጊምካ እንተተርእዮም ከኣ እናስሓቕካ ትዘናግዖሎምን ትማሃረሎምን። ካርቱናት ወጽኢት ብዙሕ ጻዕሪ እዮም። ብኣጠቓላሊ ግን ካርቱናት ምስሊ ሰብ ምስኣል ዘይኮነ እቲ (ቪዥዋል ኢመጅ) ከንፈር፡ኣፍንጫ፡ኣፍ፡ዓይኒ፡እዝኒ፡ገጽ፡ መሓውር፡ ኣእዳው፡ ከብዲ. . . እንታይ ዓይነት ስምዒትን ሃዋህውን ከንጸባርቕ ከም ዝኽእል ስምዒት ኣተሓሳስባ ናይ'ቲ ትስእሎ ዘለኻ ኤክስፕረሽን ወሳኒ'ዩ። ንኣብነት ትብዓት፡ ፍርሒ፡ ሓጎስ፡ ተስፋ ምቑራጽ፡ ምጽማም፡ ሓዘን፡ ጣዕሳ፡ ሞራል ትርኢታዊ ናይ'ቲ እትስእሎ ሰብ ወይ ነገራት ብልክዕ ክትውክሎ ኣለካ። ሓደ እዋን ሓደ "ኣኪራ ኩራ ሳዋ" ዝበሃል ጃፓናዊ ስነ-ጥበበኛ፡ ምስ መርበብ "film making com" ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ "ስለምንታይ ኢኻ ካርቱኒስት ዘይኮንካ" ተባሂሉ ምስ ተሓተተ፡ "መርመራ ስለዘይሓለፍኩ"ብምባል መልሲ ሂቡ ነይሩ። ምኽንያቱ ጥበበ ካርቱን ቀሊል ስራሕ ስለዘይኮነ፡ እቶም ኣብ ዝተፈላለየ መጽሄት፡ ፕሮፋይላት፡ መጻሕፍትን እንሕዞም ካርቱናት ንልምድታት፡ ባህርያት፡ ኣከዳድና፡ ኣናባብራ ቅርጺ ናይ'ቶም ካርቱናትን ንመላእ እቲ ሕብረተሰብ ዝውክሉ እዮም። ንኣብነት ንሓንቲ ሓሳባዊት ካርቱን ስእሊ፡ እቲ ዱኳ፡ ፍንጃል፡ መሸረፈት፡ መሸርቀርቅ፡ መንከሽከሺ፡ መገንፈል፡ ስራጋ፡ መንኰ ጊጦ፡ ታኒካ፡ ዕትሮ፡ ቀበሶ ቀሽም፡ ገከ... ወዘተ ኑቲ ሃዋህውን ናይ'ቲ ስእሊ መቐረት ይወሰኽሉ። ስእሊ ክንዲ ሽሕ ቃላት ከም ዝበሃል ከኣ ኣፍ ኣውጺኦም ባዕሎም ክዛረቡ ትዕዘብ። ጽሑፋዊ ካርቱን ኣገዳሲ ሓጺርን ግጥማዊ መልክዕ ዝሓዘን'ዩ። ንኣብነት ብሓደ ፍሉጥ ኣርቲስት ሃገርና ዝተሳእለት ካርቱን ዛንታ ምስ እንንብብ፡ ሓንቲ ኣደ ንእኽልቲ ጓለን ካብ ትምህርቲ ተፈዲሳ ገዛ ምስ ኣተወት፡ ሃንደበት ዝተዛረበእ ዘረባ ምስ እንርኢ፡ "ኣንቲ ቈልዓ ተሎ ተዛረቢ፡ እዛ ሓልፈያ ትብልያ ዘለኺ መርመራ ኣየጋይተን'ያ" በለ። ብሕጽር ዝበለ ካብ'ዛ ካርቱን ስቶሪ ማለት ዛንታ'ዛ ስእሊ እንርድኦ ሓሳብ እንተሃልዩ፡ እተን ሰበይቲ ብዋዒ ጓለን ይጠራጠራ ብምንባረን እየን ኣየጋይተን መርመራ ኢኺ ሓሊፍኪ ብምባል ናይ ትምህርቲዶ? ናይ ጥዕና ብማለት ካብ ሕማም ኤች ኣይ ቪ ናጻ ምኳናን ዘይምኳናን ከረጋግጻ ዝሓተታ።

ኣብ ሃገርና እውን ብዙሓት ንኣሽቱን ዓበይትን ኣርቲስትስ ፈርዮም እዮም። ንኣብነት እቶም ብበሩኖ፡ ኣቡሓጎስ፡ መሴ፡ ስዊት. . . ዝተሳእሉ ካርቱናት ከም ህያው ኣብነታት ምጥቃስ ይከኣል። ዋላ'ኳ ኣብ ሃገርና እንተዘይተለምዱ፡ ናይ ካርቱን ፊልም (ኣኒመሽን) ሓላሊፉ ይስርሑ እዮም። ኣብ ገለ ካብ ሃገራዊ ጽምብላትና እውን ሓላሊፉ ደርኢ ነይሩ'ዩ። ብሓፈሻ ግን ካርቱናት ከም ኣካል ስነ-ጥበብ ንዓወት፡ ክሰራ፡ ንጅግንነት፡ ንጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ንወፍሪ፡ ንተኽሎ፡ ንዕብየት፡ ንጭቃ፡ ርህራሀ፡ ትዕቢት፡ ንፍቕሪ፡ ኮታ ንኹሉ ማሕበራዊ ሂወት መልእኽቱ ዘመሓላልፍ ዕዮ እዩ። ካርቱናት ደረጃታት ዕድመ ከይፈለዩ ንዓበይቲ፡ መንእሰያት ከምኡ'ውን ቈልዑ ከይበሉ ንኹሎም ቀጻሊታት ሕብረተ-ሰብ ብምግዕዛ ስምዒት መልእኽቶምን ሓሳባቶምን ዘመሓላልፉ ድንቂ ስርሓት ስነ-ጥበብ እዮም።

# ሓሙስ ጽግቦ

ሓሙስ ጽግቦ
ኣይቲዛን ሰብ
ዐፍ'ኳ ትጽግቡ።

እናተባህለ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ክዝየምስ ንሰምዕ ንኸውን ኢና። ምኽንያቱ ቡቲ ያታዊ ሽኾቱ እንተርኢናዮ ናቱ ኣመጻጽኣን ትርጉምን መልእኽትን ስለዘለዎ፡ ኣብ ሕብረተሰብና ኣብ ግዜ ሕማማት ሓሙስ መዓልቲ "ሓሙስጽግቦ" እናተባህለት'ያ ትጽዋዕ። ከምኡ ዝተባህለሉ ምኽንያት ድማ ናቱ ኣመጻጽኣን መልእኽትን ክህልዎ ግድን'ዩ። ግዜ ሕማማት ብምኻኑ ብቲ መንፈሳዊ ሽኾቱ ድማ ክግለጽን ክትርጎምን ይከኣል። እዚ ደርፊ'ዚ ደርሆ ኢላቶ'ውን እዩ ዝበሃል። ምኽንያቱ ንሳ ንባዕላ ጸጊባ ብምውዓላ። ደድሕሪኣ ከኣ ጉረዛ ደጊመናኦ።

ጸዓዱ እንተኾኑ እውን "ላዕት ሱፐር" ብምባል ይገልጹዋ እዮም። ኣብ'ዛ መዓልቲ እዚኣ ክርስቶስን ሃዋርያቱን ድራር ዝተደረሩላ ናይ ደስደስን ፍስሃን ምሸት ብምንባራ መንቀሊ ናይ'ዚ ያታዊ ወግዒ ጸወታ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ሓሙስ ጽግቦ ማለት ቃል ብቓሉ ብትርጉም ትሕዝቶኡ ንዕፍታ ጽጋብ ናይ'ታ መዓልቲ ዝውክል ኮይኑ፡ ከም ምልክት ጽጋብ ፡ ፍትሓ፡ ሓቂ ፡ ራሕሰ፡ ልግሰ፡ ተስፋ. . ወዘተ ይውክል።

ብኻልእ መዳይ ኣብ'ዛ መዓልቲ ጥጥቖ ጠጠቕካ'ዩ ዝበዓል። ኣዴታትና ነቲ በርኸት ፍርያት መሬትን ዝኾነ ዝተፈላለየ ዓይነት ኣእኽል ከም ዕፉን፡ መሸላ፡ ኣዳጉራ ብቑረፅ ጠጢቐን ይውዕላ። መዓልቲ ጥጥቖ ብምኳኑ ድማ ሰብኣይ፡ ሰበይቲ ከምኡ እውን ቈልዑ ምሉእ መዓልቲ ክሰሃልዎ ይውዕሉ። ብዚይካ ጥጥቖ ካልእ ብዙሕ ኣይብላዕን። እቲ ምጥጣቕ ካብን ናብን ቦታ ዝፈላለ'ኳ እንተኾነ፡ እተን ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብራ ኣንስቲ ከተብ ገዛአን እንተስ ብሕፍኒ፡ ብምለሊኽ፡ ታኒካ፡ ብዕሲ. እኽሊ ብምውጻእ፡ ኣብ ቅርዓት (ባይቶ) ወይ ድማ ኣብ ገዛአን ጥጥቖ ኣብሲለን ይውዕላ። ምኽንያቱ ሓሙስ ጽግቦ መዓልቲ ጽጋብን ሓጎስን ስለዝኾነ፡ ንዝኾነ ሓላፍ መንገዲ ይኹን ወዲ ዓዲ ድማ ካብ'ቲ ሸሻይ ሓሙስ ጽግቦ ዝኾነ ጥጥቖ፡ ሓፊኑ ንኽቋደስ ወጠጠን የላግሰኦ። ኣብ ሓሙስ ጽግቦ ብላዕ እናተባሃልካ ጥላሎትን በረኸትን ረጊጽካ ኣይሕለፍን። በብዝሓለፍኻዮ እናጠዓምካን እናቆንጠርካን ምስጋና እናሃብካ ምኻድ ከኣ ልሙድ'ዩ። ኣብ ሓሙስ ጽግቦ ኣዴታትና ኣብ ባይቶ ይኹን ምድሪቤት ገዛን ገላን ከም ምልክት ሃብትን ጽጋብን ኣብ መሬት ክኸስክሳን ክዘርኣን ይውዕላ። ዘይከምተን ካልኦት ናይ ጭንቅን መዓትን (ናይ ሕማማት) መዓልታት፡ ኣዴታት ምስ ደቀን ኣዝዮን ተሓጒሰን ዝውዕላ ፍትሕትን ብርኽትን መዓልቲ'ያ። ብፍላይ ቈልዑ ኣብ ጥቓ እቲ ባይቶ ኮይኖም በብዘለውዎ ምሉእ መዓልቲ ደጋጊሞም ክደርፉ ይውዕሉ።

ሓሙስ ጽግቦ
ሓሙስ ጽግቦ
ዐፍ'ኳ ትጽግቡ።

በብዝኸድዎ ኩርባን ገላን ጥጥቖ ኣብ ጁባኦም ቋጺሮም፡ ብኢዶም እናቑሓሙን እናተሓዳደጉን ብቃና ጥበባዊ ትሕዝቶ መዛሙርም ክደርፉ ይውዕሉ። ካብ'ቲ ገዛኦም ዘምጽእዎ ጥጥቖ ይጠዓዖሙ እዮም። ምልክት ናይ ፍቕርን ሰላምን ዕለት ብምኳኑ። ካብ እዋን ጾም ማለት ጾመ-ርብዓ ዘዘውትርኦ'ኳ እንተኾኑ፡ ብፍላይ ኣዋልድ ኣብ'ዛ መዓልቲ ብፍሉይ ብምትእኽኻብ ዘይለፍዐ መጻዓኑ ምራን ቀደም ወይ ገመድ ኣብ ዓቢ ገረብ ብምእሳር ሰሌል ክብላ ይውዕላ። ኣብ ግዜ ሰሌል፡ ሓደ ኣርባዕተ ሸዱሽተ ዝኾና ጭፍራ ኣዋልድ ኮታ ኣብ ሰሌል ተሰቒላ ዘላ ጓል፡ ብድሕሪት ኮይነን እናፈነዋ፡ ሰሌል ይጻወታ። በብሪጋ ስለ ዝጻወታ ድማ ብፍጹም ኣይብኣሳን። ተርትአን ሓልየን እታ ሓንቲ ምስ ወረደት እታ ሓንቲ ተሰቒላ ሰሌል ትብል። ንዓኣ እውን ከምኡ። ኩለን ኮይነን ሰሌል የብላኣ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ቡቲ ሕልሚ ዝጥዕም ቃና ጉረሮአን ከም'ዚ እናበላ ክደርፋ ይውዕላ።

ሰሌል ትብል ኣላ
ጓል'ቦይ ሓደራ።
ሰሌል ትብል ኣላ
ጓል'ቦይ ዓብደላ።
ሰሌል ትብል ኣላ
ተሰቒላ ኣብ ሳጥላ።
ሰሌል ትብል ኣላ
ተሰቒላ ኣብ ዓላ።
ሰሌል ትብል ዋዕሮ
ተሰቒላ ኣብ ዳዕሮ።
ኣብ'ቲ ንጾ ማዕዶ
ሰሌል ትብል ጎርዞ።

ሰሌል ትብል ኣላ
ኣብ መቑዕ ኣጽሊላ ።
ሓሙስ ጽግቦ
ዐፍ'ኳ ትጽግቡ።
ቀዳም ስዑር
ተኣሲረ ይውዕል።
ዓርቢ ስቕለት
ልበይ ተሰቒለት።
ፋሲካ ፋሲካ
ኩብደይ መሊኣ ሰጉ።

እናበላ ብዝተፈላለዩ ጥበብ ግጥምን ልቢ ዝሰርስር ዜማን እናመላለሳ ጹሓይ ክሳብ ትዓርብለን ክጻወትኦ ምውዓለን'ዩ። ኣብ ሰሌል፡ ሰሌል በዚሊት 'ማይ'ዶ ጸባ?' ምስ ተባህለት እንተደኺማ ወይ ሸለውለው ብምባል ልባ ከተጥፍእ ምስ ትጅምር "ማይ ማይ"ብምባል ከም ትወርድ ትኸውን እቲ ጸወታ እውን ከምኡ ይቕጽል። ዕላማ ጸወታአን ትርጉም ክህልዎ ግድንት'ዩ። ብዓቢኡ ንገድልን ፈተነን ጾመ-ርብዓ ከም ጽላሎት ክትሓልፈለን'ሞ ናብ ፍስሃን ጠጥዒ ስዕረት ፋሲካን ቀልጢፍካ ንምእታው ክኸውን እንከሎ፡ ብኻልእ መዳይ ከኣ ንምዘናይ ወይ ንምዝንጋዕ ዝዓለመ'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ማለት ኣብ ግዜ ሰሌል ሓሙስ ጽግቦ ዝብልኣን ዝነብራኦን ነገራት እንተሃልዩ፡ ጥበብ ግጥምን ጥዕሚ ዜማን ብምቕያር፦

ኣጆኻትኩም ጸመዎትየ
ፋሲካ ኣተወትየ።
ኣጆኻትክን ጸመወትየ
ኣውድኣመት ኣተወትየ።
ኣጆኻትክን ኣጆኻትኩም
ፋሲካ ኣትያትኩም።
ታይ ተረፋ
ታይ ተረፋ
ኣብ'ዛ ቅድሚት ተወቲፋ።

ናይ ሞራል ቃላት ማለት "ካብ ሓሙስጽግቦ ፋሲካስ ኣትያ ዝተረፉ የብሉን በዲህኩማ ኢኹም" ዝመልእኽቱ ከም ዋዛ ሰው እናበላ ብመልእኽቲ ጥበበተን ይሕብራን ይደርፋን። ብፍላይ እናደረፋ ብቐድሚአን ዓበይቲ ምስ ዝርእያ መታን ከስምዕኦምን ክዳለዉን ድምጸን ክብ ኣቢለን ብትዕድልቲ ነገራት ጥበቦተን ተጠሊዐን ይሃግራ። ካብ ሓብሬታን ወይ መልእኽቲ ትሕዝቶታት ደርፍታተን ተገዲሰም፡ ናብ ብርኪ ትንሳኤ ከም ዝቐረበ ቀብ ብምባል፡ ጸገማትን ሓጦን ሰኺም ክሳብ ግዜ ጾመ ፍትሓት ብሓጎ ንኽጽበዩ የዘኻኽርኦም። ኣብቲ ዝሕብርአ ውሕልነት ዝሓለፎ ናይ ፈጠራ ጥበባት ደርፍታተን ጣቓዒት ወይ ከቦሮ ኣይጥቀማን እየን። ናይ ቃዝነ ስቅያትን ግዜ ስለዝኾነ፡ ኣብ ሓሙስ ጽግቦ ዝተዋዕለ ጽጋብ ወግዕታት ጥጥቖ ኩሓድር ስለዘይብሉ፡ ኣማስዩኡ ከም ዝውዳእ ይግበር። ምኽንያቱ ዓርቢ እታ ዝጸበዩትን ናይ መውዳእታን ተራር ጾም ስለዝኾነት። ዘዘመጽኦ ሰብ ሻማ ሻማ ብምባል ከብዱ ክሳብ ዝነፋሕን ዒፍ ክሳብ ዝበሎን እናሓፈሰ ይበልዕ። ኣመና ዓቢ እንተዘይ ኮይኑ፡ ዋላ ኣብ ቅድሚ ሰዓት ከም ገለ ኢሉ ጥራጥ እንተመለቐ እፋፍ የብሉን። ከኖ ግዜያዊ ስሒቕካ ምሕላፍ ካልእ ዋራት ስለዘየለ። ብዮብዩኡ፡ መተንፈሲ ወይ'ውን ምልክት መገሰዕ ጽጋብ ሓሙስ ጽግቦ ስለዝኾነ፡ ከም'ዚ ክብሃል ከሎ ግን ብቐንዱ ከም መዓልቲ ራሕስን ጥላሎት ተስፋን ስለዝቕጽር'ዩ። ልምዲ "ሓሙስ ጽግቦ" ብፍላይ ኣብ ገለ ከባቢታት ሃገርና እቲ ተፈታዊ ጥበባት ሳህመት ወግዕታቱ ኣመና ከየህሰሰ ክሳብ ሕጂ ይግበርን ይጽምበልን'ዩ።


## ደሃይ-ሕትመት

፨ 09 መጋቢት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ብ151 ገጻትን 16 ምዕራፋትን ዝቖመት፡ ኣብ ሓቀኛ ታሪኽ ዝተመርኮሰት ብመንእሰይ ሄለን ርስቶም ዝተደርሰት፡ 'ከምዚ ደዩ ምንባር' ዘርእስታ ሓዳስ ልቢ-ወለዳዊት መጽሓፍ፡ ኣብ ኣዳራሽ ፓላሶብ ከተማ ከረን ኣፍቀርቲ ንባብን ዕዱማት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ ተመረቓ።

"ክትጽሕፍ ምሕሳብ ኣዝዩ ቀሊል'ዩ፡ ኣብ መስርሕ ምስ እትኣቱ ግን፡ ብዙሕ ብደሆታት'ዩ ዘለዎ" ዝበለት ደራሲት ሄለን ርስቶም፡ ሕጽረት ባጀት፣ ዕድመ፣ ጸቕጢ ማዛና ዘይምቕዳእት ግዜን ሰገራ ቦኽሪ መጽሓፋ ብምሕታማ ሓጎስ ከም ዝሰማዓ ብምግላጽ፡ ንኹሎም ኣብ ቦኽሪ መጽሓፋ ዝተሓበበርዋን ዝተባበዕዋን ልባዊ ምስጋና ኣቕሪባ።

ሃብተገርግሽ ሃብተማርያም
ኣ/ዜ/ዞ/ዓንሰባ (ከረን)




፨ ዓርቢ 23 መጋቢት 2018ዓ.ም ሰዓት 6፡00 ድሕሪ ቐትሪ ኣብ ኣዳራሽ ሆቴል እምባ ሶይራ ብፍጹም እምሃ ዝተጻሕፈት "The secertary General of the United nation" ዘርእስታ፡ 331 ገጻት እትውንን ብቛንቋ እንግሊዝ ዝተደርሰት ሓዳስ ኖቮላዊት መጽሓፍ፡ ዕዱማት ኣጋይሽ፡ ስነ-ጥበበኛታት፡ ስፖርታውያን፡ ቤተ-ሰብ ደራሲን መሓዙትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ ተጸምቢላ።

ደራሲ ፍጹም እምሃ፡ "ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይተዓጠቕ" ዝብል ኣምርን ፍልስፍናን ህዝባዊ ግንባርን ኣብ ዓለም ንዘኽሰቶ ፖለቲካዊ ወጥሪ ናብ ሰላማዊ ምህንድስና ከምዝመርሕን ከምዝቕይርን ብምሕባር፡ ናይ ሎሚ ወለዶ ነዚ ዓቢ ክቡሪ ዘለዎ ሓይልን ምንጭን ሓሳባት፡ ናብ ኣካዳምያዊ ክእለታዊ ጠባይን ፈጠራውነትን ኣሰንዮም ብዕትብተት ክላበስዎ ብምትሕስሳብ ዘለዎም ውህብ ክብርታት ዋናታት ታሪኽ ኤርትራ ብምኳን ሃገራውን ዓለም ለኻውን ሓሳባት ንምምንፍጋው ከም ተወሳኺ ካብ'ዛ መጽሓፍ ክርከብ ከም ዝከኣል ገሊጹ።

# ኣህጉራዊ መዓልቲ ኦቲዝም

ዓንዶም ግርማይ

ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኤርትራ (ሃማኣምስኤ)፡ ነዚ ኣብዚ እዋን ዝፍለጠሉ ዘሎ ኣብ ካልኣይ ጉባኤኡ 29 ሕዳር 2014 ዝጸደቐ መለለዪ ስሙ ቅድሚ ምሓዙ፡ ከም ማሕበር ኣብ ዓመተ 2006 ክብጋገስ እንከሎ ዝጠበሮ መጸውዒ ስሙ፡ “ሃገራዊ ማሕበር ኦቲዝምን ዳውን ሲንድሮምን ኤርትራ” (ሃማኦዳሲኤ) ዝብል እዩ ነይሩ።



ሌ/ኮ ብርሃ በኹረጽዮን

ናይ ቅድም ሃገራዊ ማሕበር ኦቲዝምን ዳውን ሲንድሮምን ኤርትራ፡ ናይ ሎሚ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኤርትራ (ሃማኣምስኤ)፡ ግዱሳት ወለድን ካልኦት ዜጋታትን ብዘንቀልዎ ሓሳብን ግብራዊ ተበግሶታትን ኣብ ዓመተ 2006 እዩ ተመስሪቱ። ብሓልዮትን ምትሕብባርን ሚኒስትሪታት ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን፡ ጥዕናን ትምህርትን ከም ማሕበር እውን ክቐውም በቒዑ። እቲ ማሕበር፡ ቡቲ ኣቐዲሙ ዝጸንሐ መጸውዒኡ ማለት ሃገራዊ ማሕበር ኦቲዝምን ዳውን ሲንድሮምን ኤርትራ (ሃማኦዳሲኤ)፡ ወግዓዊ ተፈላጥነት ዝረኸበሉ ግዜ ግን፡ 24 ሰነ 2009 እዩ። ቀዳማይን መስራቲን ጉባኤኡ ድማ፡ ብ25 ሕዳር 2010 ብዓወት ኣቃኒዑ። ብመሰረት መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ዓንቀጻት፡ 404–482 ዝሀቦ መሰልን ግዴታን ዝቆመ ዘይመኽሰባዊ፡ ዘይመንግስታውን ነጻን ድማ እዩ። እቲ ማሕበር ኣብ መስራቲ ጉባኤኡ ማለት 25 ሕዳር 2010፡ 22 ዓንቀጻት ዝሓዘ ቅዋም ኣጽዲቑ'ዩ ተበጊሱ። ልክዕ እዩ ክብገስ እንከሎ፡ ሕጽረት ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብን ድኹምነት ጸጋታትን እኳ እንተነበሮ፡ ቡብግዚኡ ዓቕሚ ኣባላት እናወሰኸን ኣብ ርእሱ ካብ ውሽጢን ወጻኢን ወለንተኛታት ተሓጊዞም ወገናት እናተጸንበርዎ ስለ ዝቐጸለ ግን፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ደረጃ ምጉልዕላዕ በጺሑ ይርከብ።

ቀንዲ ዕላማን ተልእኾን ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኤርትራ (ሃማኣምስኤ)፡ ኑቲ ኣብ ሕብረተሰብ ሱር ሰዲዱ ዝጸንሐ ድሑር ኣመለኻኽታ ብዛዕባ ኣእምሮኣዊ ስንክልናን ካልኦት ተዛመድቲ ጸገማትን ከም ንፍሉያት ስድራቤታት ጥራሕ ዝምልከቶን፡ ምስ መርገም፡ ቁጠዐ ፈጣሪ፡ ምቕርሳስ፡ ዕድል፡ ... ዝኣመሰሉ ኣተኣሳሲርካ ምርኣይ ንዝጸንሐ ግጉይ ኣመለኻኽታ ወይ መረዳእታ፡ ብትምህርትን ጉስጓስን ኣቢልካ ቅኑዕ ርድኢትን ኣፍልጦን ሕብረተሰብ ከም ዝዓቢ ምግባር እዩ። በዚ መሰረት እምበኣር፡ ኣብ ሃገርና ንዝርከቡ ምስ'ዚ ስንክልና ንዝኾኑ ዜጋታት ኣብ ህይወቶም ምምሕያሻት ክህልዎምን ዝሓሸ ዕድላትን ብምፍጣር ድማ፡ መሰላቶም ምሕላውን ምእንትኦም ምጥባቕን እዩ። ከምኡ'ውን ንጸገማቶም ኣብ ግምት ዘእተወ ኣገልግሎታት ንክረኽቡ ምጽዓርን፡ ... ዝብሉ ብዓውደ ክሰርሓሎም ዝግበኦም ዕላማታት ዝሓቖፈ እውን ይርከብዎ። ነዚም ዕላማታት ኣብ ሽቶኦም ንምብጻሕ ድማ፡ ማሕበር ዕማማቱ ኣብ ቅዋሙ ብዝርዝር ኣነጺሩ ይርከብ፡ ኑቲ ዕማማት እተተግብር ሓሙሽተ ዝኣባላታ ኣካያዲት ኣካልን ሰለስተ ተቖጻጻሪት ኣካልን መሪጹ። ስዒን ባህሪን ማሕበር ምርኩስ ብምግባር፡ ንኹሉ ዕላማ'ቲ ማሕበር ንዝቕበሉ ግዱሳት ወገናት እውን፡ እቲ ማዕጾ ክፉት እዩ። ኣብ መስርሕ ምጽንባር ኣባልነት ማሕበር ሰለስተ ኣገባብ ኣለውዎ። እቶም ኣገባብ ከኣ፡ ቀዋሚ ኣባልነት፣ ወለዲ/ሞግዚት ምስ ኣእምሮኣውን ወይ ምዕባለኣውን ስንክልና ናይ ዝኾኑ ሰባት፣ ናይ ተሓጋጋዚቲ ኣባላት ከምኡ ድማ፡ ናይ ክቡሪ ኣባላትን ተባሂሎም ይጥቀሱ።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ኦቲዝም 2 ሚያዝያ 2018 ኣብ ሃገርና፡ “ምስ ኦቲዝም ዝነብራ ደቀንስትዮ ነሐይል” (Empowering Women and Girls with Autism) ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብኸቢብ ዝበለ መዓርግ ተዘኪራ ውዒላ። ኣብ'ቲ ኣብ ኣስመራ ኤክስፖ ኣዳራሽ ጂ-3 ዝተኻየደ ጽምብል ዝኸረ'ታ ዕለት፡ ሓላፊ መሰረታዊ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ መምህር ሰርጹ ተኽላይ ካብ ቤት ጽሕፈት ኤውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ኤርትራ ወይዘሮ ሉዝ የሴፍ፡ ሓለፍቲ ንኡሳን ዞባታት፡ ዳይረክተራት ኣብያተ ትምህርቲ፡ መምህራን ዞባ ማእከል፡ ወለዲን ኣለይቲን ናይቶም ባህርያዊ ስንክልና ዘለዎም ወገናትን ብርክት ዝበሉ ዕዱማትን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ መኽፈቲ ዝኸረ'ታ ዕለት ኣቦ መንበር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኤርትራ (ሃማኣምስኤ)፡ ሌ/ኮ ብርሃ በኹረጽዮን ኣብ ዘስመዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ ንዝኽሪ ኣህጉራዊ መዓልቲ ኦቲዝም ንምኽባር ኣብ'ቲ ኣዳራሽ ዝተኣከበ ህዝቢ፡ ብስም ማሕበር ክቡብ ዝበለ ምስጋናኡ ኣቕሪቡ። ኣብ 21 መጋቢት 2018 እውን፡ “What I can bring to Community” ብዝብል ቴማ ኣህጉራዊ መዓልቲ ዳውን ሲንድሮም፡ ብኸቢብ ዝበለ መዓርግ ተዘኪራ ከም ዝወዓለት ገሊጹ። ክልቲአን ኣህጉራውያን ዕለታት፡ ኣብ ጥሉልን ትሰፋውን ዝመስል ወቕቲ ኣዘመራ ምዝካረን ድማ ፍሉይ ከም ዝጉበረን ጠቒሱ።



ስ/ ሮቤል መረስዕ

ንሱ ቀጺሉ፡ ማሕበር ንመዓልቲ ኦቲዝም ንምዝካር ኣብ ዝተበገሰሉ እዋን፡ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ብምምራጽ፡ ኣብ'ታ ዝተሓርየት ቤት ትምህርቲ ኑቲ ብምኽንያት'ታ ዕለት ክካየዱ ዝወጠኖ መደብ ከሰላስሎ መደብ ሓንጺጹ ምንባሩ ኣረዲኡ። ኣብ መንጎ ግን፡ መማህራን ወሁድ ትምህርቲ ዞባ ማእከል እቲ መደብ ብሰፊሑ ክካየድ ሰፊሕ ቦታ ክምረጽ ከም ዘለዎ ሓደ ተበግሶ ኣንቀሎም። ምስ ማሕበር ብምርድዳእ ዝኸረ'ታ ዕለት ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ክካየድ ምምራጹ ድማ፡ ንሶም ብዘቕረብዎ ሓሳብ ምኻኑ ኣነጺሩ።

ሌ/ኮ ብርሃ ኣስዒቡ፡ “ኣብ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ሓድሽ ምዕራፍ ክኸፈት።” ተባሂሉ፡ ኣብ ሃገርና ብዓይኑ ናይ ፈለማ ዝኾኑ እቶም ምስ ባህርያዊ ስንክልና (ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን) ዝኾኑ ተማሃሮ ዝሳተፍዎ ኣብ ውሽጢ'ዛ ሰሙን ዝካየድ ስፖርታዊ ውድድር ቅኑ ተማሃሮ ተውዲቡ ምህላዉ ኣረዲኡ። ኣብ'ቲ ንባህርያዊ ስነ-ኣእምሮኣዊ ስንክልና ከሳትፍ ተበጊሱ ዘሎ ሓድሽ መደብ ስፖርታዊ ቅኑ ተማሃሮ፡ ብወገን ወለዲ ዕዙዝ ተሳትፎ ክህልዎ ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ተማሕጺኑ። ንወደብኡ'ዚን ኣካየድቲ እቲ መደብ'ውን ሞጉሱ። እቲ ዝካየድ ስፖርታዊ ቅኑ ተማሃሮ፡ ንዕቑር ዓቕሚ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ንምፍታሕ ሓጋዚ ከም ዝኾነን ብምእማን ድማ፡ ካብ መንጎ እቶም ዝተፈላለዩ ባህርያዊ ኣእምሮኣዊ ስንክልና ዘለዎም ወገናት ብኣቡኡት ክጥቀሱ ዝኽእሉ ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ክርከብዎም ከም ዝኽእሉ ኣሚቱ። እቲ ንጥፈታት ስፖርታዊ ቅኑ (ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን) ኣብ ኣስመራ ከይተሓጽረ፡ ጠመተ ተዋሂብዎ ኣብ ዓውደ ኣዋርሕ ዝምልከተን ኣካላት ሰፊሩ፡ ኣብ ሃገራውን ኣህጉራውን መድረኻት ከይተረፈ ጥጡሕ ባይታ ክፍጠረሉ ከም ዝግባእ እውን ኣተሓሳሲቡ።

ኣቦ መንበር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ኤርትራ ሌ/ኮ ብርሃ በኹረጽዮን ኣብ መውዳእታ፡ ኣብ ዝኸሪታት ኣህጉራውያን መዓልታት ኦቲዝምን ዳውን-ሲንድሮምን ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ትርጉም እተን ዕለታት ተረዲኡ ኣብ ጎድኒ'ቶም ምስ ባህሪያዊ ስንክልና ናይ ኣእምሮ ዝኾኑ ወገናቱ ደው ብምባል፡ ግብራዊ ሓልዮቱ ክርኢ ድርኺት ግዴታዊ ሓላፍነት ከማዕብል ጸዊዑ። ነዚ መዓልቲ ኦቲዝም ብኸሰለንትናዊ ኣገባብት ብምዕሩግ ደረጃ ንኽከበር ልዑል ኣስተዋጽኦ ዝገበሩ ኩሎም ኣካላት ብሓፈሻ፡ ንዕማም ማሕበር ንምስልሳል ቀይመን ኣበርክቶኣን ኣብ ምዕዛዝ ዝርከብ ክለባት ስነ-ጥበብ፡ መምህራን፡ ስነ-ልቦና፡ ጥዕና... ድማ ብፍላይ መጉሱ። ምስ ማሕበር ዝግበር ኩሉ መዳያዊ ምትሕግጋዝ ዕድሙ፡ ትሕዝቶ፡ ጸታ፡ ሃይማኖት፡ ... ዘይፈሊ ብምዃኑ ኸኣ፡ ማሕበር ዕድለኛ ምዃኑ እውን ኣስሚሩሉ።

ዝኽሪ ዓለማዊ መዓልቲ ኦቲዝም ንምንታይ ዕላማ? ንዝብል ሕቶ ንምብራህ፡ ሕብረተሰብ ብዛዕባ ምስ ኦቲዝም ዝነብሩ ውልቀሰባት ብሓፈሻ፡ ኣብ ቈልዑ ድማ ብፍላይ፡ ዝለዎም ኣፍልጦ ንምዕማቑን ንምዕባይን ተባሂሉ ዝግበር ኢጋጣሚ እዩ። ብዓለም ደረጃ ክረአ ከሎ፡ ደቀንስትዮ ብዙሕ ግዜ ንኣካላዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ጾታዊን ቁጠባዊን ጸገማት ዚያዳ ደቂ-ተባዕትዮ ተጠቃዕቲ እየን። ካብኡ ናብኡ ስንክልና ዘለወን ደቀንስትዮ ብሓፈሻ፡ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለወን ድማ ብፍላይ፡ በዚም ክብ ኢሎም ዝተጠቐሱ ጸገማት ብቐሊሉ ተጠቃዕቲ እየን።

ኣብቲ ኢጋጣሚ፡

- ኦቲዝም እንታይ'ዩ?
- ጠንቂ ኦቲዝም እንታይ'ዩ?
- ዝርግሐ ኦቲዝም ከመይ ይመስል?
- ቀንዲ ጠባያት ወይ ባህርያት ኦቲዝም እንታይ'ዮም?
- ምስ ኦቲዝም ዝነብሩ ቈልዑ ጸገማት ጥዕና ኣለዎምዶ?
- ብድሆታት ኦቲዝም ዘለዎም ቈልዑ... ሕቶታት ኣልዒሎም ሰፊሕ መብርሂ ዝሓዘለ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ብኸልተ ግዱሳት ኣባላት ሱብ ሞያ ጥዕና ቀሪቡ።

ኣብቲ ኢጋጣሚ ኣብ ርእሲ'ቶም ብማሕበር ዝተዳለዉ ዝተፈላለዩ መደባትን መዘናግዒታትን ስነ-ጥበበኛ የናስ ምሕረትኣብ (ማይናስ) እውን ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ተረኺቡ ነይሩ። “ኣነኸ ነዚም ምስ ባህርያዊ ስንክልና ናይ ኣእምሮ ዝነብሩ ኣሕዋተይን ደቀይን ንምሕጓስን ንምድሳትን ብዓቕመይን ቡቲ ዝኽእሎ ሞያን እጃመይ ዘየበርክተሉ ምኽንያት እንታይዶ ኣሎኒ'ዩ።” ብምባል፡ ንኣስታት ፍርቂ ሰዓት ድሙቕ ስነ-ጥበባዊ ፍርያቱ ብምቕራብ ኣዘናጊዑ።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ኦቲዝም፡ ብደረጃ ዓለም ሎሚ ዓመት ንመበል 12 ግዜኣ ክትዝከር እንከላ፡ ኣብ ሃገርና ካብ 2015 ጀሚራ ብጽቡብ ዝበለ ኣገባብ ክትዝከር ዝጀመረት ትኹን'ምበር፡ ወለዲን ኣለይቲን ስድራ ቤት ምስቲ ባህርያዊ ስንክልና ኦቲስቲክ ዝነብሩ ወገናት፡ መምህራን፡ ሓለፍቲ ዝተፈላለየ ትካላት መንግስቲ፡ ዕዱማት... ብምዕዳም ብሰፊሑን ብፍሉይን ኣገባብ ክትዝከር ምግባር ግን፡ እዛ ናይ ሎሚ ዓመት ናይ ፈለማ ኢያ። ከም ውጽኢቱ ልዕሊ 600 ሰባት ተሳቲፎም።

ድሕሪ ምዝዛም ወግዓዊ ስነ-ስርዓት ዝኽረ'ታ ዕለትን እቶም ምስ ኦቲስቲክ ዝነብሩ ወገናት፡ ብወለዶምን ኣለይቶምን ተሰንዮም ኣብ'ቲ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ኤክስፖ ንመዘናግዒን መጻወቲን ህጻናት ተባሂሉ ዝተደኮነ ቀጽሪ ህጻናት እናተዘዋወሩ ብሓገስ ተጻዊቶምን ተዘናጊዮምን።



***



ሃ ማ መ ተ ኤ

ኣብዛ ዓለም'ዚኣስ፡ ዘይምሓደር ነገር ይህሉ'ዶ ይኸውን፧ ኣይመስለናን፡ ደይ ኩሉ ብምምሕዳር'ዩ ዝንንዝ። ኩሉ'ዩ ዝመሓደር፡ ዓለም ትምሓደር፡ ሃገር ትምሓደር፡ ስድራ ትመሓደር፡ ውልቃዊ ህይወት ይምሓደር፡ ገንዘብ ይምሓደር፡ ጭንቀት ይምሓደር፡ ቅልውላው ይምሓደር (managing crisis)፡ ጸገም'ውን ይምሓደር እዩ። ብግቡእ ዝተማሓደረ ነገር ድማ ኣርባሒ እዩ። ንሎሚ'ምበኣር፡ ካብ'ታ ብዶ/ር ሮበርት ሹለር ዝተደርሰት 'Tough Times Never Last, But Tough People Do!' ዘርእስታ መጽሓፍ ዝተወሰደ፡ ጸገምካ ንምምሕዳር ዝሕግዝ ትሕዝቶ ነቕርበልኩም፥

ነፍሲወከፍ ሰብ ጸገም ኣለዎ። ንስኻ'ውን ጸገም ኣሎካ። ንጸገማትካ ብኸመይ ከምተመሓድሮም ምፍላጥ ድማ ኣገዳሲ እዩ።

እትፈቕሮ ሰብ ሓደው ብፍትሕ ወይ ብሞት'ዶ ስኢንካ፧ ካንሰር ኣሎካ'ዶ ተባሂልካ፧ ሕጽረት ገንዘብ'ዶ ኣጋጢሙካ፧ ዶስ ኣብ ክሳራ ኣቲኻ ኢኻ፧

ሎሚ ጸገም እንተሃልዩካ - እቲ ጸገም ብዘየገድስ - ክሕግዘካ'የ። ፍቓደኛ ጥራይ ኩን። ዝዓም ዝስዕቡ መምርሒታት ተኸተል፥

1. **ንጸገምካ ኣነኣኢስካ ኣይትርኣዮ**

ንጸገምካ ወይ ነቲ ዘጋጠመካ ጸገም ንምፍታሕ ዘኽእለካ ውሽጣዊ ሓይልኻ ኣይተነኣእሶ። ጸገማት ዘይፍትሑ ወይ ክመሓደሩ ዘይኽእሉ ምኽንያት፡ ብዕቱብነት ስለዘይተሓዙ እዮም። ንኣብነት፥ ብዛዕባ'ዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ጸጸት ተሰሚዑካ'ዶ ይፈልጥ፧

"ከራሽ ኣይኩንኩን። ብዛዕባ ምሕላው ክብደት ዘጨንቐ የብለይን።"

"ኣብ ትምህርተይ 'ኤ' ወይ 'ቢ' ኣይረኸብኩን። ብዘኹነ ግን እሓልፍ ኣለኹ።"

"ከምቲ ግቡእ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ይገብር የለኹን። ብዘኹነ ግን ደሓን ኣለኹ።"

"መጠን ዘትኽኹ ዘለኹ ከጕድል'ኳ እንተሎኒ፡ ዘጨንቐ ግን የብለይን። ናይ ሳንቡእ ካንሰር፡ ንኻልኦት ይቶትሎም ይኸውን'ዩ። ንዓይ ግን ኣይተንክፈንን እዩ።"

እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣተሓሳስባታት ኣዝዮም ሓደገኛታት እዮም። ምናልባት ብላዕሊ ላዕሊ ቀለልቲ መሲሎም ክረኣዩና ይኽእሉ እዮም። ኣዕሚቕና ኣብ ንምርምረሉ እዋን ግን፡ ኣዝዮም ከበድቲ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። እምበኣር ንጸገማትና ኣቓሊልና ካብ ምርኣይ ክንሕየብ ኣገዳሲ ይኸውን። ጸገማት ልክዕ ከም ጥንሲ እዮም። ህላወኦም ክሳብ ክኽወል ዘይከኣል ድማ ይዓኩ። ንእሽቶ ጥንሲ ዝበሃል የልቦን። ከምኡ ድማ ዕሽሽ ክበሃል ዘለዎ ጸገም ኩቶ የልቦን።

እቲ ኣጋጢሙካ ዘሎ ጸገም፡ ንሚልዮናት ሰባት ዘጋጥም ምዃኑ ኣስተውዕል። እቲ ጸገምካ ንምፍታሕ ወይ ንምብዳህ እትወስዶ ስጉምቲ፡ ነቲ ጸገምካ ዘኹትሎ ሳዕቤን ዝውስን እዩ። ጥራይ ብዕቱብነት ዕየ'ምበር፡ ጸገምካ ንምፍታሕ ዘኽእል እኹል ሓይሊ ኣብ ውሽጥኻ ኣሎ።

ብዙሓት፡ ንዘጋጠሞም ጸገማት ብእወታዊ ኣተሓሳስባ ብምግጣም ዝሰዓሩ እፈልጥ እየ። ንሳቶም፡ ንበሰለኦም ብናይ ዓወት ሻሸ ክዘንኑ ኪኢሎም እዮም።

2. **ንጸገማትካ ኣይተጋንን**

ንትካልካ ትዓጽዎ ዲኻ ዘሎኻ፧ እዚ መወዳእታ ዓለም ኣይኩነን። ካልእ ዋኒን ክትከፍት ትኽእል ኢኻ።

ስራሕ የብልካን፧ ስራሕ ኣይትረኽብን ኢኻ ማለት ኣይኩነን።

ብኹሉ'ዶ ጽቡብ ኢሉካ'ሎ፧ ምናልባት ንጸገማትካ ተጋንኖም ከይትህሉ ኣስተውዕል። ንዘሎካ ጸገም ምስ ናይ ካልእ ሰብ ጸገም ክትላወጦ ምደለኻ'ዶ፧ ኣይመስለንን። ጽንኩርነት ጸገምካ ክሓልፍ እዩ።

እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንግዝእ ርእስኻ ሕተት፥ እቲ ዘኸፍአ ኪጋጥመኒ ዝኽእል እንታይ እዩ፧ ከማሓድሮ'ኸ እኽእል'ዶ፧

ጸገማትካ ብህድኣት ክትፈትሖ ዝከኣል እዩ። እዚ ኸውን ዘኸውን ግን ንዕምቀት፡ ንውሓትን ጉድንን ጸገማትካ፧ ካብ ምግናን ምስ ትቑጠብ ጥራይ እዩ።

3. **ኣይትጸበ**

ንትዕግስቲ ዝኸውን ጊዜን ቦታን ኣሎ። እዚ ግን ንኹሎም ተኽእሎታት ድሕሪ ምፍታንካን፡ ዝኣክል ናይ መፍትሒታት ዘርኢ ምስ ዘራእካን ዝመጽእ እዩ። ኣራጢጥካ ኩፍ ብምባል፡ ጸገምካ ባዕሉ ክፍትሓልካ ምጽባይ ምስ ትዕግስቲ ክቑጸር ኣይክእልን። ስራሕ እንተዘይብልካ ኩይኑ፡ ስራሕ ኣሎና'ሞ ንዓ፡ ብምባል ቴለፎን ዝድውለልካ ወይ ደብዳበ ዝልእከልካ ኣስራሒ የልቦን። መንግስቲ'ውን እንተኾነ ቴለፎን ደዊሉ፡ ከምዚ ዓይነት ስራሕ ኣሎ'ሞ፡ ንዓ ስራሕ ክብለካ ኣይትጽበ።

ከምኡ እንተጋጠመ ማሕረ! ከምኡ ንኽጋጥም ምጽባይ ግን ዕሽነት ጥራይ እዩ። ብዙሓት ጸገማት፡ ምስ ግዜ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ናይ ምዕባይ ተኽእሎ ከም ዘለዎም ኣይትዘንግዕ። ካብ ጸገምካ ዘናግፍ ሰብ ወይ ኣካል ክሳብ ትረክብ ምጽባይ፡ ጸገምካ ብግዝእ ርእሱ ንክራባሕ ግዜ ከም ምሃብ'ዩ ዝቑጸር።

ምጽባይ፡ ግዜን ዕድላትን ምብኻን ጥራይ እዩ።

ጸገማትካ ክትፈትሕ ድሌት እንተሃልዩካ፡ ሰብ ክሕግዘካ ኣይትጸበ። ባዕልካ ክትፈትሖ ፈትን። ጸገምካ ምምሕዳር ናትካ ውልቃዊ ሓላፍነት ጥራይ ምዃኑ ኣስተውዕል። ዝኾነ ሰብ ጸገምካ ክፈትሓልካ ኣይትጸበ።

ንጸገምካ ካልእ ሰብ ክፈትሓልካ ትጽበ እንተኾንካ፡ ክትጉሂ ጥራይ ኢኻ። ካብኡ ዝገደደ ድማ መማረሪ ኩንኻ ኢኻ ትተርፍ።

# ሓሳባት

# ምሕደራ ጸገምካ

ሚኪኤል ኣዳም

4. **ንጸገማትካ ኣይተጋድዶም**

ንጸገማትና ከነማሓይሾም ወይ ከነጋድዶም ዘኽእል ሓይሊ ኣሎና። እዚ ድማ ብመሰረት እንህቦ እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ግብረ መልሲ ዝውሰን እዩ። እቲ ልሙድ መልሰ ተግባር፡ ብጸገምካ ምስጋእ እዩ። ስግኣት ዘለዎም ሰባት፡ ቊጥዓት'ዮም። ራዕዲ ዘለዎም ሰባት ጽልኢ የንጸባርቑ። ጽልእን ቊጥዐን ድማ ንጸገማት መሊሶም የጋድድዎም። እቲ ምንታይ፡ እወታውያን ግብረ መልሲ ስለዘይኩኑ። ኣብ ምፍታሕ ጸገም ዝኾነ ኣበርክቶ የብሎምን።

ስራሕ'ዶ ስኢንካ፧ ነታ ካብ ስራሕ ዘረፈተትካ ኩባንያ ኣይትጽላኣያ። ብተመሳሳሊ፡ ሃገርካ ናይ ስራሕ ዕድል ስለዘይሃበትካ ወይ ሕብረተ ሰብካ፡ ብዛዕባ'ቶም ሸቕለት ኣልቦነት ዘንነፎም ዜጋታት ብዘርእዮ ናይ እንታይ ገደሰኒ ኣመለካኽታ ኣይትጽላኣዮም።

ሓደ እዋን ኣሰልጣኒ ጆን ዉደን ከምዚ ክብል ከሎ ሰማዕክዎ፡ 'ሰብ ዝሰዓር፡ ንኻልኦት ክውንጅል ምስ ዝጅምር ጥራይ'ዩ።'

ምኽረይ'ምበኣር፡ 'ንውንጀላ ዘይኩኑ፡ ንጸገምካ ጸግን' ዝብል'ዩ። ንኣሉታውያን ስምዒታትካ ክትቆጻጸር ምስ ትጅምር ድማ ኢኻ ጸገምካ ክትጸግን ትጅምር።

ጸገም ምስ ዘጋጥመካ፡ ካልእ ጸገም ኣይትወስኸሉ። ብቐንኢ፡ ነብስኻ ብምንዓቕ፡ ንኻልኦት ብምስትንዓቕ፡ ብቝጥዕ ወይ ብዛዕባ መጻኢ እወታዊ እምንቶ ብምጥፋእ ኣይተጋድዶ።

5. **ንኣእምሮኻ ብንጹራት ሓሳባት ኣብርሆዮ**

ንኣእምሮኻ ኣብራሃዮ። በሊሕ ኩን፡ ንብልሕኻ ድማ ነናሻዕ ወስኸሉ። ንግዝእ ርእስኻ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሕተታ፡

'ቅድሚ ሕጂ ከምዚ ናተይ ጸገም ጉኒፍዎ፡ ንዑኡ በዲሁ ዝተዓወተ ሰብ ኣሎ'ዶ፧'

'ጸገመይ፡ ብልክዕ እንታይ እዩ፧'

'ሕጽረት ገንዘብ ድዩ ወይስ ምስልካይ፧'

ጸገምካ፡ ፊናንሳዊ ምስ ዝኸውን፡ ኣጸቢቕካ ሕሰብ። ብሓቂ'ኸ ጸገምካ እንታይ እዩ፧ ሕጽረት ገንዘብ'ዶ ወይስ ነቲ ዘሎኻ ማል ናይ ምምሕዳር ጸገም። ምናልባት፡ ንገለ ካብቲ ንመሰረታውያን ዘይኩኑ ነገራት እተውጽኦ ገንዘብ ከተጉድል የድልየካ ይኸውን'ዩ። ኣስተውዕል! ናይ ሓሳብ ጸገም ደኣ'ምበር፡ ናይ ገንዘብ ጸገም ዘለዎ ሰብ ሓደ'ኳ የልቦን።

ጸገምካ ንምፍታሕ፡ ቀዳማይ፡ ጸገምካ እንታይ ምዃኑ ብልክዕ ፍለጥ። ካልኣይ፡ ብዛዕባ'ቲ ጸገም ዝኾነ ስጉምቲ ምስ ዘይትወስድ እንታይ ኪጋጥመካ ከምዝኽእል ትንቢትካ ሃብ። ሳልሳይ፡ ካብቶም ዝህልዉኻ ኣማራጺታት ኣየናይ ከም ዝሓይሽ ወስን። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ነቲ ዝኣመንካሉ መፍትሒ ኣብ ተግባር ኣውዕሎ።

6. **ንግዝእ ርእስኻ ኣተባብዕ**

ጸገም ኣብ ዘጓንፈካ እዋን፡ ብዛዕባ እወታውያን መፍትሒታት ምስልሳል ናብ እወታዊ ስጉምቲ ይመርሓካ እዩ። ንሓደ ኣብ ቅዲ ኣኽብርኡ መሰረታዊ ለውጢ ዘድለዮ ዝበረ ሰብ፡ 'ሕማቕ ኣመል ወይ ልምዲ ንምሕዳግ ሓሞት ይሓትት እዩ' በልክዎ። ናይቲ ሰብ'ቲ ጸገም ልክዑ ዝሓለፈ ናይ መስተ ወልፊ ነበረ። ቀንዲ ጠንቂ ድማ ንዓመታት ምስኡ ዝተጓዓዙ ስታያት ኣዕሩኽቱ ነበሩ። 'ካብዞም ጭፍራ ክትርሕቕ ኣሎካ' ዝብል ምኽሪ ሃብክዎ። ንሱ ድማ ንምኽረይ ሰምዐ። ጸገሙ ድማ ተፈትሐ።

ንሓደ ካልእ ብሸቕለት ኣልቦነት ዝሳቐ ሰብ ድማ፡ 'ነፍሲ ወከፍ መሰናኽል ዕድል ክኸውን ይኽእል'ዩ፡ ሕሰብ'ሞ፡ ኣብ ስራሕ ከለኻ ዘይነበሩኻ ሕጂ ግን ዘለዉኻ ዕድላት ብዝርዝር ሐዝካ ድሕሪ ሰሙን ምጻኒ' በልክዎ። ድሕሪ ሓደ ሰሙን ድማ፡ እዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ኣነቓቓሕቲ ዕድላት ሒዙ መጻኒ፡ (1.) ናተይ ናይ ውልቀይ ትካል ክኸፍት ዕድል ኣሎኒ። (2.) ናብ ዝተፈላለየ ቦታታት ናይ ምጋሽ ዕድል ኣሎኒ። (3.) ትምህርቲ ክምሃር ዕድል ኣሎኒ። (4.) ንስድራቤተይ እኹል ግዜ ክህብ ዕድል ኣሎኒ።

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ እቲ ዝተረፈ ሓሳባት፡ ነታ መጽሓፍ ረኺብኩም ኣንብብዎ። እቲ ምንታይ፡ ጸገምካ ንምምሕዳር፡ መጽሓፍ ምንባብ ኣድላዩ ስለዝኾነ። ሰሰናዩ!

# እዛ ህይወት ኢሎማስ ደቀይ!

መም/ ዮናስ ሃብተ

ህይወት ብኹብኣ ዝረቀቐ ስነ-ጥበባዊ ዝተቐብኣት ረቃቕ ቅብኣ'ያ፡ ምፍላዩ ዘጸግም ሓበጀረዋይ ቀለማት ዝተደንከላ ካንቫስ። ህይወት ሕልና ዘይብላ ኣረሜን'ያ፡ ከምቲ ዝደለየቶ እምበር ከምቲ ዝተመነናያ ዘይትኸውን... ጨካን! ህይወት ኣይግዳዳ'ያ፡ ካብ ምቁጽጻርና ወጻኢ.... ቀይዲ በተኽ! ህይወት ጎነጽ'ያ፡ ድሌትና ረጊጻ ድሊታ እተዕዝዝ... ጎጣይት። ህይወት ሚዛናዊ ኣጠማምታን ዝኑቕ ፍቕርን ዘይብላ ኣድልዎ'ያ ... መሻረዊት።

ህይወት፡ ንገሊኡ ጨካንን ለዋህን ገጻታ በብእብረ ተፈራርቐሉ፡ ንገሊኡ ድማ ለዋህ ጎድና ጥራይ ትምጥወሉ። ንገሊኡ በቲ ጨካን ሸነኻ ጥራይ ትግተረሉ፡ ንገሊኡ ግን ናይ ምቕች ጆባእታኣ ትዝርግሓሉ። ንገሊኡ ብዘይ ምኽንያት ትስሕቀሉ፡ ንገሊኡ ከሐጕሳ እናጸዓረ በቲ ቁጽርጻር ገጻ ትጽወገሉ። ንገሊኡ ብሰነፉ ተጣቓዓሉ፡ ንገሊኡ ግን ብንፋዑ ትፍክረሉ።. . . እዛ ህይወት ኢሎማስ ደቀይ!

ህይወት ደርሆ''ያ ከምቲ ተዛረብቲ ዝብልዎ፡ ንገሊኡ ካብቲ ዘየለ ትሓቑፎ፡ ንገሊኡ ጸሕቲራ ጸሕቲራ ትጉሕፎ። ንገሊኡ ትወልደሉ፡ ንገሊኡ ትሓርእሉ። ንገሊኡ ትሕብሕቦ ንገሊኡ ትተኹቦ። ንገሊኡ ብልግሲ ሸሻያ ተሳስዮ፡ ንገሊኡ ብሓለንጊ ጥሜት ገሪፋ ገሪፋ ብስቓይ ተላድዮ። ክበሃል ይከኣል'ዶ'ኾን ይኸውን? ህይወት እዚ'ያ ወይ ህይወት እዚ ኣይኮነትን ክንብላ ክንፍትን?. . . ኣይግድን። ካብቲ ኣብ ነነብስና ዝተኸስተ መልክዓ ተበጊስና ገለ ክንብላ ግን፡ ይከኣል ይኸውን።

እታ ትማሊ ኣፍ ልባ ነፊሓ ጠመተኣ ዘርጊሓ፡ ብዘይ ስክፍታ ትዘለል፡ ናጻ ኮይና ትዕንድር፡ ከም ኩሉ ንቡር ኣተሓሳስባ ዘለዎ ሰብ ንቡር ትምኒ፡ ጽቡቕ ትብህግ፡ ዝነበረት'ሞ ... ብዘይ ገመተቶ ኩነትን ኣብ ዘይተጸበየቶ ህሞትን ሃንደበት ጻሕ ምስ በለት፡ ንጽቡቕ መልክዓ ብዝደወነ ኩነታት ተለሓሒጻ፡ ብከቢድ ሃስያ ዝተረማመሰት። እታ'ኳ ብሕማቕ ኣጋጣሚ ምስ ተዓንቀፈት፡ ብደምበርበር ዘይተገላገለት። ቁልቁል ኣፋ ተተኺላ ንጸገም ምስ ቦቐለት፡ ብውህሉል ጓሂ ብርኩት ፍርሒ ፈርያ፡ ኩሉ ሰብ ፈንፊኑ ብኩናት ኣዒንቱ ንክይወግኣ፡ ኣብ ጸላም ተሸጒጣ፡ ብስቡር ሞራል ዘየነይት ተግባር ክትሽይጥ እተምስን እትሓድርን ጓል ሄዋን፡ "ህይወት ንዓኺ እንታይ ኢያ?" ተባሂላ እንተ ትሕተት፡ "ህይወት ምቅርቲ'ያ!" ክትብል መን ይጽበያ? ህይወት ንዕኣ ስጋእ ሓሊፉ ክሳብ የዕጽምታ ወጊኣታ ኢያ'ሞ... 'ህይወት እሾኽ መርገምያ!' እንተ በለት'ከ መን'ዩ ዘይበጽሖ ኮይኑ ኣይፋልክን ክብላ!?

ንሳ ስምዒታ ብዝሕትሉ ልባ ብቐሑሩ፡ ዓጽመ ስጋእ ብምሽሙሹ መንፈሳ ብርብሹ፡ ኣእምሮኣ ብድንዛዙ ኩለንትናኣ ብምርዙ... ስምዒት ዘይብላ ስምዒታት እናማታ እተሰሲ፡ ንባዕላ ከየስተማቐረት ንኻልኦት እትምቅር፡ ኣብ ማሙቕ እናደቀሰት እትቖርር፡ ንነብሳ ብነብሳ እናፈንፈነት ብሕፍረት እትነብር ሰብ ኢያ'ሞ፡ "ህይወት ጣዕሚ ኣልቦ'ያ።" እንተ በለት፡ ሕራይ ገበረት። እዛ ፍጥረት እዚኣ፡ ውሽጣ እናዓበረ ግዳማ ዝሃጥር፡ ኣስናና እናተፈሸኸ ልባ ዝሓርር፡ ከባቢኣ እናበርሀ ውሻጠኣ ዝጸልምት፡ ኣዒንታ ውሪሕሪሕ እናበላ ርእየታ ዝዕመት፡ ንይምሰል እትነብር መስኪን እያ'ሞ፡ "ህይወት ጨጨጓሩ ንውሽጢ'ያ!" እንተ በለት፡ ካብቲ ምስሉይ ናብረኣ ተበጊሳ ኢያ'ሞ ጌጋ የብላን።

# ስፖርት

ኤርምያስ ገብረልዑል ermileul@gmail.com

## ደያኑ ‘ባች’ ተቐቢሎም

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንጸወታ ኵዕሶ እግሪ ዝዳንዱ ኢንተርናሽናል ተሓጋገዝቲ ዳኛ በኺት ዑመርን ሱሌማን ሳልሕን ካብ ፊፋ ዝተሳእከሎም ባች ናይ 2018፡ ምስ ምጅማር ዞባዊ ሊግ ዞባ ዓንሰባ ተቐቢሎም።

ኣብቲ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ስታድዩም ጆኮ ዝተኻየደ ናይ መኽፈቲ ሊግ ስነስርዓት፡ እቶም ደያኑ ካብ ኢድ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤርትራ ኣቶ ኢሳያስ ኣብርሃም ተቐቢሎ።

ብመሰረት ሃገራዊ ፌደረሽን ኵዕሶ እግሪ ዘውጽኦ እማመ፡ ኩሎም ኢንተርናሽናል ደያኑን ተሓጋገዝቶምን፡ እቲ ካብ ፊፋ ዝተሳእከሎም ዓመታዊ ባች መምስ ምጅማር ኣናይ ዞባኦም ሊግ ክቕበሉ እዮም። ኣቐዲሙ ኣብ ዞባ ማእከል ዝተኻየደ ምዕዳል ምስ ምጅማር ሱፐር ዲቪዥን ኤ ዞባ ማእከል ከምዝተሰላሰለ ይዝከር።

## ስፖርታዊ ውድድራት ከተማ መንደፈራ ቀጺሉ

ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክሊታ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ንኻልኣይ ሰሙን ክቕጽል እንከሎ፡ ውድድር ኵዕሶ ሰኪዔት ትሕቲ 18 ዓመት ድማ ፈሊሙ።

ብቐዳም ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ፡ ንኽልቲኡ ጾታታት ዝጣመረ ግጥማት ኵዕሶ ሰኪዔት እዩ ተኻይዱ። ፈለማ ጸወታኣን ዘካየዳ ጋንታታት ደቀንስትዮ፡ ሲንባን ፎርቶ እየን ነይረን። ካብ ፈለማ ናይ’ቲ ጸወታ፡ ጋንታ ፎርቶ ዓብላሊት ኮይና ብምቕራብ፡ ንዝረኸበቶ ዕድላት ናብ ውጽኢት ክትቕይሮ ጀመረት። ብፍላይ ኣብርሀት ወልዳይ ብእተንጻባርቕ ዝነበረት ብቕዓት ንጋንታኣ ዓቢ ኣበርክቶ ነይርዋ። ሲንባ ንዓብላልነት ናይ መጋጥምታ ንምምካት ሓያል ጻዕሪ’ኳ እንተገበረት፡ ካብ ስዕረት ክትናገፍ ግን ኣይከኣለትን። ጸወታ ብዓወት ፎርቶ 33-ብ18 ተዛዚሙ።

ስዒበን ጸወታኣን ዘካየዳ ጋንታታት ደቀንስትዮ፡ ፍሬናን ባስኬት እየን ነይረን። ኣብ’ቲ ተመጣጣኒ ብቕዓት ዝነበሮ ቅልስ፡ ብዓወት ባስኬት 17-ብ11 ተፈጺሙ።

ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ፎርቶን ፍሬናን ኣብ ዘካየድኦ ግጥም፡ ፎርቶ 42-ብ31 ተዓዊታ። ብተመሳሳሊ ኣብ መንጎ ሲንባን ባስኬትን ኣብ ዝተኻየደ ናይ’ታ መዓልቲ ናይ መወዳእታ ጸወታ፡ ባስኬት 55-ብ18 ተዓዊታ።

ብዘይካዚ ኣብ መንጎ ኣርባዕተ ዲቪዝዮናት ኣብ ዝተኻየደ ናይ ብሽክሊታ ቅድድም ካብ ራብዓይ ዲቪዝዮን፡ ኣማኒኤል ርእሶም፡ ደበሳይ ፍረወንጌል፡ ናትናኤል ገብረብርሃን ክዕወቱ እንከለው፡ ካብ ሳልሳይ ዲቪዝዮን ከኣ መድሃኔ ተኽለ፡ ዳንኤል ቴድሮስን ሓበን ኪዳንን ቀዳሞት ሰለስተ ኮይኖም።

ኣብ ውድድር ካልኣይ ዲቪዝዮን ዩኤል ኣስመሮም፡ ናትናኤል የናስ ካብ ዓዲ-ባራ፡ ሴም ግርማይ ካብ ኩዶፈላሲ ዕውታት ክኾኑ እንከለው፡ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ውድድር ከኣ ልእልቲ በረኸት፡ ሃና ምሕረትኣብን ኣርሴማ ሃብተሚካኤልን ተዓዊተን።

ኣብ መወዳእታ ውድድሮም ዘሰላሰሉ ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ድቪዝዮን እዮም። 52 ኪሎ ሜተር ንምሽፋን ኣብ ዘካየድዎ ጉዕዞ፡ ፈለማ ዝሓሉል ጸወታ እዮም ኣርእዮም። ምስ ግዜ ግና ዓብይ ጉጅለ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ጉጅለታት ክትመቓቐል ተራእያ።

ድሕሪ ናይ መወዳእታ ደወል፡ ካብ ቀዳማይ ጉጅለ ኣብ ዝተኻየደ ቮላታ፡ ተቐዳዳማይ የውሃንስ መንግስት ኣብ ፈላሚ ናይ መድረኽ ዓወቱ ክጎናጸፍ እንከሎ፡ ንዕኡ ስዒቦም ሕንጻጽ ዝረገጹ ድማ ኬቨን ሙሴ እምኒ ሓይሊን ቢንያም መኮነን ካብ ዓዲ ሓረ እዮም።

ኑር ጀማል

መደብ ጸወታ
ሎሚ
ግጥም ሻምፕዮን ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን ኤ ዞባ ማእከል
ኩባንያ ሰምበል - ጉዞባንዳ
ኣልታሕረር - ኣርባዕተ ኣስመራ
ኣስመራ ቢራ - ቲራቮሎ
ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚረን ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክገጥማ እየን።

ዩሮፓ ሊግ
ኣርሰናል - ሲኤስኬ ሞስኮ
ኣትሌ. ማድሪድ - ስፖርቲን ሊዝበን
ላዝዮ - ሬድ ቡል ሳልዝበርግ
ሌፕዚግ - ማርሴ
ኩሉ ጸወታታት ካብ 10፡05 ጀሚሩ ክካየድ እዩ።

## ደንደንን ኣዱሊስን ነጥቢ ተማቒለን

ብኣንጻሩ፡ ኣዱሊስ ኣብ መበል 13 ደቒቕ ሳምሶም ገብረዋህድ ካብ ፍርቂ ሜዳ ተቓሊሱ ናብ ልዳት ደንደን ተጸጊዑ ናብ ወዲ ጋንታኡ ንዘለኣኻ ኵዕሶ ጥሕሻ ተኽለወይኒ ምስ ሰኪዔት ኣራኺብዋ።በዚ ድማ ኣዱሊስ 1-ብ0 መሪሕነት ሓዚት።

እዛ ሽቶ ንኽልቲኣን ጋንታታት ዘበራበረት እንክትመስል ጸወታ ዝበለጸ ምንቅስቓስ ክረኣዮ ጀመረ - ብፍላይ ብወገን ተጻወትቲ ደንደን።

ኣብ መበል 17 ደቒቕ ሮቤል ኪዳን ዝፈተና ሓላዊ ልዳት ኣዱሊስ ስዩም ቦኽረጼን ዘምከኖ ትጥቀስ።

ኣዱሊስ እውን ኣብ መበል 34 ደቒቕ ተጻዋታያ ሳምሶም ገብረዋህድ ብውልቃዊ ክእለቱ ናብ ልዳት ኣንጻር ጋንታኡ ዘብጽሓን ወዲ ጋንታኡ ዳዊት ሃብተ ናብ ሽቶ ክቕይራ ዘይከኣለን ድማ ትጥቀስ።

ጸወታ ድማ ናብ ዕረፍቲ ብመሪሕነት ኣዱሊስ 1-ብ0 ኣምርሐ።

ኣብ ዝሰዓበ 45 ደቒቕ ጸወታ ብኽልቲኣን ወገን ሓያል ቅልስ እዩ ተራእዩዎ። ደንደን ተደጋጋሚ ፈተነታት ድሕሪ ምኪያድ ፍጹም ቅላዕ ረኺባ። ብመገዲ ሚኪኤል ዘርኣ ድማ ማዕረ እትገብራ ሽቶ ኣመዝገባ።

ግጥም ሻምፕዮን ጋንታታት ሱፐር ዲቪዥን ኤ ዞባ ማእከል ሎሚ እውን ካብ ፍርቂ መዓልቲ ጀሚሩ ብዝካየዱ ጸወታታት ክቕጽል እዩ።

ዝሓለፈ ሰንበት ብሰንኪ ዝናብ ዝተቛረጸ ግጥም ክለባት ደንደንን ኣዱሊስን ትማሊ ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ክልቲኣን ክለባት ማዕረ ብምፍልላየን ነጥቢ ተማቒለን።

እዚ ግጥም ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ መበል 24 ደቒቕ ይቋረጽ ደኣ እምበር፡ ሽቶ ስለዘየኣንገደ ትማሊ ምሉእ ግዜ እየን ተጻዊተን።

እዘን ዓቢ ኣተኩሮ ዝተገበረለን ጋንታታት፡ ከም ትጽቢት ሓያል ተዓዘብቲ ካብ መጀመርታኡ እዩ ሓያል ተዋዳዳርነት ተራእዩዎ። ኣብ መጀመርታ ደቓይቕ ናይቲ ግጥም፡ ኣጥቃዒ ክለብ ደንደን ሮቤል ኪዳን ናብ ልዳት ኣዱሊስ ዝወርወሮ ልዕሊ ወርወር ዝወጸት ፈተነ ተጠቃሲት ነይራ። እዚ ተጻዋታይ’ዚ በዚ ኣይተዓገተን ብተደጋጋሚ ንተኸላኸልቲ ኣዱሊስ ክጨንቕ እዩ ተራእዩ።

## ቅንጥብጣብ

+ ሓላዊ ልዳት ክለብ ፖርቶ ኢከር ካሲያስ፡ ኣብ ናይ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ዘመኑ መበል 1000 ጸወታኡ ኣካይዱ። ኣብ 1999 ምስ ክለብ ሪያል ማድሪድ ናይ ፕሮፌሽናል ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ጉዕዞኡ ዝጀመረ ካሲያስ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ እዩ ክለቡ ፖርቶ ብበለንሰንሰስ 2-ብ0 ኣብ ዝተረትዐትሉ ግጥም ኑቲ ናይ ምስላፍ ኣሃዝ በጺሕዎ። ብሓፈሻ 23 ዓበይቲ ጽዋእ ዘልዓለ እዚ ወዲ 36 ዓመት ሓላዊ ልዳት፡ ምስ ሃገሩ እስጳኛ ንውድድር ዋንጫ ዓለም 2010 ዘልዓለሉ ከምኡ ድማ ድሕሪ ሓደ ዓመት ናይ ጸወታ ግዚኡ (ኣብ 2000 ምዃኑ እዩ) ምስ ሪያል ማድሪድ ዘልዓላ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ እተን ተጠቀስቲ ዓወታቱ እየን። ማልያ ሪያል ማድሪድ ወድዩ 725 ጸወታታት ዘካየደ ካሲያስ፡ ምስ ሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ 167 ግዜ ብምስላፍ ክብረወሰን ኣብ ርእሲ ምሓዙ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን እውን ብክለብ ሊቨርፑል ይህደን ምህላው ይንገር።

+ ብክለባት ሊቨርፑልን ቸልሲን ክህደን ዝጸንሐ ፈራን ቶረስ ምስ ቫለንሲያ ክሳብ 2021 ዘንጽሐ ሓድሽ ተወሳኺ ውዕል ኩቲሙ። ኣቐዲሙ ኣቓልቦ ክለባት ሪያል ማድሪድን ባርሴሎናን ስሒቡ ዝነበረ ቶረስ፡ ኣብዚ ሓድሽ ውዕሉ፡ ካብ ቫለንሲያ እንተደኣ ወጺኡ እትዕድጎ ክለብ 88 ሚልዮን ፓውንድ ክትከፍል ዘገድድ ስምምዕ እውን ኣካይዱ ይርከብ። ሊቨርፑል፡ ቶረስ ምስ ሃገራዊት ጋንታ እስጳኛ ናይ ትሕቲ 19 ዓመት ግጥም ኮነ ልምምድ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን ብተደጋጋሚ ኣባላታ ብምስዳድ ንብቕዓቱ ትከታተል ምንባራ ይንገር። ቶረስ፡ ኣብዚ ዓመተ ስፖርት’ዚ 10 ጸወታታት ምስ ቫለንሲያ ኣካይዱ ይርከብ።

+ ብመሰረት ጋዜጣታት ዓዲ እንግሊዝ፡ ሓላዊ ልዳት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ዴቪድ ደ ሂያ፡ ንሓሙሽተ ተወሰኽቲ ዓመታት ኣብ ሜዳ ኦልድትራፎርድ ዘጽንሖ ሓድሽ ውዕል ክኽትም ኣብ ጥርዚ ምብጻሑ ተሓቢሩ። ብክለብ ሪያል ማድሪድ ብተደጋጋሚ ክጥመት ዝጸንሐን ጻውዒት ዝቐረበሉን ደ ሂያ፡ ሰሙናዊ 350,000 ፓውንድ እናተኸፍሎ ኣብ ልዳት ማን ዩናይትድ ክጸዪ ክለቡ ናይ ስምምዕ ወረቐት ኣቕሪባትሉ ምህላዋ እተን ምንጭታት ይውስኻ። ኣብ 2011 ካብ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ናብ ማን ዩናይትድ ዝተሰጋገረ ደ ሂያ፡ ናብ እስጳኛ ክምለስ ይደናደን ምንባሩ ይዝከር። ቅድሚ ውድድር ዋንጫ ዓለም 2018 ምጅማሩ ኪታሙ ከንብር ብማን ዩናይትድ ይሕተት ዘሎ ደ ሂያ፡ እንተደኣ እዚ ስምምዕ ኣብ ወረቐት ሰፊሩ፡ ድሕሪ ኣሌክሲ ሳንቸዝ ካልኣይ ልዑል መሃያ ዝቕበል ተጻዋታይ ማን ዩናይትድ ክኸውን እዩ።

+ ህቡብ ተጻዋታይ ኵዕሶ እግሪ ሽወደን ዝላታን ኢብራሂሞቪች፡ ካብ ቻይናውያን ክለባት ንዝተቐረበሉ ናይ 70 ሚልዮን ፓውንድ ዓመታዊ መሃያ ነጺጉ ናብ ኤልኤ ጋላክሲ ከምዝተጸንበረ ኣፍሊጡ። እዚ ሽወደናዊ ተጻዋታይ፡ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝጸንሖ ውዕል ንኽዛዘም ኣስታት ሰለስተ ወርሒ ምስ ተረፎ እዩ ብምርድዳእ ክልቲኣን ክለባት ናብ ኤል ኤ ጋላክሲ ክሰጋገር ክኢሉ።

+ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዝነጥፉ ክለባት ንወኪላት ተጻወትቲ ልዕሊ 211 ሚልዮን ፓውንድ ምኽፋለን ተሓቢሩ። እዚ መጠን ገንዘብ ድማ ምስ ቅድሚኡ እንክወዳደር ናይ 37 ሚልዮን ፓውንድ ወሰኽ ምርኣዩ ቢቢሲ ኣፍሊጡ። ካብ ባሕቲ ለካቲት 2017 ክሳብ 31 ጥሪ 2018 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ክለባት ሊቨርፑልን ቸልሲን ብተኸታታሊ 26.8 ከምኡ ድማ 25.1 ሚልዮን ፓውንድ ኣብ ምስግጋር ተጻወትቲ ንወከልቲ ብምኽፋለን ሳዕለዋይ ኢድ ሒዘን ይርከባ። ማን ሲቲ 23.5 ሚልዮን ፓውንድ፡ ማን ዩናይትድ 18 ሚልዮን ፓውንድ፡ ዋትፎርድ 13.4 ሚልዮን ፓውንድ፡ ኤቨርተን 12.1 ሚልዮን ፓውንድ ከምኡ ድማ ኣርሰናል 10.6 ሚልዮን ፓውንድ ብምኽፋለን ክሳብ ሻሙናይ ተሰሪዐን።

## ሮናልዶ . . .

ሪያል ማድሪድ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሳልሳይ ኣብ ዝሰርዐቶ ልምምድ ብቕዲ ‘ባይስክል ኪክ’ ብውልቁ ልምምድ ዘካየደ ሮናልዶ፡ ንልምምዱ ናብ ግብሪ ቀየረ - ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ ግጥም ቀዳማይ እግሪ ርብዒ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ኣንጻር እታ ንምዱብ ግዚኣ ብ10 ተጻወትቲ ዝፈጸመት ጁቬንቱስ።

ኣብቲ ሪያል ማድሪድ፡ ካብ ሮናልዶ ክልተ ሽቶታት ካብ ማርሴሎ ድማ ሓንቲ ሽቶ ብምርካባ ብድምር ውጽኢት 3-ብ0 ንጁቬንቱስ ዘዕወተትሉ ግጥም፡ ኮኾብ ተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ ሮናልዶ ኣብ ታሪኽ ናይዚ ውድድር ድንቂ ዝተባህለት ሽቶ ብምምዝጋቡ ስሙ መሊሱ ኾሊዑ።

ኣብ ዝሓለፈ 13 ጸወታታት (ምስ ክለቡን ሃገሩን) 25 ሽቶታት ዘቚጸረ ሮናልዶ፡ ብሓፈሻ ንብዝሒ ሽቶታቱ ናይዚ ውድድር’ዚ ናብ 119 ከደይብ ክኢሉ ኣሎ። ወዲ 33 ዓመት ሮናልዶ፡ ኣብ ዝሓለፈ ትሸዓተ ጸወታታት 19 ሽቶታት ንሪያል ማድሪድ ኣበርኪቱ ይርከብ።

ሓያል መራኸቢ ብዙሃን ስፖርት፡ ሪያል ማድሪድ፡ በቲ ዓወት ናብ ዝቕጽል መድረኽ ናይ ምሕላፉ ተኽእሎ ምዕዛዙ ክገልጻ እንከለዋ፡ ዓንተር ክለባት ኢጣልያ ዝኾነትን ኣብ መበል 66 ደቒቕ ከኣ ብዲባላ ብኻልኣይ ብጫ ካርድ ዝኸሰረትን ጁቬ ግና ድሕሪ 1996 ኢዳ ኩተንብረላ ንዘወጠነት ጽዋእ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳ ኩተማዕድዋ ዝተገደደት ምምሳላ ኢጋዊሐን። ልዕሊ ኹሉ፡ ነታ ልዑል ጥበብ ሮናልዶ ዝተሓወሳ ኵዕሶ ዘዘሮቕ ወዲ 40 ዓመት ሓላዊ ልዳት ቡፎን፡ ነዛ ዋንጫ ኢዱ ከየንበረላ ካብ ጸወታ ኵዕሶ እግሪ ክፋኖ ከምዝኽእል ግምተን ሂበን።

ሪያል ማድሪድ በቲ ዓወት ሓደ እግራ ናብ ዝቕጽል መድረኽ ምሕላፉ ኪኾ ምርግጋጹ፡ ድሕሪ 56 ዓመታት ኣብ ሜዳ ጁቬንቱስ ዝተዓወተትሉ ግጥማ እውን ኮይኑ ተመዝጊቡላ ይርከብ።

ግጥም ካልኣይ እግሪ’ዘን ጋንታታት ዝመጽእ ረቡዕ ኣብ ሜዳ በርናቡ ክካየድ እዩ። ቅድሚኡ (ጽባሕ ሰንበት)፡ ሪያል ማድሪድ ምስ ኣትሌቲኮ ማድሪድ ግጥም ደርቢ ክህልዋ እዩ። ጁቬ ከኣ ቀዳም ምስታ ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ ውድድር ሰሪ’ኣ ኢጣልያ እትርከብ በኔቬንቶ ክትፈታተን እያ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ንማንቸስተር ዩናይትድ ዝገለፈት ሰቪያ ኣብ ሜዳኣ ብባየር ሙኒኽ 2-ብ1 ተረቲዓ። ሰቪያ፡ ኣብ መበል 32 ደቒቕ ብመገዲ ሰራብያ መሪሕነት ሒዛ። ድሕሪ ሓሙሽተ ደቓይቕ ጂሰስ ናቫስ ናብ ገዛእ ልዳቱ ብዘቘጸራ ሽቶ ባየር ሙኒክ ተመዓራረየት። ቲያጎ ኣልካንትራ ድማ ኣብ መበል 68 ደቒቕ ሙኒክ 2-ብ1 ንኽትዕወት ዘኽኣለት ሽቶ ኣመዝጊቡ።

** ** **



© AFP/Getty Images

## ሎሚ ምሸት . . .

ሎሚ ምሸት ግጥማት ዩሮፓ ሊግ ክቕጽል እዩ። ኣርሰናል ንኮኾብ ተጻዋታያ ፔኽ ኣቡመያንግ ኣብዚ ግጥም (ኣቐዲሙ ምስ ክለቡ ዝነበረት ዶርትመንድ ኣብዚ ዓመተ ስፖርት’ዚ ብምጽዋቱ) ክተሰልፎ ኣይትኽእልን። ብተወሳኺ ዳኒ ወልበክ እውን ምስላፉ ኣጠራጣሪ እዩ ዘሎ። እንተ ንሃዊሕ እዋን ካብ ጸወታ ርሒቑ ዝነበረ ኣሌክሳንደር ላካዜት ግና ነዚ ግጥም እዚ ድልዊ ኣሎ።

ብወገን እታ ናብ ሜዳ ኢማራትስ እትገዓዝ ሲኤስኬ ሞስኮ፡ ቪክቶር ቫሲን ብሰንኪ ማህሰይቲ ኣይክጻወትን እዩ። ክሪል ናብኪን ከኣ ብመቕጻዕቲ እዚ ግጥም ክሓልፎ እዩ።

# ጉዕዞ ናብ 'ኮለጅ ስነ-ጥበባትን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን'

ሰኑይ 26 መጋቢት፡ ኣነን ካልኣየይን ምስ መማህራን ኮለጅ ስነጥበባትን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን፡ ካብ ኣስመራ ናብ ዓዲ-ቐይሕ ሚኒባስ ብዘዳለየቶ ኣውቶቡስ ሰዓት 7፡30 ናይ ንግሆ ተበጊስና። መስመር ኣስመራ - ዓዲ-ቐይሕ ካብ ዝረኣኽዎ ነዊሕ ዓመታት ገይረ ብምንባረይ፡ የማነጸጋመይ ንምዕዛብ ቁሊሕ-ምሊሕ ክብለሉ ግድን'ዩ ኮይኑኒ። ኣብ'ቲ ፈለማ ኣውቶቡስና - 'እምበርዶ ሰብ ኣለዋ'ዩ' ናብ ምባል ዝድፍር ጸጥታ ዓሲልዋ ነበረ። ምስጢሩ ንምፍታሽ ንድሕሪት ቁሊሕ እንተበልኩ ገሊኦም ሞባይሎቶም እናጠወቑ፡ ገሊኦም መጻሕፍትን ጋዜጣታትን እናንበቡ - ድሮ ምስ ቁምነገር ተመሓዚዮም ብምንባሮም እዩ። ካልኣየይ ኣዲብ ዓብዱ እውን ከየስተብሃልኩሉ ደኣ ጸኒሑ'ምበር፡ ምስ ሞባይሉ እዩ ዝጠማመት ዝነበረ።

ጽርግያ ኣስመራ - ዓዲ-ቐይሕ፡ ከም'ቲ ቀደም ክንጓዓዘሉ ከለና ዝፈጥሮ ዝነበረ ጸገም ዘይብሉ፡ ዝበዝሐ ክፋሉ ብዮዝቡእ ተጸጊኑ ልሙጽን ስሙርን ኮይኑ ከሎ፡ ድሮ ኸኣ ናብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ክበጽሕ ውሑድ ኪሎ ሜትራት ጥራይ ተሪፍዎ'ሎ። እቶም ነቲ ጽርግያ ኣብ ምምዕርራይን ምልባጥን ዝነበሩ ጀጋኑ ማእቶት፡ ብየማኑ ጸጋም ናይ'ቲ ጽርግያ ክሽዕቱ ኣእማን ክኣልዩ፡ ሓመድ ክደላድሉ፡ ከናለ ማይ ክሽዕቱ ተዓዚበ። ሰላምታኦም ይጥዕም! ኣእዳዎም እናወዛወዙ ሰላም ይብሉኻ። እቲ ስውትውት ዝበል ዝነበረ ጽርግያ ኣፍ ኣውጺኡ እንተ ዝዛረብ፡ ብዛዕባዞም ጀጋኑ ማእቶት ግሩም ሓበሬታ መሰከረና።

ኣብ ሰንበይቲ ናይ ሓደ ሰዓት ናይ ቁርሲ ዕረፍቲ ነይሩና። ኩላትና ናብ ዝመረጽናዮ ቤት ቁርሲ ኣቲና። ፋታ ምስ 4 ባኒ፡ ሰለስተ ሻህን ማይን ወሲኽና 50 ናቕፋ ጥራይ ከፊልና። ኣብ ሕሳብ ተጋጊና ወይ ተጋጊዮም ከይኮኑ ሓሰብኩ። ኣዲብ ሕሳብ ከምኡ'ዩ ምስ በለ ግን ኣሚንኩ። ምስ'ቲ ኣብ ኣስመራ ዝሽፍሎ እናወዳደርኩ ኸኣ ተሰከፍኩ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ናብ ሚኒ ባስ ምስ ደየብና እውን ከቢዲ ምስ መልኡ፡ ፍኒሕኒሕ ክብል እዩ ተጸቢዩ። እንተ ኾነ ኩሉ ሰብ ምስ ውሽጡ እዩ ነይሩ። ኣብ መንገዲ ጉዕዞ ኣብ ድሕሪት ካብ ዝነበሩ መማህራን ሓንቲ 'ንዓሰ ደልያ' ተባሂሉ ኣውቲስታ መኪና ኣጸገዐ። ነታ ሓጻር እዋን ነቲ ከባቢ ብቐረባ ንምዕዛብ ተጠቒመላ። ነቲ ብፍኒስትራ ዝተዓዘብክዎ ጽርግያ ብቐረባ ርእኽዎ። ዓዲ-ቐይሕ ንኽንኣቱ ክልተ ኪሎ ሜትር ኣቢሉ ምስ ተረፈና፡ ጎማ ሚኒባስ ስለ ዝፈሰ፡ ኣብ መንገዲ ሓዋጹን ሩባ ዓዲ-ወገራን ደው በልና። መራሒ መኪና፡ ንኹሉ ምስ ፈተሸ፡ ብህድኣት ሓዚና እናተጓዓዝና ሰዓት 11፡00 ቅ.ቀ ኮሌጅ ጥበባትን ስነፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ ኣእቲዩና። ነቶም እትፈልጥዎ ከምኡ'ውን ዘይትፈልጥዎ ካብ ኣስመራ ክሳብ ዓዲ-ቐይሕ ናይ ዝርከብ ዓድታት ኣስማት እንተ ዘርዚርኩልኩም እንታይ ከይብል። ኣነ'ውን ንዘይፈልጦ ተወኪሰ ዝረኸብክዎ ሓበሬታ ብምዃኑ እንተ ተጋገኹ ኣቐዲመ ይቕሬታ ክሓተኩም። ዓዲ-ሓወሻ፡ ዝግዕቡ፡ ወቐርቲ፡ ኣውለዕ ጸሩ፡ ደቀምሓረ፡ ኣፈልቡ፡ ደግራ-መሬት፡ ማዕረባ፡ ሰንበይቲ፡ ደግራ-ልብዑ፡ ድግሳ፡ ዓዲ-ሓዲድ፡ ማይ ሰራው፡ እንድሕሽ፡ ዓዲ ኻንታ፡ ኣብሰላም፡ ሓዋጺ፡ ዓዲወገራ፡ ዓዲ-ቐይሕ።

ዓዲ-ቐይሕ ምስ ኣተና፡ ብቐጥታ ናብ'ቲ ኮሌጅ ዝርከበሉ ቦታ ኢና ኣምሪሕና። ናብ ኮሌጅ ኣብ ዝኣተኹሉ እዋን፡ ኩሉ ንምሳሕ ዝንቀሳቐሰሉ ሰዓት ስለዝነበረ'ዩ መሰለኒ፡ ናይ ተመሃሮ፡ መማህራንን ሰራሕተኛታት ምሕደራን ላዕልን ታሕትን ኣጋጢሙኒ።

መደቀሲ መማህራን፡ ብሉጽ ህንጻ፡ ፍሉይ ጽሬት፡ ብሉጽ ኣተሓሕዛ። መማህራን ውልቃዊ ሂወቶም ዝመርሕሉ ፍሉይ ቦታ ምስ ምዃኑ ህድኣት ዝሰፈኖ ቦታ'ዩ። ሰዓታት ምሳሕ ቀድሚ ምእካሉ፡ ንምሳሕ ንበስ ዝበል መምርሒ ተዋሂቡ። ካብ'ቲ መንበሪ መማህራን ኣብ ኣስታት 300 ሜትሮ ኣብ ዝርከብ ፍሉይ ኣደራሽ ምስ ኣተና፡ ኣብ መንደቕ ዝተጻሕፈ መምርሒ ምስ ረኣኹ ተጸጊዐ ኣንቢበዮ። "ኣብ'ዚ ኣፍኩም ብዘይምግጻጽኩም ብልቢ ነመስግን" ዝበል ድማ'ዩ። 'እንቋዕ ኣንቢበኩዎ' እናበልኩ ኢደይ ተሓጺበ ደድሕሪ ኣዲብ ተጓዒዘ። ሰኑይ ቀትሪ ኣብ ኣዝዩ ጥዑም ሩዝ ብስጋ ተዓንጊልና።

ኣብ እንዳ መማህራን ሕጽረት ማይ ስለዘሎ ጥንቁቕ ኣተሓሕዛ ዓይኒ ምድሪ ከምዝሓልዮምን ከምዝጥቀሙን ተገንዚበ። ማይ ዘይምህላው ጥራይ ዘይኮነ "እዚ ዓይኒ ምድሪ ኣገልግሎት ምሃብ ስለዘቋረጸ ኣይትጠቐሙሉ" ዝበል መምርሒ'ውን ኣንቢበ። እዚ መምርሒ ጥሒሱ ድልየቱ ዝፍጽም ከም ዘየለ ካብ ኩነታት ናይ'ቲ ላቫንዲኖ ምግንዛብ ይከኣል። ኣብ ቀጻሊ ምምሕዳር'ቲ ኮሌጅ ብዘወሰዶ ስጉምቲ ሕጽረት ማይ ተወጊዱ፡ ኣጠቓቕማ ዓይኒ ምድርን ጥኖን ስውጢ ገይሩ ክጸንሕ ተስፋ እገብር።

እቲ ካብ ኣስመራ ንስራሕ ዝወሰደኒ ኣዲብ፡ ኮምፒዩተርካ ሒዝካ ንበስ ብምባል ናብ ኣብያተ ጽሕፈት መማህራን'ዩ ወሲዱኒ። ኣዝዩ ግሩም፡ ጽፉፍ፡ ውቁብ ኣብያተ ጽሕፈት። ኩሉ department (ዓውድታት) ናቱ ኣብያተ ጽሕፈት ኣለዎ። ነፍሲ-ወከፍ ቤት ጽሕፈት ፍሉይ መለለዪ ቁጽርን ሓብሬ ጽሑፍን ስለዘለዎ ኣየጋግየን'ዩ። ዝተወደበን ኩሉ መሳርሒ ዝርከቦን ቤት ጽሕፈት። ኣዲብ ሰዓት 3፡00 ክላስ ስለዝነበሮ፡ መፍትሕ ገዛኡ ኣረኪቡኒ ናብ ክላሱ፡ ኣነ ድማ ናብ መደቀሲ ኣምሪሐ።

እቲ ኮሌጅ ልዕሊ 3000 ሰባት ዝርከብዎ ይኹን'ምበር ኩሉ ብዝተወደበ ጉዕዞ ስለ ዝንቀሳቐስ መን ናበይ ስለምንታይ ምባል ኣየድልየን። ተመሃሮ ናብ ክፍሎም ይወናጨፉ። መማህራን ብተመሳሳሊ ካብ ክፍሊ ናብ ክፍሊ ይናጠሩ። ኣብ ዕረፍቲ ዝርከቡ ተመሃሮ ኣብ'ቲ ን18 ሰዓታት ኣገልግሎት ዝህብ ኣብያተ ንባብ መጻሕፍቲ ይገንጽሉ። ምስ ምሕደራ ዝተኣሳሰር ስራሕ ዝፍጽሙ ኣብ ኣብያተ ጽሕፈቶም። እቶም ኣብ ውሽጢ'ቲ ኮሌጅ ጉልበታዊ ዕዮ ዘሰላስሉ ሽቃሎ ኸኣ ብኣፍራዛን ባዴላን ይቃለሱ። ቸሚንቶ የብዕጡ፡ ቶንጮ ይወቕዑ፡ ዝተበላሸወ መንገዲ ኣጋር ብዘየገድስ ይጽግኑን የመሓራርጹን። ጃሎንን ጀሪካንን ሒዘን ማይ ዝርክባ ደቀ-ኣንስትዮ'ውን ተዓዚበ። ስለምንታይን ንምንታይን ዝበል ሕቶ ግን ኣየድለየንን። ባህሪውን ናቱ ግደ ኣለዎ ኢለ ስለዝኣምን።

ምስ ኣዲብ ናብ ድራር ከይድና። ኣብኡ ምስ ብጾይ ሃይለ ተላሊና። ኣዝዩ ምቕሉል መንእሰይ። ኣብ ሓለዋ'ቲ ከባቢ ለይትን ቀትርን ዝተጸፉ ኣባላት ከምዝለዉ ካብ ዕላልና ተገንዚበ። ንሕና ወለዲ ካብ ገዛ ወጻኢ ብዙሕ ባህርያት ደቅና ግሉጹ እንተንበዝሓል ክንደይ ዝተሰወረና/ዝተኸወለና ከም ዘሎ ካብ'ታ ሓጻር ዕላል ብዝረኸብክዎ ሓበሬታ ተማሂረን ፈሊጠን። ሃይለን ብጾቱን ተመሃሮ ኣብ ነጻ ግዜኦም ይኹን ምሸት፡ ካብ ውሽጢ ይኹን ወጻኢ ካብ ቀጽሪ'ቲ ኮሌጅ፡ ኣብ ክንዲ ወለድን ስድራ-ቤትን ኮይኖም ከም ዝንቀሳቐሱ ኣንቢቡ። ድሕሪ ድራር፡ ኣዲብ ናብ ካልእ ዘይርኣኽዎ ቦታ ወሲዱኒ። መዘናግዒ ካፌተርያ ንበሎ እንዳ ሻሂ፡ ኣብኡ ኩሉ ኣሎ። ብዘይካ ኣልኮላዊ መስተ፡ ዝኣከበዮ ውዑይ መስተ ብተመጣጣኒ ዋጋ ብቕልጡፍ ኣቀራርባ ትእንገድ። ክልተ ስክሪን ኣብ ክልተ ቦታ ተተኺለን ኣለዋ። ዜና ዝደልን መዘናግዒ ዝመርጹን ንምእንጋድ'ዩ እቲ ተበግሶ። "Indoor games" ብዓብኡ ይዘውተር። ዳምና ዝጻወቱ ጣውላ ክሳብ ዝጥንበቕ ይቕጥቅጡ። ናይ ዳማን ቸዝን እውን ከምኡ። ከጻንዑ ጸኒሖም ዝደኸሙ ብሻሂ ቡን ይዝክሩ። ካብ መጽናዕቲ ንላዕሊ ጸወታ ዝመርጹ'ውን ዘለዉ ኣይመስለንን። ተመሃሮ ኣብ ቀጽሪ እናተዘናግዑ ትምህርቶም እውን ከም ዝከታተሉ ምግባር ልዑና ኮይኑ ይስመዓኒ። እዚ ግን ምክትታል ምስ ዝሕወሶ ጥራይ'ዩ። እቲ ኮሌጅ ካብ ከተማ ርሒቕ ዝበለ ብምዃኑ፡ ምናልባት ናብ ከተማ ከይዶም ካብ ስሩ ምግባር ወጻኢ ክኸውን ንዝደልዩ ሓደ ክልተ ንምዕጋትን ሰሓቢ ንምግባሩን ግን ኻ ስራሕ ከድልዮ'ዩ።

ሰኑይ ምሸት ካብ ሰዓት 7፡00 – 9፡00 ንተመሃሮ ናይ ጋዜጠኛነት ትምህርቲ ክህብ ምስ ጀመርኩ፡ ውሽጠይ ብቕዱስ ቅንኢ ተመልአ። እቶም ተመሃሮ ኣብ ክሊ 20-23 ዕድመ ምዃኖም ገሚተ። ዝጸበዮም ስራሕ፡ ሓላፍነትን ተሓታትነትን ኣብ ውሽጠይ እናተመላለሰ ከሕስበኒ ጀሚሩ።



ኣብቲ እንዝረብሉ ኣርእስቲ "ንበሰኻ ፍለጥ፡ ከባቢኻ ተቖጻጸርካ ናብ ረብሓኻ ለውጥ" ንዝበል ትሕዝቶ ዝያዳ ጸቒጠሉ። እቶም ተመሃሮ፡ ወለዲ ተመሃሮ፡ ሓላፍነት ናይ'ዞም ተማሃሮ ዝተሰከሙ መማህራን፡ ማሕበረሰብ ኮሌጅ፡ ከምኡ'ውን ብዘለዎ ባጀት ዘምህሮም ዘሎ መንግስቲ፡ ኣብ ሓንሳእ ተመላለሱ። መልእኽተይ ምስ ዛዘምኩ፡ ኣቕሓታተይ ጠርኒፈ ምስ ኣዲብ ናብ'ታ እንዳ ሻሂ ተጓዒዝና።

ኣብ'ታ እንዳ ሻሂ ብዙሕ ተገልጋሊ ብምንባሩ፡ ተመሃራይ እስቲፋኖስ ግርማይ ቦታ ክረኽበልና ግዜ ኣይወሰደን። ተመሃራይ እስቲፋኖስ፡ ጠርናፊ ሃማመተኤ ናይ'ቲ ኮሌጅ ብምዃኑ፡ ዳርጋ ምስ ኩሎም'ዩ ዝፋለጥ። ጽቡቕ ኣዕሊልና። ኣማስያኡ ድማ ናብ መደቀሲና። ከይተፈለጠና እታ ንኣስታት 18 ሰዓታት ብዘይምቁራጽ ኣገልግሎት ዝህብ ጀነሬተር ብዝተመደበላ ግዜ ልክዕ ፍርቂ ለይቲ ኣገልግሎታ ደው ኣበለት፡ ልቺ'ውን ጠፍአ። ምስ መንእሰያት ምውዓልን ምሕዳርን እሞ ድማ ኣብ ደሴት ፍልጠት፡ ክንደየናይ ቅዱስ ቅንኢ ከም ዘፈጥር ተመሃርኩ።

ሰሉስ ሰዓት 6፡00 ናይ ንግሆ፡ ነቲ ከባቢ ንኽዕዘብ ናብ ቀጽሪ'ቲ ኮሌጅ ኣምሪሐ። ውሑዳት ደቂ-ተባዕትዮ ተመሃሮ ምውስዋስ ኣካላት ክገብሩ ተዓዚበ። ጉያ፡ ቮሊቦል፡ ምውስዋስ ኣካላትን ካልእን ዘጠቓልል። መዓልታዊ ብመደብ ከም ዘካይድዎ እቲ ዝተወከስክዎ ተመሃራይ ሓቢሩኒ። ስፖርት፡ ንቕሑ ኮይንካ ንኽትውዕል ስለ ዝሕግዝ ብዝለዓለ ክሕሰቡሉ እንተ ዝኽእል ክንደይ ምጠቐመ።

ድሕሪ ቁርሲ፡ ምስ ተመሃራይ እስቲፋኖስ ግርማይ ናብ'ቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተሰርሐ ዓይኒ ምድሪ'የ ኣምሪሐ። ልዕሊ 250 ዓይኒ ምድሪ ምስ ሻወሩ። ተማሃራይ በበዓውዱ ናቱ መፍትሕ ኣለዎ። ተመሃሮ ካብ ዝተተኽለ ዓበይቲ ፕላስቲካት ብቐሊሉ ማይ ይረኽቡ። ኣነ'ውን ነቲ ካብ እንዳ መማህራን ዝሰኣንክዎ ማይ ካብ እንዳ ተመሃሮ ስለዝረኸብክዎ ኣብኡ ተሓጺበ። ተሓጺበ ናብ መደቀሲ ክምለስ ከለኹ፡ ብዙሓት ሰራሕተኛታት ጽሬት ኣብ እንዳ መማህራን ተዋፊረን ምስ ጸንሓ "ለከ እንዶ" በልኩ። ምድሪ ቤት ብኣሞን ለሊን እዩ ዝሕጸብ። ውሽጣውን ግዳማውን ጽሬቱ ዝሓለወ ኣከባቢ ንምፍጣር ዝተታሓዘ ወፈራ። ኣብ'ቲ ከባቢ ኣዝየን ሓጸርቲ ቡንባታት ተተኺለን ምስ ረኣኹ፡ ማይ ከምዘለወን ዘይብለንን ፈቲኸን ግን ኣይረኸብኩን። ለከ እተን ቡንባታት'ውን ዝኽፈታሉ ሰዓታት ኣለወን። ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ ኣነ'ውን ከም ሰብኡ ኣብ ምንባብ ተጸሚደ። ቅዱስ ቅንኢ በልዎ ካልእ በቃ ኣንቢበ።

ኣዲብ ልክዕ ፍርቂ መዓልቲ ንኸተማ ዓዲ ቀይሕ እንድያሞ በለኒ። ድሕሪ ወራር ወያ ናብ'ታ ከተማ ስለዘይተቐልቀልኩ ሓያሎ ለውጢ ርኣኹ። ንኸተማ ሰንጢቑ ዝሓልፍ ጽርግያ፡ ብየማን ጸጋም'ታ ከተማ ዝተሃንጹ ገዛውቲ። ነዚ እናተዓዘብኩ ናብ ሓንቲ "መናፈሻ" ብምእታው ነቲ ከባቢ ኣብ ምቕናይ ተዋፈርኩ። ብኻልእ መንገዲ ገይርና ድማ ናብ'ቲ ኮሌጅ ተመሊስና።


ድሕሪ ድራር ብቐጥታ ናብታ እንምህረላ ኣዳራሽ ኣምሪሕና። እቶም ናይ ጋዜጠኛነት ተመሃሮ፡ ቀድሚ ሰዓቶም ኣብ ቦታ ትምህርቲ ተረኺቦም። ዲን ናይ'ቲ ኮሌጅ ዶ/ር ወልደትንሳኤ ተወልደ ምስ ሓላፊ ህግደፍ ኣቶ ሮመዳን ኣሕመዲን ቦታኦም ሓዙ። ምስ ተመሃሮ ራእዩ፡ ዕላማ፡ ውጥን፡ ንጹር ዕላማ፡ ብደሆታትን ኣፈታትሓኦምን እናበልና ሓያሎ ኣርእስቲ ዳሂስና። ንኣፈጣጥራ ንስሪ ኢና ድማ ከም መወከሲ ተጠቒምናሉ።

ንስሪ ካብ 5 ኪ/ሜ ክትርኢ ከምእትኽእል፡ ንስሪ እንትርፎ ሓድሽ ዝሞተ ከምዘይትምገብ፡ ንስሪ መጻምዲ ንምምራጽ እትኽተሎ ኣገባብን እትህቦ ፈተናን፡ ንስሪ ተወሳኺ 30 ዓመት ኣብ ሂወት ንምውሳኽ እትሰግሮ መሰገደልን እትኸፍሎ ዋጋን፡ ንስሪ ኣብ ጫፍ ናይ ማዕበል ኣንሳፊፋ ከምእትዕርፍ፡ ንስሪ ንደቃ ምስ ኣቡኣን ብሓባር ከምእተሰልጥን ዝበሉን ካልኦትን ጉዳያት ብምልዓል ተመኺርና ተለዋዊጥና።

ረቡዕ ንግሆ ልክዕ ሰዓት 6፡00፡ ምስ ኣዲብ ናይ መማህራን መመገቢ ክፍልታት፡ ናይ ኣኼባ ኣደራሻትን መደቀሲ ተመሃሮን ሓደ ብሓደ ተዓዚብና። እቲ ኮሌጅ ኣዝዩ ሰፊሕ'ዩ። ተኸታቲልካ ዘየቋርጽ ምክትታልን ምጽጋንን እንተተገይሩሉ ቀጻልነቱ ዘውሓሰ ኣገልግሎት ንምሃብ ጸገም ዘለዎ ኣይመስለንን። ኣብ ገለ ቦታታት ዝተዓዘብናዮ መናድቕ ሕብሪ ዝጸምኣ ይመስላ። ዝተቐዐ ማርቻፒዲታት'ውን ቸሚንቶን ሑጻን ከምዘድልዮ ካብ ኩነታቱ ምንባብ ይከኣል። እቲ ምብቋል ጀሚሩ ዘሎ ኣግራብ ገረብ፡ ከምዝናፍቕ ካብ ደው ኣበሃህላኡ ምንባብ ይከኣል። ተመሃሮን መማህራንን ንምልላይ እውን መማህራን ጸዕዳ ጋውን ገይሮም ካብ ክላስ ናብ ክላስ እንተ ዝንቀሳቐሱ ንግርማ'ቲ ከባቢ ዝያዳ ምውቀበ እብል።

ልክዕ ሰዓት 11፡00 ዲን ኮሌጅ ብመኪንኡ ክሳብ እንዳ ኣውቶቡስ ኣፋንዩና። ዕድለኛታት ኮይና ዝማልኣና መንእሰይ ረኺብና ልክዕ ፋዱስ ናብ ኣስመራ ተበጊስና። ንኸተማ ዓዲ-ቀይሕን ነቲ ኮሌጅን ንድሕሪት ገዲፍናዮ። ብኣጋጣሚ ግን ካብ'ቶም ኣብ'ታ መኪና ዝነበርና እቲ ሓደ ወዲ ኣቦይ ስራጅ ብምንባሩ መንግስተ ሰማይ የዋርሶም ብዛዕባ ኣቡኡ ብዙሕ ሓሳባት ተለዋዊጥና። ካብ ወደም መጽሓፍ ዛንታ ኣቡኡ ከምእንዝክብ ኣብ ዕላልና ተረዲኢና። መዓስን ብኸመይን ክምለስ'የ እንድዒ! ግን ንኹሎም ተማሃሮ፡ መማህራንን ሰራሕተኛታት ምሕደራን ኮሌጅ ዓዲ-ቀይሕ ሰላም እናበልኩ ክሰናበቶም፡ ብፍላይ ድማ ንተማሃራይ እስቲፋኖስ ግርማይ።

ግርማይ በርሀ



# ምልክታ

ቤተልሄም ታደሰ - እምነት ኣማኑኤል
ሊድያ ስልጣን

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ፍቓዱ መዓሾ በራኺ፡ ስም ኣቦይ መዓሾ በራኺ ምባል ተሪፉ፡ ተስፋማርያም ገብረመስቀል ገብረገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/5/18 ኣብ 1ይ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ/35 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ርሕስቲ ረዳ ገ/ሃዋርያትን ተኸሳሲ ኣቶ ሃይለ ብሩ ገብረገርግስን ብዘሎ ናይ ሲቪል ክርክር ጉዳይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃይለ ብሩ ገብረገርግስ ብኣድራሽኦም ስለዘይተረኽቡ፡ ተጸዊዖም ን2/5/18 ኣብ ላ/ቤ/ፍ ንግዲ መጋባእያ ቁ/40 ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ጉዳዮም ኣብ ዘየለውሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገዛ-ባንዳ

ኣቶ ሃይለሚካኤል ገብሩ ገብረእግዚኣብሄር፡ ኣደይ ወ/ሮ ታጀራ ንጉሰ ተስፋይ ስለዝሞተት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቮሎን

ከሳሲት ሩታ ታደሰ ደበሳይ፡ ተኸሳሲ መኮነን የውሃንስ ቁ/ሰሌዳ ER-1-12272 ቁ/ቻሲ JTIWCT1700024 ቶዮታ ካሪና ዝዓይነታ ናይ ገዛ መኪና ሸይጡለይ፡ ስም ከየመሓላለፈለይ ኣድራሻኡ ስለዝሰኣንክዎ፡ ተጸዊዑ ን3/5/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ኣብ ዘየለወሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይተመናይ ፓራዲዞ ጸጸራት

ኣቶ ኤፍሬም የውሃንስ ደባስ፡ ኣቦና ኣቶ የውሃንስ ደባስ ተማኑ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 10 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና፡ ከምኡ ድማ ንወ/ሮ ኣኸበረት ተስፋማርያም ኣድሓኖም ናይ መጻምዲ መሰላ ክሕለወላ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍን ሰምበልን

ወ/ሮ ኤልዳና ጳውሎስ ገብረእግዚኣብሄር፡ ሓወይ የውሃንስ ጳውሎስ ገብረእግዚኣብሄር ስለዝሞተ፡ ኣነ በይነይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ክብራ ተኽለሃይማኖት ተላ፡ በዓል-ቤተይ ብጹእኣምላኽ ወልደሚካኤል ተስፉ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ ደቅና 8 ህልዋት፡ 1 ስዉእ፡ 1 ተተካኢት ጓሉን ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ረዘነ ተኽለ ገብረትንሳኤ፡ ወለድና ተኽለ ገብረትንሳኤ ሃይለን ደስታ ገብሩ ተኽለን ስለዝሞቱ፡ ኣነ ምስ ኣሕዋተይ 7 ህልዋት፡ 1 ስዉእ፡ 1 ተተካኢ ወዱ፡ 1 መዋቲ፡ 1 ተተካኢት ጓሉን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/5/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ

ወ/ሮ ግደይ ለገሰ ተላ ዝተብሃልኩ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 9 ምም 13 (ምም/ን/ዞባ/ ኣርባዕተ ኣስመራ) ጎደና ምዳቕ ሓርሽ ቁጽሪ ገዛ 115 ዝርከብ፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 118849 መወከሲ ቁጽሪ 136431 ብስመይን ብስም በዓል-ቤተይ ነፍ/ኣቶ ገብረስላሴ ተስፋዝጊ መሓሪ ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ስም ዋንነት ናብ ስም ወረስቲ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ወ/ሮ ግደይ ለገሰ ተላ

ወረስቲ ነፍስሄር በየነሽ ተስፋገርግሽ ገብረኣብ፡ ኣብ ን/ዞባ ገጀረት ምም/ከ/ማይወላኹ ጎደና ኣራቱ/177 ቁ.ገዛ 38 ብዋንነት ደብተር ካዳስተር 108329 መወከሲ ቁጽሪ 107604 ዝተመዝገበ መንበሪ ቤትና ብናይ ዕለት 04/05/11 ውሳኔ ቤት ፍርዲ ስም ዋንነት ናብ ስም ወረስቲ ክነስጋግር ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን የቕርብ።

የሴፍ የሃንስ ገብረኣምላኽ

ኣቶ ዓወት እዝራ ባይሩ ዝተፈቕደሎም ናይ ቤት ቁርሲ ንግዳዊ ትካሎም "ዕዳጋ ላኻ ቤት ቁርሲ" (EDAGA LAKA SNACK BAR) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤ/ፍ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ነፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

## ሸሪዓ ዞባ ማእከል

ከሳሲት ስዒዳ ዓ/ቃድር መሓመድ ብወኪላ ስዒዳ ሳልሕ ማሕሙድ ኣቢላ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ዓሊ ኣሕመዲን እስማዒል ስለዝሞተ፡ ኣነ በይነይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/18 ኣብ ቤ/ፍ ሸሪዓ ይቕረብ።

## ዞባ ደቡብ ዓዲ ኲላ

ወ/ሮ ለምለም ሃይለሚካኤል ኣርኣያ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ተስፋይ ማቲዎስ ገብረመድህን ቅድሚ 25 ዓመት ካብ ኣብ ፍቃጨቀምጠ ዝርከብ ገዝኡ ወጺኡ ምስ ከደ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ናይ ጥፉእ ሰነድ ክወሃበኒ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/5/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ደቀምሓረ

ወ/ሮ መብራህቲ ሰለሙን ከተማ፡ በዓል-ቤተይ ኢሰያስ ግርማይ ዘምህረት ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/4/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዓዲ ጋውል

ኣቶ ኣስመሮም ክፍላይ ሃይለ፡ በዓልቲ-ቤተይ ደመቀሽ ጎይትኦም ገብርሄት ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/4/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ከተማ መንደፈራ

ወ/ሮ ዕንባባ ተኽለሃይማኖት ፍስሃጽዮን ምስ ተጸዋዒ ኣቶ ተስፋይ ዑቕባሚካኤል ገብረገርግስ ኣብ 2013 ዓ/ም ተመርዒና 1 ቆልዓ ወሊድና። እንተኾነ ግን እዚ ተጸዋዒ በዓል-ቤተይ ካብዚ ሃገር ስለዝወጸ ኣበይ ከምዘሎ ኣይፈልጥን። ስለዚ ተጸዋዒ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ክቐርብ ይጸውዓለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/5/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ቤ/ፍ ኣብ ዘየለወሉ ውሳነ ክህብ ምዃኑ የፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይነህዩግ

ቀሺ ገብረሂወት ኣብርሀ ፈለቀ፡ ሓፍትና ወ/ሮ ክብራ ኣብርሀ ፈለቀ ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/18 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


| ብስራት ንተመሃሮ ማእከላይ ደረጃ 6ይ፡ 7ይ፡ 8ይ ክፍሊ | | 4 ዓይነት ትምህርቲ [ስነ-ቍጽሪ፡ ሳይንስ፡ ማ/ትምህርቲ፡ እንግሊዝኛ] |
|---|---|---|
| ብኽፍልታት (grades)፡ ብዓ/ትምህርቲ (subjects)፡ ብምዕራፋት (units)፡ ብኣርእስትታት (topics) ተኸፋፊላ ዝተዳለወት ኣዝያ ሓጋዚት መጽሓፍ ኣብ ስተሺነሪታት ተዘርጊሓትልኩም ኣላ። | | ኣብ ውሽጢ 3 ክፍልታት [6ይ፡ 7ይ፡ 8ይ] |
| GENERAL WINNERS in Grades: 6, 7 & 8 — Maths, Science, S. Studies, English | ትሕዝቶ መጽሓፍ<br>✓ ዝተፈትሑ ግድላት ድግማ<br>✓ ዝተገልጹ ሕቶታት ድግማ<br>✓ ዝተዓየዩ ሕቶታት ጀነራል 13 ዓመት (2005-2017)<br>✓ መግለጺ ምስ ኣብነታት<br>✓ ስእላዊ መረዳእታታት<br>✓ Model Exams<br>✓ መልሲ ናይ Model Exams | ሰፊሕን ኣጠቓላልን ትሕዝቶ ምስ ሰሓቢ ኣቀራርባ!<br>ንዝያዳ ሓበሬታ<br>07142402<br>07461121 |


## ምልክታ

ምጉዳል ዋጋ ዝመኸነ ጸባ

ትካልና ፋብሪካ ጸባ ኣስመራ ብ/ማ ካብ ዕለት 01/03/2018 ጀሚሩ፡ ናይ ዝመኸነ ጸባ ዋጋ ንሓደ ሊትሮ ብሕሳብ ናቕፋ 20 = (ዕስራ) ኮይኑ ይሸየጥ ከምዘሎ ንሕብር።

- ኣብ ክልቲኡ ድኳናትና ኣብ ማእከል ከተማን ኣብ ፋብሪካን ንተለቃሕትናን ንተገልገልቲ ህዝብን ብሕሳብ ናቕፋ 20 = (ዕስራ)።
- ብመራሕቲ መካይና እናዞሩ ንድኳናት ዝሸጡ ብሕሳብ ናቕፋ 20 = (ዕስራ)።
- ድኳናት ንተገልጋላይ ህዝቢ ብሕሳብ ናቕፋ 21 = (ዕስራን ሓደን) ክሸጡ ከምዘለዎም ንሕብር።


DolceVita®
THE ITALIAN LIFESTYLE

ብስራት ንኹልኹም ዓማዊል ዶልቸ ቪታ!
ዛኤር ሓ.ዝ.ብ.ማ. ርሑስ በዓል ፋሲካ እናበለ፡
ኣብ ዝተፈላለየ ብሉጽ ፍርያቱ ዓቢ
ምጉዳል ዋጋ ከምዝገበረ፡ ንዓማዊሉ ከበስር ይፈቱ።



ታደሰ ተኽለ

# ኣመሪካን ቻይናን ብጉዳይ ቀረጽ ይተሃላለኻ



ካብቲ ኣብ ቻይና ዝሸጥ ፍርያት ኣመሪካ ብ375 ቢልዮን ዶላር ዝዓቢ ምንጫታት ኣመሪካ ይሕብሩ።

ኣመሪካ ዝኢ ቻይና ትግሕጦ ከምዝላ እትገልጾ መኽሰቡት ንምጽባብ ብምባል ኣብ ልዕሊ ፍርያት ቻይና ቀረጽ ክትወሰኽ ከም ዝወሰኑት'ያ ተዝረር።

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ካብ ቻይና ዝኣቱ ሸቐጣት ናይ 25 ሚእታዊት ቀረጽ ድሕሪ ምውሳኻ፡ ቻይና ብወገኣ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ኣመሪካ ተመሳሳሊ ቀረጽ ከም ዝሰለዐት ተፈሊጡ።

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ 1300 ፍርያት ቻይና ወሰኽ ቀረጽ ብምግባር፡ ቻይና እትረኽቦ ዝነበረት መኽሰብ ከተጽብብ ብምፍታና፡ ቻይና እውን ኣብ ፍርያት ሕርሻ ኣመሪካ ኣብ ዘተኩረ ሸቐጣት ቀረጽ ብምውሳኽ ኣብ ዕዳጋታት ቻይና ጠሉብ ከም ዝሰእን ትገብሮ ምህላዋ ተሓቢሩ።

ኣብ መንጎ ኣመሪካን ቻይናን ተላዒሉ ዘሎ ቁጠባዊ ምስሕሓብ፡ ንኣህጉራዊ ንግዳዊ ልውውጥ ብኣሉታ ከይጸልዎ ዘሰግእ ምኽንያት ክኢሎታት የረድኡ።

ኣብ ኣመሪካ ዝሽየጥ ፍርያት ቻይና፡ ኣመሪካ ኣብ ቀጻሊ ኣብ ልዕሊ ካልእ ሸቐጣት ተመሳሳሊ ታሪፍ እንተወሲኻ ግና ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ናይ' ዕዳጋ ውግእ' እናተባህለ ዝጽዋዕ ከቢድ ናይ ንግዲ ምፍሕፋሕ ከም ዝፍጠር ይግመት።

ኣብ ዋሽንግተን ዝርከብ ኤምባሲ ቻይና ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ ቃል ኣመሪካ ናይ ርሑቕ ጠመተ ብምግባር ግቡይ መንገዲ ክይትወስድ ከም ዘጠንቀቐ ምንጫታት የረድኡ። ህዝቢ መዓልታዊ ኣብ ልዕሊ ዝጥቀመሉ ሸቐጣት ተወሲኺ ታሪፍ ምግባር ንኣመሪካዊ ዓዳጋይ ከም ዝጎድእ ናይታ ሃገር ክኢላታት ቁጠባ የረድኡ።

# ሩስያ፡ ጉዳይ ምስማም ብኣህጉራዊ መርመራ ክጻረ ትጽውዕ

ሩስያ ኣብ ብሪጣኒያ መጸናዕቲ ከካይድ ምስ ዝቖጸ 'ዓለማዊ ተኸታታሊ ኣጽዋር ኬሚካል' ኣብ ከተማ ዘ ሄግ ክትራኸብ ከም እትደሊ ኣፍሊጣ።

እቲ ትካል ኣብ ብሪጣንያ ኣብ ልዕሊ ክልተ ሰባት ዝተፈጸመ ምስማም ብናቪቾክ ዝተባህለ መትኒ ዘጥቅዕ ስሚ ምንጪኡ ከለሊ ከምዝይኽእል ምግላጹ ይዝከር።

ብሪጣኒያ እቲ ስሚ ኣብ ሩስያ ዝተሰርሐ ምኻኑ ክትገልጽ እንከላ "ካልእ ደኣ እሞ መን ክኸውን ይኽእል" ብዝስምዕ ሓረግ ክትረድእ ከም እትፍትን ይፍለጥ። ሩስያ ጠሪሻ ከም ዘይወዓለቶን ብናጻ ኣካል ክጻረን ከም ዝኽእልን እያ ትገልጽ። እቲ ምስ ጓሉ ዝተሰመመ ሩስያዊ ንኽልቲኣን ሃገራት ምስጢራዊ ሓበሬታ ዘቀብል ኣባል ስለያ ምንባሩ ምንጫታት ይሕብሩ።

እቲ ከጽንዕ ዝቖጸ ዓለም ለኻዊ መርማሪ መርዛም ኬሚካላት፡ እቲ ስሚ ብውልቀ ሰባት ክፍረድ ዘይኽእል ከም ዝኾነን "ተዋሳኢት ሃገር" ክትህሉ ከም እትኽእልን ድሕሪ ምእማኑ፡ ኣብይ ከም እተሰርሐ ናይ ምሕባር መሰል ከም ዘይብሉ ገሊጹ ኣሎ።

ሩስያ ኣብ ውድብ ምክልኻል ኬሚካል ኣጽዋራት ስለ ዝኾነት ምስቲ ትካል ህጹጽ ርክብ ናይ ምግባር መሰል ከም ዘለዋ ኣፍሊጣ ኣላ። ብሪጣንያ ንሩስያ ክትጥርጥር ዝነበረ ምኽንያታት ንምፍላጥ ድማ ሩስያ ነቲ ዓለም ለኻዊ ትካል ከም እትሓትት ጸብጻብት ይግምቱ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ብሪጣንያ ግና ነቲ ሩስያ ዝጠለበቶ ብምቅዋም ነቲ ጉዳይ ካልእ ኣንፈት ክተትሕዞ ከም እትኽእል ዘለዎ ጥርጣረ ገሊጹ ኣሎ።

ብሪጣንያን ሩስያን ናይ ሓድሕድ ዲፕሎማሰኛታተን ምስ ሰጒጓ ኣብ ኂ ብሪጣንያ ደው ዝበላ 28 ሃገራት፡ ዲፕሎማሲያዊ ልኡኻት ሩስያ ከም ዝጠረዛ ይፍለጥ። ሩስያ እውን ኣብ ልዕሊ ኩለን ሃገራት ተመሳሳሊ ስጉምቲ ምውሳዳ ይዝከር።



ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ፡ እቲ ናይ ምስማም ተግባራት ፡ ብሪጣንያ ካብ ኤውሮጳዊ ሕብረት ንምውጻእ ምስ እትገብሮ መስርሕ ዝተታሓሓዘ ናይ ዓቕሊ ጸበት ምልክታት ክኸውን ከም ዝኽእል ምግላጻ ምንጫታት ሓቢርኦም።

# ማውሪታኒያ፡ ጊላነት ብሕጊ ክልኪላ

ማውሪታኒያ፡ ኣቢታ ሃገር ንኣማኢት ዓመታት ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ንሰባት ከም ገባቱ ምሓዝ ከቢቕዕ ዝኣዝዝ ሕጊ ኣጽዲቓ።

ኣቢታ ሃገር ሰባት ብዘይዓስቢ ምውናን ክተርፍ ዓለም ለኻዊ ጸቕጢ ከምብር ድሕሪ ምጽናሕ፡ መንግስቲ'ታ ሃገር ንገበናታት ኣብዚ ቕንያት ናብ ፍርዲ ምቕራብ ከም ዝጀመረ ኣፍሊጡ።

ኣብ ማውሪታኒያ ብውርሻ ዝተጠርዩ ገባሩ ኣብ ሓንቲ ስድራ ካብ ወላዲ ናብ ወሉድ ስለ ዝሰጋገሩ እቲ ልምዲ ክሳብ ሎሚ ክቕጽል ምኽንያቱ ይፍለጥ።



ምጥራይ ገባሩ ዝቃወሙ ተጣበቕቲ፡ ኣብዚ ቕንያት ዝተጀመረ ገበናዊ መቕጻዕቲ ከም ዘለገሶምን እዚ ኣዋሪ ባህሊ ቀልጢፉ ክጠፍእ ከምዘለዎን ገሊጾም።

ዝተጠርየ ሰብ ወይ'ውን ዝተረኽበ ሰብ ካብ 10 ክሳብ 20 ዓመታት ዝጸንሕ ማእሰርቲ ከም ዝፍረዶ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ኣብዚ ቕንያት ብዝተጀመረ መጋቢያ ዛጊት ሰለስተ ወንንቲ ገባሩ ከም እተቐጽዑ የረድኡ።

ጊላነት ብወግዒ ከቢቕዕ ሕጊ ተጸድቕ ዘሎ ኣብ ዓለም ናይ መወዳእታ ሃገር ዝኾነት ማውሪታኒያ፡ ኣብ 1981 እቲ ልምዲ ክተርፍ ዝጸውዕ ኣዋጅ ከም ዘወጸኣት ጸብጻባት የዘኻኽሩ። ቅድሚ ክልተ ዓመት ድማ ሰብ ከም ኣቕሓ ምውናን ብሕጊ ዘቕጽዕ ዘይሰብኣዊ ልምዲ ምኻኑ ኣብ ሕጊ'ታ ሃገር ሰፊሩ።

ተጣበቕቲ ማሰላት፡ ኣቢታ ሃገር ነቲ ኣሰብኣዊ ልምዲ ዝተቓወሙ ሓያሎ ሰባት ክእሰሩ ምጽንሖም ይገልጹ።

# 'ሰራዊት ኣመሪካ ካብ ሶርያ ክወጽእ ኣለዎ' ትራምፕ

ሰብ መዚ ኣመሪካ ክሳብ ሎሚ ክስምዕዎ ካብ ዝጸንሑ መግለጺታት ብዝተፈለየ ፕረዚደንት'ታ ሃገር ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ሶርያ ዝርከብ ሰራዊቱ ካብታ ሃገር ጠቕሊሉ ክወጽእ ይጽውዕ ከምዝሎ ተሓቢሩ።



ኣብ ሶርያን ዒራቕን ከሊፋዊ መንግስቲ ማእሰራቲ ዝበረ ዳዕሽ ተሓምሺሹ፡ ሰራዊት ኣመሪካ ተልእኾኡ ከም ዝፈጸመ ዝሓበረ ትራምፕ፡ ኣብቲ ከቢ ምስ ዝርከቡ መሻርኽቲ ብምርድዳእ ኣብ ሓደ ውሳነ ከም ዝበጽሕ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ዶናልድ ትራምፕ ትማሊ ዝሰምዖ ብዙሓ ሰራዊት ኣመሪካ ካብ ሶርያ ናይ ምውጻእ መደብ ክገብር ከም ዘለዎ ዝሕብር መግለጺ፡ ካልኦት ላዕለዎት ሰብ ስልጣን ኣመሪካ ክህብዎ ካብ ዝጸንሑ ርእይቶታት ዝተፈልየ ምኻኑ ምንጫታት ኣመሪካ ኣረዲኦም።

ካብ ስልጣኑ ዝተረፈት ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ነቢር ሬክስ ቲለርሰን ኣቐዲሙ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣብ ሶርያ ህላወ ሰራዊት ኣመሪካ ክቕጽል ምሕብሩ ኣይርሳዕን።

ኣመሪካ ኣብ ካልኦት ሃገራት እትገብሮ ምትእትታው ብዙሕ ደራኺ ምኽንያታት እኳ እንተሃለዎ፡ ዝሆነ ረብሓ ወሓዱ ከምዝኾነ'ዩ ትራምፕ ዝገልጽ። ንሱ፡ ኣብ ውሽጢ 17 ዓመታት ኣመሪካ ኣብ ዝገበረቶ ናይ ወጻኢ ምትእትታው፡ 7 ትሪልዮን ዶላር ከም ዘጥፈኣት ብምግላጽ፡ "ብዚይካ ዕንወትን ሞትን ዘትረፍናዮ የብልናን' ምባሉ ምንጫታት የረድኡ።

ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ሶርያ ክጸንሕ ድሌት ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ እንተኾይኑ፡ እተን ሃገራት "ሕሳብ" ክኸፍላ ከምዘለወን እቲ ኣመሪካዊ ፕረዚደንት ምሕታቱ ድማ ኣልጀዚራ ይሕብር።

# ብሪጣንያ - ኣብ መንጎ ክልቲኡ ጾታ ምዕሩይ ክፍሊት ክህሉ ይጥለብ

ኣብ ብሪጣንያ ዝርከባ ናይ ብሕቲ ትካላት ዋኒን፡ ብኣፈላላይ ጀንደር ጥራይ ንሰራሕተኛታት ዝኸፍላኦ ናይ ማሃያ ፍልልይ ክይህሉ መንግስቲ ኣጠንቂቑ። እተን ትካላት ዝኽተላኦ መሳልል ደሞዝ ክሳብ ትማሊ ረቡዕ ንመንግስቲ ከፍልጣ ድማ ተኣዚዘን።

ኣብ ብሪጣንያ ኣብ መንጎ ብጾታ ዝተፈላለዩ ሰራሕተኛታት ዝግበር ናይ ወርሓዊ ደሞዝ ፍልልያት፡ ተቓውሞ ከለዓዕል ከም ዝጸንሐ ዝፍለጥ ኩይኑ፡ ተጣበቕቲ መሰላት ደቂ ኣንስትዮ ከቕርብዎ ብዝጸንሑ ስምዕታ ኣብዚ ቕንያት መንግስቲ እታ ሃገር ኣቓልቦ ክህቦ ከም እተገደደ ምንጫታት ሓቢሮም።

ሓደ ዓይነት ብቕዓትን ዓቕምን ኣብ መንጎ ዘለዎም ሰባት ብሰንኪ ጾታኦም ጥራይ ናይ ማሃያ ፍልልያት ምግባር ኣብ ሓያሎ ሃገራት ምዕራብ ልሙድ ተርእዮ ከም ዝኾነ ዝሕብሩ ወገናት፡ ብሪጣንያ እትወስዶ ዘላ ስጉምቲ ናይ 'መጀመርታ' ከምዝኾነ የረድኡ።

በቲ መንግስቲ ብሪጣንያ ዘሕለፎ ትእዛዝ መሰረት፡ ነፍሲ ወከፈን ልዕሊ 250 ሰራሕተኛታት ዘሰርሓ ብኣሽሓት ዝቑጸራ ትካላት ጸብጻባት ኣቕሪበን ከም ዘለዋ ተፈሊጡ ኣሎ።

እቲ ኣብ ጾታ ዝተመርኮሰ ናይ ክፍሊት ጋግ ከይህሉ ዝጽውዕ ትእዛዝ፡ ኣብ ወርሓዊ ደሞዝ ጥራይ ዝተሓጽረ ከም ዘይኩን፡ ኣብ ኣከፋፍላ ኣበልን ንሰራሕተኛ ዝወሃብ መተባብዕን እውን ከም ዝምልከት ምንጫታት የረድኡ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ብሪጣንያ ብሰንኪ ኣፈላላይ ጾታ ፍልልይ ክፍሊት ከይህሉ ዝኽልክል ሕጊ ካብ ሰብዓታት ጀሚሩ ወጺኡ እኳ እንተጸንሐ፡ ክሳብ ሎሚ ኣብ ትግባረ ክውዕል ኣይከኣለን።

ካብተን ጸብጻባተን ኣቕሪበን ዘለዋ ልዕሊ 250 ሰራሕተኛታት ዘለወን ትካላት ብሪጣንያ፡ መብዛሕትአን ንደቂ ኣንስትዮ ትሑት ደሞዝ ከም ዝኸፍላ ተኣሚነን ኣለዋ። ራያን ኤየር ዝተባህለ መንገዲ ኣየር ንደቂ-ተባዕትዮ ዝኸፍሎ ደሞዝ ብ70 ሚእታዊት ካብ ናይ ደቀንስትዮ ዝበዝሐ ኩይኑ፡ ባርክለይ ዝተባህለ ንግዳዊ ባንክ ኸኣ ማሃያ ደቀንስትዮ ካብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ብፍርቂ ከም ዝጎደል ኣረዲኡ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ገነት | 5/4/2018 | ጎደና ኣፍዓበት፡ ቁ.209፡ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ | 125154 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services